


# ቀሺ ማርቆስ ግርማይ

## -ዛንታ ህይወት *1859-1924*

ብ ቀሺ ኣልኣዛር መንግስቱ





*1. ናይ የትሉንዳ ቤት ክርስትያን፡ ስእሊ፣ ላርሽ ታኒንግ፡ አረብሩ። 2. ጽዋእ ቀሺ ማርቆስ፣ ሕሙማት፡ አረገውቲ ደቂ ማሕበር፡ ወዘተ… ክበጽሑ ከሎዉ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘዘውትርዎ ዚነበሩ ንብረት። ተወናኒ፣ ዘመድ እመቤት ረጊና፡ መም አሪክ ሃልዴን፡ የንሸፒንግ (ካብ ኣቦኡ፣ ፓስቶር ማርቲን ሃልዴን፡ ወዲ ሓብተን ንእመቤት ረጊና'ውን ባርናስ ቀሺ ማርቆስ ወረሰ)። ስእሊ፣ እመቤት ቢርጊታ ሃልዴን።*


© **Alazar Menghestu** © **ኣልኣዛር መንግስቱ**



January/**ጥሪ** 2017

© IBEX African Books & Sounds

Omslagsbild:familjebild,E.Halldén

**Omslag**- grafic፡ Samuel Goitom, samuelgoitom@hotmail.com och Ogbai Tewolde, Stockholm

**Layout**: Helen Luca, Örebro

**Tryck**: DotGain AB, Malmö och Litauen 2017

www.dotgain.se

**ISBN** 978-91-633-8036-5

**Utigvare**: IBEX African Books & Sounds

www.ibexbook.com



Alazar Menghestu, Tornfalkgatan 23,

703 49 Örebro, tel +4670 573 16 33

Alazar.menghestu@yahoo.com

# ዛንታ ህይወት ቀሺ ማርቆስ ግርማይ 1859-1924

ብ

## ቀሺ ኣልኣዛር መንግስቱ

Ibex African books & Sound

2017



# መእተዊ

ቀሺ ማርቆስ ግርማይ ኣብ ትሕቲ ወንጌላዊት ሚስዮን
ሽወደን ኤርትራ ከገልግሉ ጸኒሖም፡ ብድሕሪኡ፣ ሓደ
ካብቶም ቀዳሞት ኣገልገልቲ ሉተራዊት ሚስዮን ሽወደን
ኤርትራ፥ ቤት ክርስትያን ደቀ-ባት ኣብ ኤርትራ ንኽትም-
ስረት እምኒ መሰረት ዘቐመጡ ከም ዚነበሩ፡ ኣብቲ፣
*ሕብረት ስራሕ ደቀባት ኤርትራን ሽወደንን፡ 1911-193
(ካልኣይ ሕታም 2008)፥* ዚብል መጽሓፍ፡ ተላሊናዮም
ጸኒሕና ኣሎና።

ኣብ ላዕሊ እተሰምየ መጽሓፍ ንካልኣይ ጊዜ ንኽሕ
ተም ኣንቢቦም ቋንቋ ዘመሓየሹ፣ ቀሺ ፍጹም ናትናኤል፡
ስቶኮልም፡ ዘለዉዎ፣ ቀሺ ማርቆስ ናይ በይኖም መጽሓፍ
እንተ ዚወሃቦም፡ ዚብል፡ ዘይተሓስበ ኣገዳሲ ሓሳብን ምዕ
ዶን ዘቕርቡ እናበዝሑ ስለ ዝኸዱ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ፣
እንሆ ዚቐረበ ሓሳብ፡ ጽቡቕን ኣድላይን ኮይኑ ስለ እተረ
ኽበ፡ መፈጸምትኡ ኣብ ምርኣይ በጺሑ ኣሎ።

ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ መጽሓፍ ሚስዮን ኮነ ቤት ክርስ
ትያን ክጽሓፍ፡ ደራሲ፣ ጥረ ጽሑፋት ኣብ ምንዳይ ኣብ
ዚነበረሉ ጊዜ፡ ዶ/ር በረኸት የዕብዮ፡ ንቀሺ ማርቆስ ጓል
ዮሃንስ ሓዎም: ዚወለደቶ፣ ዕለት ዘየብላ፡ ብኢድ እተጻሕ
ፈት፡ ገለ 20 ገጽ ዚሓዘት ጥራዝ፣ ቀሺ ማርቆስ ኣብ መወ
ዳእታ ዕለተ-ህይወቶም ዚጸሓፍዋ ኢልና እንጥርጥራ፡ ክት
ሕተም ዚደለይዋ'ውን ትኸውን፡ ካብ ሽወደን ናብ ትግርኛ
ክንትርጎም ከላ፤ *"ጥፉእ፡ ጋሻ፡ ብልሹዊ፡ ጓና ሓበሻ፥ ኣም
ላኽ ከመይ ጌሩ ናብ ሽወደናውያን ከም ዚመ-ርሓኒ"፡* ዚብ
ል፡ ኣርእስቲ ዚሓዘት፡ ዶ/ር በረኸት ብወገኑ፡ ካብ፣ ወዲ
መራሒ ሚስዮን ቤቨ፡ መምህር ሱነ ስቬንሶን፡ እተቐበላ

እሞ፣ ብእምንቶ፡ ንኽጥቀመላ ኣብ ኢደይ ዚሃበኒ፡ ኣገዳሲት መሰረት ጽሑፍ፡ ክጥቀም ግሩም ዕድል ኰነኒ።

ቀሺ ማርቆስ፡ ብብዙሕ ነገራት፣ ዋላ'ኳ መሬት ጸጊኦም፡ ሓሪሾም፡ ናይ ፍልጠት ፍረ ኣብ ሃገሮም ክዝራእ፡ መገዲ ህዝቢ መብራህቲ ፍልጠት ክዝርገሕ፡ ቅድም፣ ንበይኖም፡ ድሓር ምስ በዓልቲ ቤቶም፡ እመቤት ረጊና፡ ብዙሕ ብምጽዓሮም፡ ክዝከሩ ዚግብኦም፣ ሓባር መገዲ ዚኾኑ ኤርትራዊ ኣቦና፡ እዮም።

እቲ ዚጽንሓና ዛንታ ቀሺ ማርቆስ፣ ጭርምራም፡ ኣእዛንና ካብ ሰባት ኪሰምዕኦ ዚጸንሓ፡ ዘይምሉእ ዚነበረ ይኹን እምበኣር፡ እቶም ስሞም ክልዓል ዘይሰምዑ ኤርትራውያን ቁጽሮም ሒዶት ኣይኮነን። ጻዕሪ ኮነ ዕላማ ደራሲ እምበኣር፡ ንኣንባቢ፣ ጥሙር፡ ክዉን፡ ጽሑፍ ዚምስክረሉ፡ እተረጋገጸ ዛንታ ህይወት ኣብ ጽሑፍ ምስፋር እዩ። ከምዚ ኪኸውን ከሎ፣ ዚነበርዎ ዘመን፡ ሽዑ ዚነበረ ፖለቲካዊ ኮነ መንፈሳዊ ሕቶታት፡ ሕብረተ ሰብ፡ መዓልታዊ ናብራ፡ ንወዲ ሰብ ኣብ ህይወቱ ዚጓነፎ ሓጐስ፡ ጓሂ፡ ከተልዕል፡ ንሰብ፣ ሰብ፡ ዚገብሮ ድማ፡ እቲ ዙርያኡ ስለ ዚኾነ፡ ነዚ ኹሉ ምትንካፍ'ውን ናይ ግድን እዩ። ግዳስ፡ እቲ ሃሰስ ኢልካ እትረኽቦ ዛንታ ህይወት ወዲ ሳብ፣ ሓዲሽ ፍልጠት፡ ንቤተ-ሰብ ዘሰምብድ፡ ዘይተጸበኻዮ ፍልጠት ከኣ ከቕርብ ስለ ዝኽእል፡ እቲ ዝቕርብ ሓዲሽ ስእለ-ሰብ፡ ምስቲ እቶም ቀረባ ቤተ-ሰበ ዘጽንሕዎ ስእሊ፡ ክጋጮ፡ ናይ ግድን ይኸውን።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣቦና ቀሺ ማርቆስ፣ ኰርዓት ኤርትራ፡ ሕጂ'ውን እንተ ኾነ፡ ብብዙሕ ጽቡቕ ነገራት መምህርና ምኳኖም፡ ክርሳዕ የብሉን። ኣብ መወዳእታ፣ ነቶም ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ምጽሓፉን ምሕታማን ዝሓገዙ፡ ሓሳባቶም ዘቕረቡ፡ ዘንበቡ፡ ኣብ ስራሕ ዘተባብዑ፡ ስሞም ከይረኛሕኩ፡ ናይ ልበይ ምስጋና ከየቕረብኩሎም ክሓልፍ ኣይደልን።



# ትሕዝቶ


መእተዊ.......................................................1

**ቀዳማይ ምዕራፍ፡** ዛንታ ህይወት ዘኽታም ቈልዓ፡ ሕልሚ፡ ፍጻመ.......................................................4

**ካልኣይ ምዕራፍ፡** ተምሃራይ ኣብ ሃገር ሽወደን.......21

**ሳልሳይ ምዕራፍ፡** ጊዜ ምምላስ፡ ጸገምን ዓወትን........29

**ራብዓይ ምዕራፍ፡** ምክሳስ፡ ሓዲሽ ስጕምቲ.............63

**ሓሙሻይ ምዕራፍ፡** ቀሺ ማርቆስ፡ እመቤት ረጊና፡ ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎት ሽ.ሉ.ሚ. 1911-1922..................80

**ሻዱሻይ ምዕራፍ፡** ሓዲስ ምዕራፍ፡ ሓዲሽ ኣገልግሎት፡ ስሞኢት ናጽነት............................................. 90

**ሻቡዓይ ምዕራፍ፡** ሓጐስ፡ ቀዳማይ ምህርቲ............100

**ሻሙናይ ምዕራፍ፡** ውግእ ዓለም፡ ሳዕቤን..............106

**ታሽዓይ ምዕራፍ፡** ድኻም፡ መደብ ጥሮታ...........121

**ዓስራይ ምዕራፍ፡** ሕማም፡ ሞት........................135

**መደምደምታ**.......................................................141

እመቤት ረጊና፡.......................................................146

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## ዛንታ ህይወት ዘኽታም፡ ፍጹም ሕልሚ

ቀሺ ማርቆስ ግርማይ ብኢድ እሞ ብቛንቛ ሽወደን እተጻሕፈ፡ ዘይተሓትመ፡ ዚገደፉልና ሓጺር ናቶም ዛንታ ህይወት ኣሎ። ከምቲ ዘዘንትውዎ፣ ኣብ ኳዜን፡ ሓማሴን፡ ካብ ገዛ ደበሳይ ተወልዱ። እንዳ ኣቦይ ደበሳይ ጸኒሖም ናብ ጸዕዳ ክርስትያን ገዓዙ። ጸዕዳ ክርስትያን ምስተን ዓበይቲ ጎረባብቲ ዓድታት፣ ሃዘጋን ጸዓዘጋን፡ እትዋዳደር ዓዲ ከም ዚነበረት ድማ፡ የዘንትዉ።

ቀጺሎም ከም ዚብልዎ፡ ደበሳይ ምስቲ፣ ሓያል ምስሌነ ጸዕዳ ክርስትያን፡ ክሰርሕ ተቖጽረ። ወዲ ወዱ ንደበሳይ፡ ገብረ ማርያም እተባህለ፡ ወዲ ወለደ። እዚ፡ መዓርግ ክህነት ወሲዱ፡ ከም፣ ቀሺ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤት ክርስትያን ጎዳይፍ፡ ኣብኡ ተቐመጠ። ጸኒሑ፡ ብሓደ ምስሌነ ተቖጽረ። እዚ ካህን'ዚ ሓሙሽተ ኣወዳት ወለደ። ንሓደ ካብኣቶም፣ ዓርከ፡ ኢሉ ጸውዮ። ዓርከ ኣቦሓጎ ቀሺ ማርቆስ ይኸውን ኣሎ። 1836 ዓ.ም.ፈ. ዓርከ ኣብ ዚነበሮ ዓዲ



ወዲ ወለደ፣ ግርማይ፡ ኢሉ ድማ ጸውዮ። ከምቲ ዚዝንተወልና፣ ግርማይ፡ ዕድመ ከይጸገበ ብሓደጋ ሞተ።

ማርቆስ ግርማይ ብ29 መስከረም 1859 ዓ.ም.ፈ.ከም ተወልዱ ይዛረብሉ (ናይ ትውልዶም ዕለት 25 መጋቢት 1862 ከም ዚኾነ'ውን ንረክብ፡ ግን፣ ነዚ ካልኣይ ምርጫ ገዲፍና፡ ነቲ ባዕሎም ዚገደፉልና ቀዳማይ ሓበሬታ፡ ክንስዕብ ኢና)። ኣዲኦም፣ ንጽሃ፡ ኣቦኦም ካብ ጎዳይፍ ዘእተውወን ካልኣይቲ በዓልቲ ሓዳሮም ነበራ። ወድን ጓልን ምስ ወለዱለን ግና ካብኦን ተፋትሑ።

ቀሺ ማርቆስ ንጊዜ ቍልዕነቶም እዋን ድኽነትን ጓህን፡ ከም ዚነበረ፡ ይዝክርዎ፡ ቀጺሎም የዘንትዉ፤

> /.../ ወለደይ ብንእሽቶይ ከሎኹ ስለ እተፋትሑ፡ እቲ ሓዳሮም ፋሕፋሕ ኢሉ ኸም ዚነበረ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካብቲ ጊዜ እቲ ዚዝክሮ እሞ ዘሐጕስ ነገር የብለይን።
>
> እቲ ናብራ፡ ውዒሊ ሓዲሩ፡ ነደይ እናበርትዓ ከደ፡ ክሳብ ተብልዓና እትስእነሉ ጊዜ'ውን ነበረ። ሓደ መዓልቲ፣ ሓብተይን ኣነን፡ ኣብ መሬት ኮፍ ኢልና እናተጻወትና ከሎና፡ ሓብተይ ክልተ ጊዜ ዚኸውን ኣብ ቅድመይ ተዓልያ ወደቐት፡ ብምኽንያት ረስኒ ኸኣ ብኡ ንብኡ ሞተት። ኣደይ'ውን ብድሕሪኡ፡ ነዊሕ ከይጸንሔት፣ ብጓህን በቲ ዚነበራ ድኻምን ይኸውን፡ ብሞት ተፈልየትኒ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ሞታ፣ ካብ ረስኒ እተላዕለ ከም ዚነበረ፡ ይግመት።

ሃንደበታዊ ሞት ሓብቶምን ኣዲኦምን፣ ተመኵሮ ሞት፡
ዓሚቕ ስምዒት፡ ነፍሳዊ ጉድኣት፡ ጽምዋ፡ ኣብ ህይወቶም
ከም ዚሰረጸሎም የዘንትው፤

ንህይወተይ መከራ ኣብ ልዕሊ መከራ ተወሰኾ።
ኣብታ ዕሸል ቍልዕነት ነፍሰይ፡ ክሕከኽ ዘይከ
ኣል፣ ዓሚቕ ቁስሊ፡ ሰረጸለይ። ቁልዕነተይ ብኣሂ
ዚመልኤ ስለ ዚነበረ፡ ተመሊሽካ ብሓጐስ ዚዝከር
ኣይኰነን። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ብምኽንያት፣ ጓሂታ
ትን ሽግራትን፡ እተላዕለ፡ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ፡
ብጠባየይ እንተ መጻእካ፡ ከም፤ "ኣረጊት ሕጻን፡
ነበርኩ"።

ድሕሪ ሞት ኣዲኦም ብኣኩኦም ተኣልዩ። ስርዓት ቀብሪ
ሓብቶምን ኣዲኦምን ኣብ ሓንጎሎም ተሰርጸ። ዘይርሳዕ
መዘከርታ ኰይኑ ኸኣ ኣብ ሓሳቦም ሰፈረ። ከምዚ ኢሎም
ኸኣ ይገልጽዎ፤

ንእሽቶይ ከሎኹ ጀሚረ፡ ብዛዕባ ንብረት መከራ፡
ሞት፡ ሰማይ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዘለኣለም ህይ
ወት፡ ክሓስብን ከስተንትንን ጀመርኩ። ኣደይ
ምስ ሞተት፣ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስት
ያን፡ ጽቡቕ ልብስታት ለቢሶም፡ ናብ መቓብር
ወሲዶም፣ ብኽብሪ ዚመልአ ኣጋባብ ክቐብርዋ
ከሎው ምስ ርኤኹ፡ እዚ ኹሉ፣ ኣብ ሓሳበይ ዘይ
ርሳዕ ስምዒት ኣሕደረለይ። እዝን ከምዝን ዚኣም
ሰለ ተደሚሩ፡ ናይ ምስትንታንን ቀዘዝተኛን
ባህሪ፡ ተመራማሪ ዚኾነ ጠባይ፡ ፈጠረለይ፡ ካብኡ



ጀሚሩ፡ እዚ ኹሉ፣ ምልክት ጠባየይ ኰይኑ ተረ
ኽበ።

ሃንደበታዊ ሞት ሓብቶምን ኣዲኦምን ዚዝክርዎ ቀብሪ
ኣዲኦም፡ እቲ ሽዑ ዘሕደረሎም ስምዒትን፡ እዚ ኹሉ ተጠ
ቓሊሉ፡ ኣብ ሓሳቦም ናብ ከመይ ዚኣምሰለ ስራሕ ከድህቡ
ከም ዘለዎም፡ ከምኡ እውን፣ ሓዲሽ ርእይቶ ዓለም፡ ኣብ
ዕሸል ህይወቶም ከም ዚሰርጸሎም ኰነ። ቀጺሎም ክሕብሩ
ከሎዉ፤

እቲ ናይ መገዲ ትምህርቲ ክህነት ክወስድ ዚገበ
ረኒ እዚ እዩ። ነደይ ኣብ ሰማይ ክረኽባ ዘኽእለኒ
መገዲ፡ ናይ ክህነት ትምህርቲ እንተ ተመሃርኩን
ንዝመጽእ ጊዜ ኸኣ ከም ቀሺ መጠን እንተ ኣገል
ገልኩን እዩ፡ ዚብል ሓሳብ፡ ኣሕደረልይ።
እኳ ኣብ ዚስዕብ ህይወተይ በብዓይነቱ ተመ
ኵሮ እንተ ተጓነፈኒ፡ እታ ኣውራ ዓሚቕ ሓሳብ
ኣብ ልበይን ሓሳበይን ክትሰረጸለይ ዚኽኣለት
ምስጢራዊት ነገር፡ እዛ ኣብ ላዕሊ ዚጠቐስኩዋ
እያ (እታ፤ "ምስጢራዊት"፡ እትብሃል ዘላ፡ ሓደ
መዓልቲ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሽወደን፡ ኣብ፣
ከተማ ኡፕሳላ፡ ተፈጸመት)።

ኣብ ዝስዕብ ዛንታ ህይወቶም፣ ድሕሪ ሞት ኣዲኦም፡ ኣቦ፡
ወዶም ክወስዱ ከም ዚመጹ፡ ብድሕሪኡ፡ ኣቦን ወድን ተተ
ሓሒዞም ናብ ዓዶም፡ ኳዜን፡ ከም እተመልሱ፡ ንግንዘብ።
ከምቲ ዚጽሕፍዎ፤ "ካሳ እተባህለ፡ ደጃች ትግራይ፡ ንሓማ
ሴን ወሪሩ፡ ብዘይ ንሕስያ ሃገር ዘሪፉ፡ ብሓዊ ዘባርዓሉ
ጊዜ"፡ መጹ። ሽዑ ኣቦን ወድን፡ ህይወቶም ከድሕኑ፡ ዓዶም

ገዲፎም ክሃድሙ ተገደዱ። ከምቲ ዘመልክትዎ ኸኣ፣ ደጃች ካሳ ("ከይሲ"፡ ማለት፣ ግብረ እከይ)፡ 6000 ዚግመቱ ወተሃደራት ኣኸቲሉ፡ ንሓማሴን፡ ኣብ እዋን ቀውዒ ወረራ።

ኣቦን ወድን ኣበይ ከም ዚዕቈቡ ጠፍኦም። ግን፣ ስንቆም ቆጺሮም ናብ ባሕሪ ገጾም፡ ተገምገሙ። "ጎቦታት ሕልፍ ምስ በልና፡ ደው በልና"። - መደቦም፣ ወትሃደራት ካሳ ብጎኒ ገዲፎም መገዱም ናብ ኢትዮጵያ ገጾም ከቕንዑ ወይ ናብ ባሕሪ ከንቆልቁሉ፡ ነበረ። "ሽዑ ኣቦይ፤

> ዓይንኻ ሽፍን፡ በሉኒ። 4 ጊዜ ዕንጨይቲ ምስ ኣውደቑ፡ ከምቲ ጸኒሐ ዚሰማዕክዎ፣ ኣርባዕተ ሳዕ ናብ ባጽዕ (ምጽዋዕ) ገጸን ኣመልከታ፡ ሽዑ፣ መገድና ናብኡ ገጽና፡ ኣቕናዕና።

ምጽዋዕ በቲ ጊዜ'ቲ ከመይ ዚኣምሰለት ከተማ፡ ተቐማጦኣ፡ ብመን ትግዛእ ከም ዚነበረት ከይገደፉ፡ ዝርዝር ይህቡ። ካብቶም ናይ ሽዑ ተቐማጦኣ፤ "ኣርመናውያን"፡ ዚበልዎም ዓሌት ህዝቢ፡ ይሮቐሑ። ምስ ሓደ ብዓል ድኳን፣ ከም ተለኣኺ ተቖጺሮም፡ ክሰርሑ ጀመሩ። ቀሺ ማርቆስ "ኣቦይ እዮም ሓቲቶም ስራሕ ረኺቦሙለይ። ብሃይማኖቱ፡ ካብ፣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ፡ ስለ ዚነበረ ኸኣ እዮም፡ ነቲ ሰብ'ቲ ዚመረጹ"፡ ይብሉ። ሳላ እቲ ዚረኸብዎ ናይ ስራሕ ስፍራ ኸኣ፤ "ምስ እንግሊዛውያን"፡ ደቀ ኣንስትዮ ኰነ ደቂ ተባዕትዮ ኽላለዩ፡ ዕድል ሃቦም።

- "እንግሊዛውያን"፡ እተጸወዑ፣ ልኡኻት ሽወደናዊት ወንጌላዊት ሚስዮን (ሽ.ወ.ሚ.)፡ ካብኣቶም፡ ከም፣ ተሓዝ



ገንዘብ ሽ.ወ.ሚ.፣ ቪልሀልም ኣልበሪ (ልኡኽ 1869-1873)፥ ብዓልቲ ቤቱ ንቀሺ. ኤግሉንድ፡ ዚነበሩ እዮም (ቀሺ ኤግሉኑንድ ንዓዶም ምስ ተመልሱ፡ ኣብ ትሕቲ ቤተ-ክርስትያን ሽወደን ኣገልገሉ። 1903 ቀሺ ማርቆስ ኣብ ሃገር ሽወደን ኣብ ዚነበርሉ ጊዜ፡ ክሳዕ ናብቲ ዚነበርዎ ዓዲ ከይዶም ከም ዚበጽሕዎም፡ ሓበሬታ ንረክብ)። ከም ቀጻሊ፣ በዓልቲ ቤቱ ንቀሺ ሉንዳል (መራሒ ወንጌላዊት ሚስዮን ኤርትራ፡ እቲ ቀዳማይ ቤት ትምህርቲ ኣወዳት ኣብ ምጽዋዕ ዚኸፈተ ሚስዮናዊ ወንጌላዊት ሚስዮን)፡ እዚኣቶም ካብተን ቀዳሞት ሽወደናውያን ንማርቆስ ግርማይ እተኳነፉዎምን ጸኒሖም ጽቡቕ ጌሮም እተላለይዎምን፡ ጸኒሕና ከኣ ክንላለዮምን ክንረኽቦምን ኢና።

ቀሺ ማርቆስ፡ ነቶም፤ "እንግሊዛውያን"፡ ኪብልዎም ዚጸንሑ፡ ብሕልፊ ነተን ደቀንስትዮ፣ ብሓጎስን ምስጋናን የልዕልወን። "መግረፍቲ መዓልታዊ መግበይ ነበረ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ በቲ ካብቲ ኣርመናዊ ዚረኸቦ ዚነበርኩ ብዙሕ መግረፍቲ"፤

> ቆርበት ዝባነይ ተቐሊጡ፡ ደም ክሳዕ ዚነትዕ ኰነ። ሓደ ጊዜ እተን እንግሊዛውያን፡ ከም ቀደመን፡ ሸቐጥ ክገብራ ኣብቲ ድንኳን ኣተዋ። በጋጣሚ ክዳን ዝባነይ ምስቲ ቆርበት ዝባነይ ተጣቢቑ ርእየን፤ ብድንጋጸ፣ ኣጆኻ፡ እናበላ፡ ኣብ ርእሰይ ጠብጠብ ኣበላኒ፡ ኢሎም፣ ካብ ዛንታ ህይወቶም፡ የካፍሉና።

ኣስዒቦም፡ ካብቲ ምስ፣ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን ዚረኸብዎ ርክብ፡ የዘንትዉ፤ "ኣቦይ፡ ትምህርቲ ወይ ስራሕ

ክመርጽ ዕድል ሃቡኒ። ናይ ምርጫ ዕድል ምስ ረኸብኩ፡ ንጊዜይ ምስቲ ኣርመናዊ ንመዋእል ኣብ ክንዲ ዘሕልፎ፣ ትምህርቲ፡ መረጽኩ"።

ከም እንርእዮ፡ እቲ ምስቲ ኣርመናዊ ምስራሕ፡ ንመን እሰይ ማርቆስ፣ ዘይተሓስበ ዕድል ከም ዚኸፈተሉ፡ ኢና፡ እንግንዘብ፡ ዘሎና። ምስኡ እናሰርሐ ከሎዉ ኸኣ፡ ሓደ መዓልቲ፡ ንሰራሕትኛ እቲ ኣርመናዊ፣ ኣብቲ ሸወደናዊት ወንጌላዊውት ሚስዮን (ሸ.ወ.ሚ.) እተካይዶ ዚነበረት፣ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ፡ ዚምሃር፣ ናብ ቤት ትምህርቱ ከሰንይዎ፡ ተፈቕደሎም። ናብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣተዉ (ሓደ ግድጊዳ ዚነበረ'ዩ)፡ ቅድሚኡ ርኤሞ ዘይፈልጡ፤


> ስእልታት ዛንታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ መንጎ ፈረንሳን ሃገር ጀርመንን እተኻየደ ውግእ፡ ዘርኢ፡ በብዓይነቱ መጽሔታት ወዘተ...፡ እታ ኻብ ኵሉ ከተደንቖኒ ዚኸኣለት ግን፣ እትዛረብ ሳጹን (ሙዚቃ ዚውቅዓላ)"፡ ርእየ፡ ተደነቕኩ።

"ቅድሚ ልደት ኢየ ናብቲ ቅድሚኡ ተሰሪሓ እተፈጸመት ቤት ትምህርቲ ዚመጻእኩ"፡ ክብሉ ስለ እንሰምዖም፡ ትምህርቶም፣ ኣብ መወዳእታ ናይ 1871 ዓ.ም.ፈ. ዚጀመሩ እዩ ዘመስል (ዛንታ ወ.ሸ.ሚ. እንከላይ፡ እታ ቤት ትምህርቲ ኣብቲ ዓመት እቲ ስርሓ ከም ዚጀመረት ይሕብር)። ድማ፡ መራሒ ሚስዮን፣ ፕሮፌሶር ኮልመዲን፡ ስራሕ ሚስዮን ክዕዘብ ብ1908/1909 ናብ ምብራቕ ኣፍሪቃ (ኢትዮጵያን ኤርትራን) ኣብ ዚበጽሕሉ ጊዜ፡ ንእግረ መገዱ፡ ነዛ



ከም፤ "ቦኾሪ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን"፡ እትፍለጥን እትሕ ሰብን፡ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ብኸምዚ ይገልጻ፣

> ንእሽቶ ህንጻ፡ ኣቦና ሉንዳል ዚሰርሓ ቤት ትምህርቲ፡ ክምህረላ ዚጀመረ፡ ኦነሲሙስ ድማ እተጠምቀላ።



*ቤት ትምህርቲ ቀሺ ሉንዳል*

ቤት ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነትሲ፣ ምስዮናውያን ምስ ሓደስቲ ሰዓብቶም፡ ንጸሎት ኣብዛ ህንጻ እዚኣ ክእከቡ ጀመሩ። ኦኖሲሞስ ነሲብ፡ ብነጋዶ ተታሒዙ፡ ክሸየጥ፡ ናብ ምጽዋዕ ዚመጸ ወዲ ጋላ (ኦሮሞ) እዩ። ኣብ ምጽዋዕ ዚረኣዮም ጸዓዱ ድማ፣ ተሻይጠም፡ ናጻ ኣውጺኦም፣ ክምሃር፡ ኣብዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ኣእተውዎ። ኦነሲሞስ፡ ጸኒሑ፡ ከም፣ ቀዳማይ ተምሃራይ ምጽዋዕ ሚስዮን፡ ትምህርቱ ክቕጽል፣ ንሃገር ሸወደን፡ ተላእከ። እተዋህቦ ትምህርቱ ወዲኡ፡ ካብ ሃገር ሸወደን ምስ ተመልሰ፡ መገዲ ወሰጋ ከሳብ ዚኸፈት፡ ኣብ ኣስመራ፡ ገዛ ከኒሻ፡ ተቐሚጡ፡ ምት

ርኻም መ.ቅ. ጀመረ። 1904 መገዲ ተኸፍተ፡ ስዑ፣ ንቑዳ ማይ ጊዜ ናብ ዓዱ ንምምላስ፡ ዕድል ረኺቡ፡ ነቲ ጀሚሩዎ ዚጸንሐ፣ ምትርጓም መጽሓፉ ቅዱስ ናብ ቋንቋ ኦሮሞ፡ ኣብ ዓዱ ቀጸሎን ፈጸሞን-።

ወዲ ኳዜን ትምህርቲ ጀመረ። ከይጸንሐ ኸኣ ኣብ ምቒጻር ፊደል በጽሐ፤ "ብሕልፊ፣ ቋንቋን ጆግራፊን፡ ቀሊል ኰይኑ፡ ረኺብኩዎ"።

ከምቲ ካብ "ኣቦና" ሉንዳን እንረኽቦ ጸብጻብ ትምህርቲ፡ ብጀካ ኣምሓርኛን ጆግራፊን፡ ከም ተወሳኺ፤ ቋንቋ ሽወደን፡ ቁጽሪ፡ ከምኡ'ውን መዝሙር ይውሃብ ነበረ። ካብቶም ፍሉጣት መምህራን፣ ሃለቃ ሃይሉ (ጸሓፋይ ሃጸይ ቴዎድሮስ ዚነበረ)፥ ኣቦና ሉንዳል ንባዕሎም፡ መምህር መጽሓፍ ቅዱስ፥ ድማ በዓልቲ ቤቶም፣ እመቤት ጉስታቫ፣ ቁጽሪ፡ ጂኦግራፊ፡ ቋንቋ ሽወደን፡ ዚምህሩ፡ ንረክብ።

መርኣዪ ዚኾነና፣ መደብ ትምህርቲ፡ ምስቲ ዚምርሕሉ ዚነበሩ ፍሉይ ሰዓታት ነቕርብ፣

06:30 ቅ.ቀ. ጸሎት፡ ብድሕሪኡ ቁርሲ ይስዕብ፡ - ቅጫ መሽላ፡ ተምሪ

08:00 ሰዓት ሃለቃ ሃይሉ

09:00 ቋንቋ ሽወደን

10-12 ብእመቤት ጉስታቫ ዚምራሕ ትምህርተ ጥበብ ኢድ - ንኣብነት፣ ስርሓት ጀናብል

12:00 ምሳሕ - ሩዝ፡ ዝውቱር ነበረ

13:00 ድ.ቀ. ሰዓት ሃለቃ ሃይሉ

16:30 ድ.ቀ. ሰዓት ኣቦና ሉንዳል ወዘተ... ብድሕሪኡ ጊዜ ድራር - ንኣብነት፤ "ገዓት"

20:00 ድ.ቀ. ጊዜ ዕረፍትን ድቃስን ይስዕብ።



ብጻይ ቀሺ ሉንዳል፣ ላገር፡ እተባህለ ሚስዮናዊ ብወገኑ'ውን፡ ነዚ ዝመሳሰል ቤት ትምህርቲ 1872 ኣብ ዐይላት (ማይ ውዑይ) ከፈተ።

እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን ዝኣቱ ተመሃራይ፣ ንቤት ትምህርቲ ዝኸፍለሉ፡ ኣብ ትምህርቱ ዘተባብዖ ሰብ ወይ ማሕበር ኣብ ሃገር ሽወደን ተደልዩ ክርከበሉ ናይ ግድነት ነበረ። ሓደ ተምሃራይ ሓገዝ ክረክብ ምስ ዝድለ፡ ናይ ምጽዋዕ መራሒ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን፣ ስም ተምሃራይ፡ ጾታ፡ ዕድመ፡ ትውልዲ፡ ሃይማኖት ከይተረፈ፡ ከም ሕዱር ተምሃራይ፡ እቲ ኣብ ዓመት፣ ንኽዳውንቲ፡ መግቢ፡ ወዘተ...፡ ዘውጽኦ ግምት ገንዘብ፡ ናብ ሃገር ሽወደን ይለኣኽ። ብድሕሪ'ዚ፣ ማሕበራት፡ ንምሳሌ፣ ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ፡ ውልቀ ሰባት፡ ወይ፣ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ዝሕግዙ ምስ ተረኽቡ፡ ናብቲ ኣብ ስቶኮልም ዚርከብ ዋና ቤት ጽሕፈት ሚስዮን፡ ሕቶን ምርጫን ሓበሬታን ይቐርብ። ብድሕሪኡ፡ እቲ ክሕግዝ ዝደሊ ውልቀ ሰብ፡ ስድራ ቤት ወይ ማሕበር፡ ወዘተ...፣ ፍቓዱን ምርጫኡን የረጋግጽ፣ ስም ናይቲ ክሕግዞ ዚመረጾ ተመሃራይ፡ ስም ሓጋዚ ምስ ኣድራሻኡ፡ ብቤት ጽሕፈት ሚስዮን ናብ፣ ምጽዋዕ ወይ ዐይላት፡ ይመሓላለፍ።

ንተምሃራይ ማርቆስ፣ ኣንስጋሪ፡ እተባህለት፡ ማሕበር (ማሕበር ኣንጻር ኣልኮሆላዊ መስተን ስኽራንን)፡ ክፍሊ ኣውራጃ ኣረብሩ፡ ሽወደን፡ ሓላፍነቱ ወሲዳ፡ ካብ፣ 1873 ክሳዕ 1883 ዓ.ም.ፈ.፡ ተኸፍለ።

ጀነራል ቻርለስ ጎርዶን፡ ገዛኢ ሱዳን ዚነበረ እንግሊዛዊ፣ ወ.ሽ. ሚስዮን መደበር እትሰርሓሉ መሬት ኣብ እምንኩሉ (ኣደ ኾሉ) ዓደላ። ሚስዮን ኣብዚ መደበር ሚስዮና

ዚኾና፣ ቤት ትምህርቲ፡ ሕክምና፡ ቤት ማሕተም፡ ወዘተ..፡ ሰርሐት። ኣብ መወዳእታ 1879 ከኣ፣ ቤት ትምህርቲ ምጽዋዕ፡ ናብቲ ናይ እምንኩሉ ሓዲሽ ቤት ትምህርቲ ገዓዘ፡ ኣብኡ ድማ ስርሑ ኣስፋሕፍሐ።- ሚስዮናውያን፡ ኣብዛ ሓዳስ መደበር ሚስዮን፡ ንቐዳማይ ጊዜ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ተኣኪቦም፡ ሓቢሮም፡ በዓል ልደት ከኽብሩ፡ ዕድል ረኺቡ-።

*ተምሃራይ ማርቆስ፡ ኣብዛ፣ "እካብ" ወይ "ኮምራ ሕጻ"፡ ዚጸውዕዋ፣ እምንኩሉ፡ ንነዊሕ እዋን ኣይጸንሐን። ሚስዮን ናብ እምንኩሉ ክትግዕዝ ከላ፡ ማርቆስ ግርማይ ድሮ ትም ህርቱ ወዲኡ፡ ኣብ ዚሰርሓሉ ዕድመ በጺሑ ኣሎ።*

ኣብ መንጎ ዓመታት 1879ን ፍርቂ ናይ 1881ን፡ ከም ሓጋዚ መምህር፡ ኣብቲ ናይ ገለብ መደበር ሚስዮን፡ ንሓ ጺር ጊዜ ንረኽቦም፡ ኣብኡ ድማ፣ ነቶም ናብ ሃገሮም ንዕ ረፍቲ ክኸዱ ኣብ ምብጋስ ዚነበሩ ሚስዮናዊ፡ ቀሺ ኡል ሶን ምስ ስድርኦም፡ ክሳዕ ሃገር ግብጺ ከሰንዩ፡ ተወሰነ። ማርቆስ ግርማይ ክሳዕ ግብጺ ክኸዱ ዘድለዮም፡ ምኽንያት ሕክምና ኢዩ። ዓንካር ዓንካሪት እግሮም ብእምኒ ተሃሪማ፡ ተጐዲኣ፡ ብዙሕ ስቓይ ከተምጽኣሎም ስለ ዚጸንሐት፡ ክሳብ ናብ ምቑራጽ እግሪ ተበጺሑ ነበረ። ኣብ ሃገር ግብጺ ንሓጺር ጊዜ ድሕሪ ምጽናሕ ግና፣ ከሳዊ ዚጸንሐ ቁስሊ ሓወየ።

ዛንታ ይህወቶም ይቕጽሉ፣

> ሓደ መዓልቲ፡ ናብቲ ናይ ኣለክሳንድርያ ቆንስል ሽወደን ክበጽሕ ከድኩ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩ፣ ብቐልጡፍ ናብ ገለብ ተመለስ፡ ዚብል፡ ትእዛዝ፡ ካብ 'ኣቦና' ሉንዳል ጸንሓኒ።



ሽዑ ንሽዑ ድማ፡ ብባቡር ቀላይ፣ ናብ ባጽዕ፡ ካብ ባጽዕ ድማ ናብ ገለብ፡ መገዶም ክቕጽሉ ናይ ግድን ኰነ። ገለብ ምስ ኣተዉ፣ ቅድሚኡ ርእዮሞ ዘይፈልጡ ሰብኣይ ኣብኡ ጸኒሑ፡ ተቐበሎም። ቃሎም ከነዘውትር "ንጕይታና ባሩን"፡ ናቱ ትርጁማን ኰይኖም፡ ኣብ መገሽኡ ከሰንይዎ ኢዩ ("ባሩን"፣ ራእሲ፡ መስፍን ወይ መኰንን)፡ ኢሎም፡ ዚጸውዕዎ፡ ከምቲ ጸኒሕና ኣብ መጽናዕቲ ዚረኸብናዮ፡ ቀንዲ ስሙ፣ ቪልሄልም ሺምፐር፡ ወዲ ጀርመን፡ ዘግነት ሃገር ወሲዱ፡ ካብ 1836 ኣብ ትግራይ እተቐመጠ፡ ሃዳና ይን እናተዘዋወረ ድማ መጽናዕቲ ዘካይድ ዚነበረ እዩ።

እዚ ዕድል እዚ ረኺቦም፣ "ንጐይታና ባሩን"፡ ኣብቲ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዘካይዶ ዚነበረ መገሻ ሰዓቡዎ። ከምቲ ዛንትኦም ዚብሎ፣ ንኹሉ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ክሳዕ፣ ውሽጢ ሃገር ሱዳን -ከሰላ፡ ገዳርፍ፡ ካብኡ፡ ንምጽ ዋዕ ተመሊሾም፡ ክሳዕ ሃራር፡ ሃራርጌ፡ ኣብ መወዳእታ፣ ብፈለግ ናይል ጌሮም፣ ካይሮ፡ ኣለክሳንድሪያ፡ ኣተዉ። እዚ ኣቶም ኣብ ኣለክሳንድርያ ተፈላለዩ። እቲ ጀርመናዊ ናብ ሃገሩ ተመልሰ፡ መንእሰይ ማርቆስ ግርማይ ግን፡ ንበይኑ ኣብኡ ተረፈ። ቀሺ ማርቆስ ቀጺሎም የዘንትዉ፤

> መገሻና ምስ ወዳእና፡ ናብ ሃገር ጀርመን ክማል ኡኒ ተስፋ ኣትዮሙለይ ጸንሑ። ዝሳናበቱላ ሰዓት በጽሔት፡ ግን፡ ኣብ ክንድኡ፣ ዚኣክል ደሞዝ፡ ንእዶ ዘማልኣት ናይ ምስክር ወረቐት ሂቦም፡ ንበ ይነይ ገዲፎሙኒ ንዓዶም ተመልሱ።

ፖለቲካ ዅነታት ናይ እተፈላለይሉ ዓመት ክንሓስበሉ ከሎና፡ ከምቲ እንርድኦ፡ ኣብቲ፣ ግብጻውያን ኣንጻር ኤውሮጳውያን ዕግርግር ዘልዓልሉ ዓመት ይኸውን ኣሎ። ከም ዚስማዕ እንተኼኑ ኸኣ፡ ከምቲ ታሪኽ ዓለም ዚሕብሮ፡ እዚ፣ ብ1882 ዓ.ም.ፈ.፡ ይኸውን ኣሎ።

ኣብ ወደብ ኣለክሳንድርያ ንበይኖም ምስ ተደርበዩ፡ ስራሕ ክናድዩ ናይ ግድን ኰነ። ብዙሕ ጽምዋ'ውን ተሰምዖም፡ ኣብ ርእሲኡ'ውን፡ ዅሉ ትሕዝትኦም (ዝነበሮም ገንዘብ፡ ቅያር ክዳውንቲ ከይተረፈ) ተሰርቁ። ሓደ መዓልቲ፤


በጋጣሚ፡ ኣብቲ ወደብ ኣለክሳንድርያ ዘወር ክብል ከሎኹ፣ ባንዴራ ሽወደን እተሰቕላ መርከብ ርኤኹ። ናብኣ ገጸይ መገደይ ኣቕናዕኩ። ናብኣ ደይበ ድማ ምስቶም ዚተጓነፉኒ ሰራሕተኛታት እታ መርከብ ብኡ ንብኡ ብቛንቋ ሽወደን ኣብ ዝርርብ ኣቶኹ። ጸሊም መንእሰይ ቛንቋ ሃገሮም ኪዛረብ ሰሚዖም፡ ዚርኣዩኒ ዅሎም፡ ዝብሎ ክሰምዑ፣ ኣኸበቡኒ። ድሓር'ውን ሓደ ሰብ ካብታ መርከብ ተሓወሰና። ኣዛዚ መርከብ ምዃኑ ምስ ተረዳእኩ፡ ጭንቀይ፡ መን ምዃነይ፡ ማለት፣ ተምሃራይ ወ.ሽ.ሚ፡ ምጽዋዕ፡ ከም ዚኾንኩ፡ ንእኡ'ውን፡ ከም ብሓዲሽ ኣዘንተኹሉ። እቲ ኣዛዚ መርከብ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን ምምጽኤይ ሰሚዑ፡ ብታሕጓስ፣ ክሳዕ እታ ኣብ ወደብ ዝርከቡላ ዕለት፡ መዓልቲ- መዓልቲ እናመጻእኩ ክበጽሖም፡ ብዘይ ስኽፍታ ምስኦም ክምገብ ድማ ኣፍቀደለይ። ኣብ ርእሲኡ'ውን፡ ናብ ደሴት ማልጣ ገጾም ይጕዓዙ ስለ ዚነበሩ፡ ክማልኡኒ፡ ተስፋ ሃበኒ።



- እታ መርከብ ናብ ማልጣ ትማልኣዮም ወይ "ተስፋ" ጥራይ ኰይኑ ይትረፍ፡ ፍሉጥ ኣይኰነን፡ ብዚኾነ መገዲ ግን ናብ ሃገር ሽወደን በጽሑ። ነቲ ናይ ሽወደን ጕዕዝኦ ምስ ብኸመይ መገዲ ክቕጽልዎ ከኣሉ፧ ንዝብል ሕቶ፡ መልሲ ንምሃቡ ኣሸጋሪ እዩ። ባዕሎም ኣፋፉኖት ክህብሉ ከሎዉ ግን፣ ንኸልዕልዎን ክዝክርዎን ዚደልይዎ፣ ቀጻሊ ጕዕዞ፡ ከምዚይ ነበረ፡ ካብ ዚሃቡና ቃላት ንርዳእ፤

ድሕሪ ናይ ሸውዓተ ሰሙን እሞ ድማ ምስቲ ንኸተልዕሎ ዘሕፍር ጕዕዞ፡ ናብ ሃገር ፈተውተይ፡ በጻሕኩ።

"ዘሕፍር ጕዕዞ"፡ መበሊኡስ፡ እንታይ ኰን ይኸውን፧ እቲ ሕቶ ካብ ቀሺ ማርቆስ መልሲ ዚርከቦ ኣይኰነን። ግንከ፡ ንቤተ ሰቦም ሓቲትና ዚረኸብናዮ፡ ድማ ከምቲ እንሰምዮ፣ ካብ ደሴት ማልጣ ናብ ሃገር ሽወደን ምስ ሓንቲ ናይ ጀርመን ጕጅለ 'ሲርኩስ' ከም እተጓዕዙ፡ በቲ ዚሓለፍዎ ሃገራት ከኣ፤ "ሓበሻ ንኽትርእዩ፡ ናብ ሲርኩስ ምጹ"፡ ዚብል፡ ምልክታ ዕድመ ይዝርጋሕ ከም ዚነበረ፡ 'ዩ። ስለዚ፤ "ሓደ ካብቶም ዚስሕቡ ኣገደስቲ ምርኢት"፡ ከም ዚነበሩ፡ ይግሙት።



№

Af Hallsbergs Missionsförening

har Evang. Fosterlands Stiftelsens Expedition denna dag emottagit

Sextio Kr — öre

utgörande gåfvomedel till Utländska Mission för underhåll

för Markus

hvilket härmed tacksamt erkännes och skall redovisning ske i Hemlandsbladet № 4 för år 1875

under Strengnäs stift

Stockholm den 11 Mars 1875

Å Evangeliska Fosterlands Stiftelsens vägnar.

Kr. 60

Karl Aug. Andersson

E. Thermaenius

M. Ahlborg
Kassör

Adress: Hallsberg

ክፍሊት 1875፣ 60 ክሩና፡ ንተምሃራይ ማርቆስ ብወ.ሽ.ሚ. እተኸፍለ ሓገዝ።



## Förteckning på barnen i Massaua gossskola.

| | | Namn. | Födelseort. | Ålder. |
|---|---|---|---|---|
| 1. | Arwika missionsförening | Johannes | Galla | 16. |
| 2. | Askersunds miss.-fören. | Dabbala | Galla | 20. |
| 3. | Ressunds miss.-fören. | Natanael (= Hagena) | Kunama | 15. |
| 4. | Södra Helsinglands m.-f. | Paulus | Galla | 16. |
| 5. | Hallsbergs miss.-fören. | Markus | Abessinare | 16. |
| 6. | Östhammars miss.-fören. | Onesimus | Galla | 20. |
| 7. | Göteborgs miss.-fören. | Heilu | Abessinare | 23. |
| 8. | Löfångers miss.-fören. | Aman | Galla | 18. |
| 9. | Mo ångsågs-fören. | Okba Mikael | Abessinare | 13. |
| 10. | Böda miss.-fören. | Habta Mariam | d:o | 20. |
| 11. | Barnafören. i Karlskrona | Dabbala | Galla | 12. |
| 12. | Ett sällskap i Sundswall | Maro | Abessinare | 20. |
| 13. | Linköpings miss.-fören. | Keflei | d:o | 16. |
| 14. | Frök. Widerströms skola i Kalmar | Gebra Georgis | Abessinare | 8. |
| 15. | Luth. barnafören. i Göteborg | Ibsa | Galla | 12. |
| 16. | Alfta öre-miss.-fören. | Tesfa Georgis | Abessinare | 24. |
| 17. | Bollnäs miss.-fören. (3 barn) | Habta Georgis | d:o | 23. |
| 18. | Arbrå miss.-fören. | Berhane | d:o | 15. |
| 19. | Sunnemo, Elfsbacka och Ransäters fören. | Behel | Abessinare | 16. |
| 20. | Undernäs miss.-fören. | Kasa | Galla | 16. |
| 21. | Wäse miss.-fören. | Gebra Leul | Abessinare | 6. |
| 22. | Kyrkoh. Wallen (Jersö) | Kidano Mariam | d:o | 10. |
| 23. | Söderhamns miss.-fören. | Berhan | d:o | 13. |
| 24. | Gefle Lärarinne-fören. | Gebra Georgis | d:o | 11. |
| 25. | Gällersta ynglinga-fören. | Gebra Ab | d:o | 13. |
| 26. | Louise Lundholm, Gefle | Gabriel | d:o | 7. |
| 27. | Karlskrona Jungfru-fören. | Okba Gabriel | d:o | 6. |
| 28. | Torps miss.-fören. (Åfelt) | Gebra Maskal | d:o | 7. |
| 29. | Sundswalls fören. (Burman) | Heilu | d:o | 18. |
| 30. | Perukm. Lundberg och Fru Klasson | Habta Mariam | d:o | 7. |
| 31. | Östersunds miss.-fören. | Johannes | d:o | 5. |
| 32. | Sunne miss.-fören. (3 barn) | Woldo Johannes | d:o | 16. |
| 33. | Fjellstedtska skolan | Kidano Mariam | d:o | 9. |
| 34. | E. Rönblom Åhl (Dalarne) | Gebra Egsiabiher | d:o | 6. |


Massaua den 10 April 1878. B. P. Lundahl.

ተምሃሮ ምጽዋዕ፣ ብጸጋም፣ ሓጋዚ ማሕበር ወይ ቤተሰብ፥ የማናይ ዓምዲ፣ ስም ተምሃራይ ምስ ትውልዱ (ጋላ፡ ሓበሻ፡ ወዘተ...፡) ሃይማኖት፡ ዕድመ ይገልጽ። ማርቆስ ግርማይ ከም ቁጽሪ 6 ይርከብ። ጸብ ጸብ እተዋህበሉ ዕለት፣ ምጽዋዕ 10 ሚያዝያ 1878።

ወልዱ ሃይማኖት
ጋማቲስ
ሴሳር

ፈራጃ
ማሃረት

ኦኖሲሙስ
ማርቆስ
ኣብርሃኑ





# ካልኣይ ምዕራፍ

## ተምሃራይ ሃገር ሸወደን ይበጽሕ

ናብታ ሃንቀው ዚብልዋ ዚነበሩ ሃገር፣ ብየተቦሪ፡ ኣብ ምዕራብ ሃገር ሸወደን እትርከብ ዓባይ ወደብ፡ ኣተዉ። ብኸመይ ዚኣምሰለ ዓይነት ጕዕዞ ናብ ሃገር ሸወደን ከም ዚኣተዉ እኳ እንተ ዘየዘንተዉሉ፡ ኣብዛ ወደብ ምስ ኣዕሩኹ ሚስዮን ንምርኻብ ኣይሸገረን። እዚኣቶም ድማ ተቐቢሎም፡ ብኡንብኡ፣ ነቶም ሓላፍነት ወሲዶም ኣብ ምጽዋዕ ከምህርዎም ዚጸንሑ፣ሓንሲጋሪ እተባህለ ጕጅለ ማሕበር፡ ቅርንጫፍ ወረዳ አረብሩ፡ ምቕማጡ ከተማ ሃልስበሪ፤ "ወዱም"፡ ኣብ ዓዲ ሸወደን ከም ዚኣተው፡ ብመልእኽቲ ኣፍለጡ። እዚ 1882 ይኸውን ኣሎ።

መንእሰይ ማርቆስ፡ ከምቲ ዕላማ፡ ናብ ቦርማ፡ ከተማ ስቶኮልም፡ ወ.ሺ.ሚ. እተካይዶ ዚነበረት ቤት ትምህርቲ ሚስዮን፡ ዮሃነሉንድ፡ ሓሳቦም ኣቕንዑ። ኣእጋሮም ናብ ዮሃነሉንድ ቅድሚ ምብጽሖን ግን፡ ኣብ መንጎ የተቦርን ስቶኮልምን እትርከብ፣ ማርየስታድ፡ እተባህለት ከተማ፡ ኣሳጊሾም፡ ኣብዚኣ ንሓደ ክልተ ፍርቂ ዓመት ጸኒሖም፡ ዚጎደሎም ትምህርቲ ከማልኡ፡ ተመደበ። ከምቲ ጽሒፎም ዚገደፉልና እሞ፡ ባዕሎም ድማ ዚብልዎ፤ "ምስ ሓንቲ ግሩም

ዚኾና፤ ኣደ ጸለምቲ'፡ ዝጽውዕወን ኣደ እናተቐመጡ፡ ትምህርቶም፡ ድማ፣ "ብኣቶ ፓ"፡ ዚብልዎ፡ ብዓል ከተማ ፉህ፡ ተኸፍለሎም (ምሉእ ስም ናይ እተን ዘቐመጥኦም ሰበይቲ፡ ኣድራሻ፡ ምሉእ ስም ናይቲ ሰብኣይ፡ እንታይ ከም እተማህሩ፡ ኣብ ከተማ ማርየስታድ ንጊዜኦም ብኸመይ ከም ዘሕለፍዎ፡ ኣብዛ ከተማ፡ ብሓጺሩ፣ ኣብዚኣ ኣላጊሶም ትምህርቶም ከመሓይሹ ናይ መን ሓሳብን ሓላፍነትን ከም ዚነበረ፡ ሓቲትና፡ ሓበሬታ ኣይረኸብናን። ኣብ ክንድኡ ግን፣ ኣብቲ ኣካባቢ ዓመታት እቲ፡ ምሉእ ከተማ ሓዊ ከም ዚነደደ፡ ድማ ኣሰር ክህብ ዝኽል ዚነበረ እንግምቶ ብዙሕ መዛግብቲ ከተማ፡ መግቢ ሓዊ ኰይኑ ከም ዚተረፈ፡ ኣፍልጦ፡ ረኺብና)።

ካብ ብርዒ ቀሺ ማርቆስ እንረኽቦ ሓበሬታ ግን ኣሎ። ከምቲ ዚብልዎ፡ እቲ ኣብ ላዕሊ ዘልዓልናዮ፡ እዚ ሰብ'ዚ፡ ማለት፣ ኣቶ "ፓን"፡ ኣምላኽ ንተምሃራይ ማርቆስ ኣብ እግረመገዶም ዘጽንሓሎም ብጻይ እምበር፡ ቅድሚኡ ርእየሞ ወይ ተላሊየሞሞ ዚጸንሖ ሰብ ኣይነበረን።

## ናብ ቤት ትምህርቲ፣ ዮሃንሉንድ፡ ስቶኮልም

ኣብ ከተማ ማርየስታድ (ኣብ መንጎ ርእሲ ከተማ ሽወደን ስቶኮልምን ወደብ የተቦርን)፣ ንሓደ ዓመትን ፈረቓን ጸኒሖም፡ ወይ ዚነበረ መደብ ድሕሪ ምስላጥ፣ ኣብቲ ትምህርቲ ዚኽፈተሉ እዋን፡ ኣብ መጀመርታ ቀውዒ 1884፡ ነቲ ሃንቀው ኪብልዎ ዚጸንሑ ትምህርቲ ክጅምሩ፣ ጕዕዞኦም ናብ ስቶኮልም፡ ኣቕንዑ። ኣብዚ ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዮሃ



ንሉንድ ድማ፡ ብሓልዮት ሽ.ወ.ሚ.፡ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርቲ ጀመሩ።

ከምቲ እንርድኦ፡ ማርቆስ ግርማይ፡ ብናቶም ድሌትን ጻዕርን እዮም ክሳብ ናብዚ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን'ዚ፣ ናብ ዮሃንሉንድ፡ ዚበጽሑ። በዚ መገዲ እዚ ኸኣ፡ ምስቶም ናብ ሃገር ሽወደን ብሓልዮት ሚስዮን ትምህርቶም ክቕጽሉ ቀቅድሚኦም ሓሊፎም ዚጸንሑ ብጸቶም፣ ተምሃሮ" ኣቦና ሉንዳል"፡ ምጽዋዕ፡ ቅድም፣ ኦነሲሞስ ነሲብ (ተምሃራይ 1876-1881)፡ ብድሕሪኡ፣ ሃይለ ሚካኤል ኪዳኑ (1881-1886)፡ ተወልደ መድህን ገብረ መድህን (1883-1887) ይስዕቡ። ነዚኣቶም፣ ማርቆስ ግርማይ ምስ ብጻዮም፣ ሃጌና ጂኮ (ናትናኤል) እተባህለ መንእሰይ ኩናማ (1884-1888) ተወሰኹዎም።

-ሚስዮን ንሃጌና ብትምህርቱ፣ በሊሕ፡ ንፉዕ መንእሰይ ከም ዚነበረ፡ ትምስክረሉ። ኣምሂራ፣ ከም ልኡኽ ወንጌል፡ ናብ ህዝቡን ሃገሩን ንኽትሰዶ፡ ብዙሕ ትጽቢትን እምነትን ኣብኡ ኣሕዲራ ጸኒሓ ነበረት። ከምቲ እተመነየቶ ግን ኣይኰነላን። ሃጌና ናትናኤል፡ ትምህርቱ ምስ ወድኦ፡ ብዘይተሓሰበ ሓሚሙ ሞተ። ኣብቲ ክፍሊ ቤት መቓብር ሽ.ወ.ሚ.፡ ኣብ ቤት መቓብር ቤተ ክርስትያን ቦርማ፡ ስቶኮልም፡ ምስ ካልኦት ፍሉጣት ልኡኻት ሚስዮን፡ ተቐቢሩ፡ ሚስዮን ከኣ ንመቓብሩ ክሳዕ ሕጂ ብሓልዮታን ልባዊ መዝነትን ትኣልዮ ኣላ።

ፕሮፌሶር ቀሺ ኣዶልፍ ኮልመዲን፡ ከም ሓላፊ ሚስዮንን መምህርን፡ ኣብ ዚስዕብ ክፍልና ጸኒሕና እንረኽቦ፡ ኣብ መንጎ መምህርን ተምሃሮን ዓሚቝ እምነትን ሓልዮ

ትን ከም ዚነበረ፡ ካብቲ ንሓድሕዶም ዚጸሓሓፍዎ ዚነበሩ መልእኽቲታት ጽቡቕ ሓበሬታ ንረክብ።

ማርቆስ ግርማይ፡ ጽድያ 1888 ኣብ ዮሃንሉንድ እተዋህቦም ትምህርቲ ወድኡ። ካብቲ ኣብ ዮሃንሉንድ ዚወሰድዎ ዓበይቲ ቋንቋታት፡ ብጀካ፣ ላቲን፣ ቋንቋ ጀርመን፡ እንግሊዝ፡ ተመዝጊቡ ንርኢ። ከም መመዛዘኒ ክንርእዮ ከሎና፡ ብጻዮም፣ ተወልደ መድህን ገብረ መድህን፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ላዕሊ እተሰምዩ ዓይነት ትምህርቲታት፣ ቋንቋ ላቲን፡ ከም መወሰኽታ ንረክብ።

ማርቆስ ግርማይ ኣብ ዝስዕብ ክፍልና፡ ትምህርቶም ክቕጽሉ፡ ካብ ስቶኮልም ናብ ኡፕሳላ፡ 55 ኪሎሜተር ርሒቓ እትርከብ ከተማ ገዓዙ።



*ሃይለ ሚካኤል ኪዳኑ፡ ተወልደ መድህን ገብረ መድህን፡ ማርቆስ ግርማይ፡ ናትናኤል ጂኮ (ዛንታ ሂይወት ሃይለ-ሚካኤል ኪዳኑ፡ ተወልደ መድህን ገብረ መድህን ከኒሻ (2011) ርኤ።*

## መደብ ትምህርቲ ኡፕሳላ

ቤት ትምህርቲ ሚስዮን፡ ዮሃንሉንድ፡ ክልተ መስመር (ዓይነት) ትምህርቲ ዚሓዘ ነበረ። እቲ ሓደ መስመር፣ ኣብ



ውሽጢ ሃገር ሽወደን ዘገልግሉ ሰበኽቲ ዝዳለውሉ፡ እቲ፣ ካልኣይ መስመር፡ ነቶም፡ ከም፣ ሚስዮናውያን ክለኣኹ እተመደቡ፡ የመልክት።

ዕላማ ናይ'ዚ ካልኣይ መስመር ትምህርቲ፡ ብኽምዚ ይገልጽ፤ "ዘጽግብ ትምህርቲ መለኮትን ዓለማዊ ፍልጠትን ዘቕምስ፡ ኺኸውን ዘሎዎ"፡ ኣርባዕተ ዓመት ዚወስድ ትምህርቲ እዩ። ማርቆስ ግርማይ ከኣ፡ ነዚ ኣብ ዮሃንሉንድ ዚወሃብ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርቲ ምስ ወድኡ፡ ናብ፣ መዓርግ ክህነት ወይ ቅሽነት ዘብጽሖም ትምህርቲ ክውስኹ፡ ናብ ከተማ ኡፕሳላ ይግዕዙ ኣሎዉ። (ደራሳይ፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኡፕሳላ ዝመሃረሉ ዚነበረ ጊዜ፡ እዚ ድሕሪ 84 ዓመት፡ ማለት፣1973 ዓ.ም.ፈ.፡ ምስ ሓደ ሽወደናዊ ብጻዩ ካብ ቤት ክርስትያን ንገዝኦም ክምለሱ ከሎዉ፡ ኣብ እግረ መገዶም፣ ሓንቲ ገዛ ክበጽሑ፡ ሒዝዎ ተኣልየ። እታ ገዛ፡ ከም ኣጋጣሚ፡ ማርቆስ ግርማይ ዚኣትውዋ ዚነበሩ፡ ቤት ሓደ ፕሮፌሶር መምህሮም ኮይና ተረኽበት)።

ማርቆስ ግርማይ ተወሳኺ ሰዓቢ ትምህርቲ ንኽወስዱ፡ መራሕቲ ሽ.ወ.ሚ. ፍቓድ መንግስቲ ሽወደን ክሓቱ፡ ናይግድን ነበረ። እቲ ትምህርቲ፤ "ኣብ ስራሕ ሚስዮን፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ዚውዕል"፡ ከም ዚነበረ ኸኣ መግለጺ ይህብሉ (ን'ተፈልየ ስራሕ፡ ማለት፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ንኽገልግሉ ዘብቅዖም ዘይኮነስ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ከገልግልሉ ዝኽእሉ)። እቲ ክወስድዎ ዚነበሮም ትምህርቲ በብዓይነቱ እሞ፡ ንዚጽበዮም ስራሕ ክህነት ዘመልክት፡ ከም፣ ተወሳኺ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዛንታን ሕጊ ቤት ክርስትያን፡ ትምህርተ መለኮት፡ ልምምድ ስራሕን ኣሰባብኻን፡ ወዘተ..፡ ዘጠቓለለ ነበረ። ነዚ ናይ ምድላው ትምህርቲ'ዚ ድሕሪ

ምውዳእ፡ ከምቲ ሕጊ ቤት ክርስትያን ሽወደን ዚእዝዞ፡ ብ31 ግንቦት 1889፡ ብብቕዓት ትምህርቶም ክምርመሩ፣ ኣብ ቅድሚ መራሕቲ ቤት ክርስትያን (*ሽማግለታት ዱም ካፒትለት)* ቀረቡ። (ኣቦ መንበር እቲ ኮሚቴ፣ ሊቀ ጳጳሳት ወይ ጳጳስ እዩ። ሕጹይ ስራሕ፡ ንዝቐረቦ ሕቶታት ኣጽጋቢ መልሲ ምስ ሃበን፡ ነቲ ዚጽበዮ መዝነት ብቑዕ ኮይኑ ምስ ተረኺበን ብድሕሪኡ፡ መዓርግ ክህነት ይወሃቦ)።

## ከም ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ ኣብ ኡፕሳላ ዓብዪ ቤት ክርስትያን መዓርግ ክህነት ይቕበል

መዓልታዊ ጋዜጣ ከተማ ኡፕሳላ (*ኡፕሳላ ንያ ቲድኒንግ*) ኣብቲ ብ3ይ ሰነ 1889 ዓ.ም.ፈ ዘሕተሞ ቑጽሪ፤ "ሎሚ ብጊሓት ኣብ ዓብዩ ቤት ክርስትያን ኡፕሳላ፡ ብኣቦና፣ ሊቀ ጳጳሳት (ቤት ክርስትያን ሽወደን፡ ኣንቶን ኒክላስ ሱንድበርግ) ስርዓት መዓርግ ክህነት ክፍጸም እዩ"፡ ዚብል፡ መዘኻኸሪ ምልክታ ሃበ። ቀጺሉ፤ "ሓደ ካብቶም መዓርግ ክህነት ዝወሰዱ፣ ሓበሻ መንእሰይ እዩ"፡ ኢሉ፡ ይሕብር። -እምበኣር፣ እቲ ካብ ቁልዕነቶም እሞ፡ ኣዲኦም ምስ ሞታ ጀሚሮም ክትምነይዎ ዚጸንሑ፣ መዓርግ ክህነት ክወስዱ፡ ምስ 12 ብጾቶም፡ ኣብ ቅድሚ መሰውያ ቤት ክርስትያን ንምቕራብ በቕዑ። ሓደ ካብቶም መምሃርቶም፣ ብወ.ሽ.ሚ. ናብ ሃገር ህንዲ እተመደበ ነርወጃዊ ነበረ። ዚተረፉ ሽወደናውያን ብጾቶም ግን፣ ኣብ በብዓይነተን ማሕበራት ዞባ ኡፕሳላ ከገልግሉ፡ ፋሕ በሉ።

ቀሺ ማርቆስ በቲ መዓልቲ እቲ ዚወሰድዎ ስጉምቲ፣ እቶም ኣብ ሃገር ሽወደን መዓርግ ክህነት እተቐበሉ፣ ቀዳ



ማይ ኣፍሪቃዊ፡ ከም ዚነበሩ፡ ይገብሮም ኣሎ። ዕስራ ዓመ
ት ጺኒሖ፡ መምሃርቶም ዚነበረ፡ ወዲ ንጉስ ደቡብ ኣፍሪቃ፡
ይስዕብ። ኣብ መበል ሰማንያን ሾብዓተን ዓመቱ ኸኣ፡ ደራ
ሲ እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ከም፣ ሳልሳይ ኣፍሪቃዊ፡ ኣብዛ
ኣብ ስካንድናቭያ ዚጸበቐትን ዚዓበየትን፣ ኣደ ቤተ ክርስ
ትያናት ሽወደን፡ መዓርግ ክህነት፡ ዚቕበሉላ ዕለት መጸት።



*መርኣዩ፣ ምርቓ ደራሲ፡ መዓልቲ ምራድ መ.ቅዱስ 1976፡ ኣብ ዓብዩ ቤት ክርስትያን ኡፕሳላ። ሊቀ ጳጳሳት ሃገር ሽወደን ኡሎፍ ሱንድቢ፡ ብጻዩ፣ ክለሪ ኒልሶን ምስ ሓገዝቱ፡ መዓርግ ክህነት እተዋህቦም፡ ካብ ቤት ክርስትያን ክወጹ ከለዉ። ደራሲ ገና ካብ ቤት ክርስትያን ኣይወጸን።*

## ምድላው ምምህርና

ድሕሪ መዓርግ ክህነት ምቕባል፡ ኣብ ዚነበርዎ ከተማ፣ ምድላው ምምህርና፡ ክወስዱ፡ ብመራሕቲ ሚስዮን ተመ

ደበ። - ዕላማ መራሕቲ ወ.ሽ.ሚ.፡ ቀሺ ማርቆስ ግርማይ፡ ኣብ ኤርትራ፣ መንእሰያት ወይ ወንጌላውያን ክምህሩን ክሰልጥኑን ኢዩ -። ነዚ ሓላፍነት እዚ ንኽወስዱ ዘብቅዑ ዖም፣ ኣብ ኡፕሳላ፡ ኣብቲ ናይ መሰልጠኒ መምህራን ንሓደ ዓመት (ክልተ ክፍሊ ዓመት) ተማህሩ።



*ስእሊ 1889 ዓ.ም.ፈ.። ጻዕዳ ህንጻ፡ ካብ 1869-1916 ከም ቤት ትምህርቲ መሰልጠኒ መምህራን ኣገልገለ። ከምቲ ክንርድኦ ዚኽእልና፡ ቀሺ ማርቆስ ኣብዚ ተማህሩ፥ ብድሕሪኡ እቲ መሰልጠኒ መምህራን፡ ካብ፣ 1937-2005፡ ትምህርቲ ሃይማኖት ዚወሃበሉ ቤት ትምህርቲ ኰነ።*

*1969 ደራሲ ትምህርቱ ኣብዚ ጀመረ። ኣብ ካልኣይ ደርቢ ንኢድየማን ዝርኤ ኣዳራሽ፣ 1974 ቀሺ ጉስታብ ኣሬን፡ ብዛዕባ መካነ የሱስ ቤት ክርስትያን ኢትዮጵያ፡ 1977 ድማ፣ ቀሺ እዝራ ገብረ መድህን፡ ናይ ዶክቶርነት መጽናዕቶም ኣብዚ ኣቕረቡ።*



# ሳልሳይ ምዕራፍ

## ጊዜ ምምላስ፡ - ጸገምን ዓወትን

ናብ ሃገሮም ዝምለሱላ መዓልትን ሰዓትን ኣተወት። ካብ ህዝቦምን ሃገሮምን፣ ዓሰርተ ዓመት ዚነውሕ፡ ተፈልዮም፡ ጸኒሖም ኣሎዉ። 21 መስከረም 1890 ዓ.ም.ፈ.፡ ምስቶም ናብ ኤርትራ ክፋነው እተቐረቡ፣ ቀሺ (ፓስቶር) ኒልስ ሂላንደር፡ ወ/ት ማርያ ሃለንዶርፍ፡ ድማ፣ ነርወጃዊት ወ/ት ሌና ሬንሳ (ምድባ፣ ሃገር ህንዲ)፡ ሓቢሮም፡ ኣብ በላሴሆልም ቤተ ክርስትያን (3000 መናብር ዝሕዝ፡ እቲ ኣብ ስቶኮልም ዚዓብየ ህንጻ)፡ ከም ሚስዮናዊ ክፍለዩ ቐረቡ። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ኸኣ፣

> ደወል ተደወለ፡ ቤት ክርስትያን ብደቂ ማሕበርን ፈተውትን መልአ። ጸሎት፤ "ጽኑዕ እምባ ኣምላኽና እዩ፡ ብርቱዕ መሳርያና"፡ ብዚብል፡ መዝሙር፡ ተጀመረ።

ሓለቓ ሚስዮን፡ ቀሺ ሞንተልዩስ፡ ካብ፣ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ 8፡31-32፡ ጠቒሶም፡ ንሕጹያት ሚስዮን ዚስዕብ ምዕዶታት ሃቡ፣

- ስራሕ ሚስዮን ዝሰርሑ እሞ፡ ምስ ኣምላኽ ቕኑዕ መገዲ ዝቐርብዎ፡ ኣብ ጸግኡ ኸኣ ዚምርኮሱ፡ ኣምላኽ ምስኦም ከም ዚኾኑ፡ ክርስዎ የብሎምን።
- ኣብ ማእከል ጸላእቲ ብእግዚኣብሄር ተቢዕካ ምስራሕ ጸጋ ከም ዘለዎ።
- ተመላሊስካ ኣብ ፈልፋሊ ማይ ጽምኣት መንፈስካ ምርዋይ ሓይልን በረኸት እግዚኣብሄርን ይርከቦ፡
- ኣብቲ ግሩም ስራሕ ሚስዮን ዝካፈሉ፡ ስለ ስም የሱስ ክርስቶስ ከኣ ዚሰርሑ፣ ሰናይ፡ ይረኽቡ። እቲ ስብከት፤ "ብቓልካ ንዘለኣለም ይነብር ዎ የሱስ፡ መንግስትኻ እውን ጽንዕቲ...ብቕንዕናን ሰላምን እተመስረተት ግሩም መንግስቲ"፡ ብዝብል መዝሙር ተጀሚሩ፡ ስርዓት ጸሎት ብሓጺር ምዕዶን ጸሎትን ተዛዘመ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ምስቶም ንዕረፍቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ዚጸንሑ፣ ቀሺ ኡላ መንሶንን፡ ወ/ሮ ኤልሲ ቪንክቪስትን፡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ጕዕዞ ጀመሩ። ጕዕዝኦም ብሃገር ጀርመን፡ ሽቬይዝ፡ ናብ ሃገር ጣልያን ኣቕንዐ። መደብ ተጐዓዝቲ ሃንቀውታ ዚመልአ እሞ፡ ብዘይ ዕንቅፋት፡ ናብ ዝኸድዎ ሃገር ምብጻሕ እኳ እንተ ነበረ፡ ዛንታ ኤርትራ ክንምልከት ከሎና፣ እቲ ጉዕዞ ብዙሕ ዕንቅፋት ዚመልአ ኰነ።

1888፡ 1889፡ ዓመት 1890 ዓ.ም.ፈ. ኤርትራ፣ ብጥሜት፡ ሕማም ሰብን ማልን፡ ደርቂ፡ ኣንበጣ፡ እተተጠቕዓትሉ ዓመታት ከም ዚነበረ፡ ዛንታ ይምስክረሉ።



መራሒ ወ.ሽ.ሚ.፣ ቀሺ ሞንተልዩስ፡ ስራሕ ክዕዘቡ ብ1889፡ ናብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ፡ ኣቕዲሞም ሓሊፎም ጸንሑ። "ኤርትራ ብሕማም፡ ጥሜት፡ ኣንበጣ፡ ሕማም ከብቲ፡ መሬት ከኣ ብባርኖስ (ሓሰኻ) ተጠቒዓ"፡ ኣብ ርእሲ እዚ ኹሉ፤ "ሕማም ተላገብ ኣሎ"፡ ዚብል፡ ጸብጻብ ኣቕረቡ። በዚ ምኽንያ'ዚ፡ እቶም ኣብ መገሻ ዚነበሩ ሚስዮናውያን፣ እቲ ሕማቕ ኵነታት ኤርትራ ዝግ ክሳዕ ዚብል፡ ምሉእ ወርሒ ዚኣክል፡ ጕዕዝኦም ኣብ መገዲ ኣሕለፍዎ።

እቲ ናብ ሃገሮምን ህዝቦምን ምምላስ እሞ፡ ድሕሪ እዚ ኹሉ ዓመታት፣ ንቀሺ ማርቆስ ግርማይ ከመይ ዚኣምሰለ ስምዒት ኮን ኣሕደረሎም፧ ልክዕ እዩ፡ መሬት ሃገሮም ምስ ረገጹ፣ ሓዲሽ ጸበባ ከይተጓነፎም፡ ድማ ናይ ሓጐስ ስምዒት ከየርኣዩ፡ ኣይተርፉን። ነዚ ሕውስዋስ ተመኵሮ ጸበባን ስምዒት ሓጐስን ኣብ ዚስዕብ ክፍልና ንኽንካፈሎ ናይ ግድን እዩ።

ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ እሞ ኣብቲ ካልኣይ ዓመቱ፡ ናብ ሃገር ሽወደን ዚርከቡ ፈተውቲ ሚስዮን፡ ብዛዕባ እቲ ኽጓነፎም ዚጀመረ መዓልታዊ ኵነታት ናብራ፡ ከምዚ ይጽሕፉ፤

> ብትዕግስቲ ክትቅበሎን ክትጸሮን እኳ ብቕኑዕ ሕልና እንተ ጸዓርካ፡ እቲ ገዲፍካዮ ዚጸናሕካ ጠባያትን ንብረትን፡ እንደገና ክዝከረካ፡ ከም ብሓዲሽ ንኽትለብሶን ክትለምዶን፡ ናይ ነዊሕ ጊዜ ጻዕሪ፡ የድልዮ።

እወ፡ እኳ፣ ነቲ ዘጓነፎም ብትዕግስቲ ክቕበልዎን ብወገኖም ድማ ክሰማምዕዎን እንተ ጸዓሩ፡ ብሕልፊ ኣብቲ መጀመ

ርታ ዓመታት፡ ዘይተጸበይዎ ፈተናታትን ቃልስን ዘየሕለፉ ኣይኰኑን። ካብቲ እነልዕሎ እሞ ክለምድዎ ዚነበሮም ጸገማት፣

- ምዝውታር ቋንቋ ኣዲኦም ኢዩ። ቋንቋ፡ ከም፣ መሳርሒ ክጥቀምሉ ምስ ጀመሩ፡ ጸገም ክፈጥረሎም ጀመረ።
- ዝቐመጥዎ ገዛ ኣይነበረን።
- ምንም እኳ ትምህርትን መዓርግን ሒዞም ናብ ሃገሮም እንተ ተመልሱ፣ ሓላፍነት፡ ደሞዝከ፡ ከምቲ ዚግብኦም ይወሃቦምዶ፧
- ናብ ናጻ ሃገር ዘይኰነትሲ፡ ናብ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ባዕዲ ዚኣተወት ሃገር፡ ብምምላሶም፡ እዚኸ ከመይ ዝኣምሰለ ዕንቅፋት ኣምጽአ፧

ነቲ እንረኽቦ መልስታት ጸኒሕና ኣብ ታሕቲ ዘርዚርና ከነልዕሎን ክነስተብህለሉን ኢና።

ጣልያን ብ1 ጥሪ 1890 ካብ ባጽዕን ከባቢኣን ናብ ሓማሴን ደይቦ ንኤርትራ ቀዳመይቲ ግዝኣቱ ገበራ። ቀሺ ማርቆስ ኣብ መወዳእታ እቲ ዓመት'ቲ፡ ማለት፡ 9 ታሕሳስ 1890 ዓ.ም.ፈ.፡ መሬት ሃገሮም ረገጹ። ኣብ ምምህርናን ሰንበታዊ ጸሎትን ክሕግዙ፡ ከም፣ ሓጋዚ ሚ. ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን፡ ናብ ጸዓዘጋ ተመደቡ።

ኣብ ጸዓዘጋ፡ ካብ፣ ወርሒ ሰነ 1891 ክሳዕ 15 የካቲት 1895 ዓ.ም.ፈ. ተመዲቦም ምስ ጸንሑ፡ ሚስዮናዊ ኡሎፍ ሞንሶን ስለ ዚዓረፈ፡ ንቀሺ ኡሎፍ፡ ከም ተካኢ፣ ንናይ ኣስመራን በለዛን ማሕበራት ክኣልዩ፡ ናብ ኣስመራ ገዓዙ (ቀሺ ኡሎም ሞንሶን ብ15 ሓምለ 1894 ዓሪፉ ኣብ በለዛ



ኽኣ ተቐብረ። ቀሺ ማርቆስ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣብ ጽሑፋት ምስንዳው ስለ ዝነበሩ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ እተዋህቦም ስራሕ፡ ሓዲሽ ስራሕን መዝነትን ይውሰኾም ኣሎ፡ ብፈረስ ካብ ኣስመራ እናተዋፈሩ ድማ፣ ንማሕበር በለዛ፡ ከገልገሉ፡ ንረኽቦም)።

ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ፡ ከምቲ ንብዙሓት ሚስዮናውያን ብጸቶም እተኻነፎም ሽግራትን ተሞክሮ ናብራን፡ ንኣብነት፣ ምስ ጓና ስድራ ቤት ተጸጊዕካ፡ ምቕማጥ፡ ናይ ግድን ነበረ። ቀሺ ማርቆስ ነቲ ከሕልፍዎ ዝጀመሩ ናብራ ከዘንትውሉን ክገልጹን ከሎዉ፤


> ምስ እንስሳታት፡ ከም ከብትን ጤለበጊዕን ኣእዱጉን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ምስ ናእሽቱ፣ ፈለኽ-ለኽ ዚብሉ ፍጥረት፡ ክጸቓቐጥ ጸኒሐ፡ ብዕለት 15 ነሓሴ 1893 ዓ.ም.ፈ. ናብ ናተይ ኣጒዶ ገዓዝኩ። ነዚ ኽገብር ዘብቅዓኒ፤ ቅድም ንኣምላኽይ፡ ኣስዒበ፣ ነቶም ሓገዞም ዚወፈዩለይ ብጾት፡ ምስጋናይ ኣቕርብ። ቀጺሎም፤
>
> ሓደ ዘመደይ፡ ነታ ሓዳስ ቤተይ ርእዩ፣ ሃጸይ (ዮሃንስ) እኳ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኾሉ ክብረቱ፡ ነዚ ዚቀራረብ ቤት ኣይረኸበን፡ ብምባል፡ ተሓጒሱ።

## ሓደስቲ ተሞክሮታት

እቲ ኣብ ኤርትራ እተኻነፎምን ዚጸንሖምን ዕንቅፋታት ውሑድ ከም ዘይነበረ፡ ምሳሌ ዚኾነና፡ ኣስዒብና ካብኡ ነቕርብ፣

## *ጸቕጢ ደሞዝ*

ብትምህርቲ፡ ተሞኩሮ ስራሕ፡ ካብ ብዙሓት ሚስዮናውያን ብጸቶም ዚበልጹ፡ ክም ዚነበሩ ይምስክረሎም እኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ዚወሃቦም ዚነበረ ደሞዝ፣ ምስቲ ዚነበሮም ትምህርትን ተሞኩሮ ስራሕን፡ ተመዛዝነት ኣይነበሮን። እዚ ምስቲ ሚስዮን 1898 ዚወሰኖቶ ዓመታዊ ዝርዝር ደሞዝ ሚስዮናውያንን መሳርሕቶም ኤርትራውያንን፡ መርኣዪ ንኾነልና ነቕርቦ።


§ 34
Lönestat för 1898
för europeiska arbetare:

| | |
|---|---|
| A. Svensson för | 1900 |
| extra bidrag [illegible] | 300 |
| H. Vinkvist | 3400 |
| H. J. Roden | 3400 |
| [illegible] | 2100 |
| S. Olsson | 1500 |
| H. Cederkvist | 1700 |
| J. Imarman | 2500 |
| A. Bergman | 2600 |
| K. [illegible] | 2900 |
| N. Karlsson | 1500 |
| A. Lundström | 1300 |
| E. Eriksson | 1100 |
| H. Lindström | 1300 |
| R. Johansson | 1900 |
| L. Thorsell | 1000 |
| R. Salomon | 1000 |
| [illegible] | |

| | |
|---|---|
| Markos Gerimai | 760 |
| [illegible] | 100 |
| Transport | [illegible] |
| Sera Siom | 600 |
| Salomon | 600 |
| [illegible] | 760 |
| [illegible] | 760 |
| Tajelany | 600 |
| [illegible] Emanuel | 600 |
| Sagid | 500 |
| Debbus | 600 |
| Eleazar | 500 |
| Izak | 500 |
| Gebre Mikael | 600 |
| [illegible] Barro | 400 |
| Tekele Okbay | 500 |
| Hefeto | 500 |
| Bekill | 400 |

| | |
|---|---|
| [illegible] | 450 |
| Medecintjänare | 400 |
| Karlsson dräng | 400 |
| [illegible] | 260 |
| [illegible] | 560 |
| Tjänarinnan [illegible] | 250 |
| [illegible] | 300 |
| [illegible] | 400 |
| [illegible] | 300 |
| Ynglingen Stefanos | 400 |
| [illegible] Tesfay | 150 |
| [illegible] Indrias | |

*ስም ቀሺ ማርቆስን ደሞዝን ኣብ ላዕሊ፡ ካልኣይ ዓምዲ፡ ርኤ።*

እንርእዮ ዝርዝር ደሞዝ፡ ቀሺ ማርቆስ ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሱ እሞ፡ ኣብ ሻሙናይ ዓመቱ እተዋህቦም፣ ዓመታዊ ደሞዝ (760+100 ወሰኽ ሰዓታት)፡ የመልክት። ስለዚ፡ ኣብቲ መጀመርታ እተዋህቦም ደሞዝ፡ ሓደ ርብዒ ናይ'ዚ



እንርእዮ ዘሎና ነበረ (ቃለ ኣስፈጻምቲ ኮሚተ ናይ 25.6. 1890 ክም ዘመልክቶ፣ ሽዑ እንተ ኾነ'ውን፡ ደሞዞም፡ በታ ዘምሃረቶም፣ ማሕበር ኣንስጋር ሽወደን፡ ይሽፈን። እዚ ዚኾነሉ፣ ሓላፍነት ወሲዳ፡ ደሞዝ ክትሽፍለሉ ዚጸንሐ ሽወደናዊ፡ ናብ ሃገር ህንዲ ተላኢኹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንወ.ሽ. ሚስዮን ገዲፉ፡ ናብ ካልእ ማሕበር ሚስዮን ሽወደን ምስ ተሳገረ እዩ። በዚ ክምዚ፡ እቲ ብማሕበር ኣንስጋር ኪወሃቦ ዚጸንሐ ደሞዝ፣ ናብ ንቀሺ ማርቆስ፡ ተመሓላለፈ)።

ስለዚ፡ ክምቲ ኣብ ስእሊ እንርእዮ ዘሎና፡ ኣቕዲምና፣ ደሞዝ ጸዓዱ ደቂ ተባዕትዮ፡ ምስቲ፣ ናይ ጸዓዱ ደቀ ኣንስትዮ፥ ደሞዝ ናይቶም ኣብ ሽወደን እተማህሩ ኤርትራውያን ክኣ ምስ ደሞዝ እተን ደቀንስትዮ ሚስዮናውያን፥ ኣብ መወዳእታ፣ ደሞዝ ናይ እቶም ኣብ ሽወደን እተማህሩ ኤርትራውያን፡ ምስቲ ደሞዝ ናይቶም ኣብ ወጻኢ ዘይተማህሩ ኤርትራውያን፡ ነመዛዝኖ። ናቶም ሓዳር ዚነበሮም ሽወደናውያን ምስቶም ሓዳር ዘይነበሮም ክመዛዘን ከሎ፡ ትምህርቶም፡ ናይ ስራሕ ተመኩርኦም፡ ሓደ ይኹን እምበር፡ ዓብዪ ፍልልይ ደሞዝ ነበሮ።

እንብሎ ዘሎና እምበኣር፡ ብድሕሪኦም ስራሕ ዚጀመረ ሚስዮናዊ፡ ተሞኩሮ ስራሕ ዘይጸንሖ፡ ባዕሎም ስራሕ ዘላ መድዎ'ውን፡ ደሞዝ፡ ናብ ዓመት፣ 1500 ክሳዕ 1700 ፈረንካ ክወሃቦ ከሎ፡ ቀሺ ማርቆስ ምስናይ ተወሳኺ ደሞዝ (ናይ ብዝሒ ስራሕ)፣ ኣብ ዓመት ዚወስድዎ ዚነበሩ ንርኢ ኣሎና። ስለዚ፡ ደሞዝ ቀሺ ማርቆስ፡ ኣሽንኳይዶ ምስቲ ናይ ጻዕዳ ብጸዮም፡ ምስቲ ሓንቲ ሚስዮናዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዓመት እትወስዶ ዚነበረት ደሞዝ (ክሳዕ 1200 ፈረንካ ይበጽሕ)፡ ዝመዛዘን እውን ኣይነበረን። ደሞዝ ቀሺ

ማርቆስ፡ ድሕሪ ሓዳር ምግባር፡ ካብ 860 ናብ 1800 ክብ በለ፡ ምስቶም ናይ ካልኦት ሸወደናውያን ክመዛዘን ከሎ ግን፡ ለጠቕ ዚበለ ነበረ። ኣብ ርእሲኡ፣ 200 ናይ ሓዳር ተወሰኾ (ሸወደናዊት ብዓልቲ ሓዳር፡ ዚወሃባ ፍሉይ ደሞዝ ኣይነበራን፡ ደሞዛ ምስቲ ናይ ብዓል ቤታ ይሕሰብ። ስለዚ፣ እቲ ንቀሺ ማርቆስ እተዋህቦም፡ ናይ ሓዳር ደሞዝ፡ ክኸውን ኣሎዎ)።

- ከም መመዓራረዪ ወሲድናዮ ዘሎና፡ ሚስዮናዊ ብጻዮም ማለት፣ ቀሺ ኢቫርሶን፡ ሸብዓተ ዓመት ድሕሪ ቀሺ ማርቆስ ናብ ኤርትራ ተላእከ። ቀሺ ማርቆስ ተቐቢሎም ስራሕ ዘለማመድዎ ከኣ ነበረ። ነዚ፡ ብኡ ንብኡ ክብ ዚበለ መዝነትን ደሞዝን ተዋህቦ። ኣይጸንሔን ከኣ፡ ከም በዓል ሓዳር፣ ደሞዙ ናብ 3500 ፈረንካ ኣብ ዓመት፡ በጽሐ።

ናብራ ቀሺ ማርቆስ ምስቲ ናብራ ናይ ጸዓዱ ዚመዛዘን ስለ ዘይነበረ፡ ከምቲ ንጸዓዱ ዚወሃብ ዚነበረ ደሞዝ፡ ክወሃቦም ኣይግባእን እዩ፤ ኢሉ፡ ዚሓስብ፡ ካብ ኣንበብቲ ኣይስኣንን ይኸውን። ዕሚምታ ቀሺ ማርቆስ ክንካፈል ከሎና ግን፣ እቲ ሓቂ፡ ከምኡ ኣይነበረን። ኣብ ክንድኡስ፡ ቀሺ ማርቆስ፡ በቲ እተመደበሎም ፍልልይ ደሞዝ ኣጸቢቖም ከስተንትኑን ክሓዝኑን ንረኽቦም ጥራይ ዘይኰነስ፣ ኣጋይሽ ኣብ ልዕሊ ምብዝሖም፡ ከምቲ ናብ ሓለፍቲ ሚስዮን ዘቕረቡዎ ምኽንያት፡ ናብርኦም፤ "ልክዕ ምስቲ ናይ ኤውሮጳውያን ዚመዛዘን ዚነበረ እዩ"። ወረ፡ ዛንታ ቀሺ ማርቆስ ዚነበሮም ሚስዮናውያን ከዘንትዉ ክንሰምዖም ከሎና፣ በቲ ዚነበሮም ባህሪ ኰነ ስርዓት ናብርኦም፡ ካብቲ ጸዓዱ ዘሕልፍዎ ዚነበሩ ንላዕሊ እንተ ዘይኰይኑ፡ ትሕት ዚበለ ኣይነበረን፡ በሃልቲ፡ ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኹሉ፣ ፋሺሽቲ ጣል



ም፡ ኣብ ኤርትራ እትስዕቦ ዚነበረት ናይ ዓሌት ፍልልይ፡ ሚስዮን ብወገና፡ በቲ ናይ ጣልያን፣ ፖለቲካዊ ፖለሲ፡ ትምራሕ ከም ዚነበረት፡ ፍሉጥ እዩ። እዚ እንግንዘቦ ዘሎና፡ እቲ፣ መንግስቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ እትስዕቦ ዚነብረት ናይ ፖለቲካ ፖለሲ፡ ጎዳኢ ቀሺ ማርቆስ ከም ዚነበረ፡ ኣስ ኪብና እንቕርቦ ኣርእስቲታት ከብርሃልና ይኽእል፡ ንኣብነት፣

## [illegible] ሓላፍነት

1889 ዓ.ም.ፈ.፡ ቀሺ ማርቆስ ናብ ሃገሮም ቅድሚ ምምላሶም፣ ኣብቲ ኣብ እምኩሉ ንቐዳማይ ጊዜ እተኻየደ ጉባኤ ሲኖዶስ ሚስዮናውያን፡ ሓደ ካብቲ እተዘተየሉ ነጥብ [illegible] ንሓላፍነት ቤት ትምህርቲ ኣወዳት፡ የመልክት።

ምንም እኳ፡ ሚስዮን፤ "ብቑዕ መምህር፡ እሙን፡ ተሰካሚ መዝነት እዩ"፡ ዚብል፡ እምነት፡ ኣብ ልዕሊ ቀሺ ማርቆስ ኣሕዲሮም እንተ ነበሩ፣ ሓላፍነት ቤት ትምህርቲ ኣወሃህባ፤ "ንወዲ ሃገር፡ ኣይውሃብን እዩ"፡ ዚብል፡ ክርክር ተላዒሉ። ምሉእ ሓላፍነት ቤት ትምህርቲ ንቀሺ ማርቆስ ኣብ ክንዲ ምሃብ፤ "ንግዜኡ"፡ ተባሂሉ፡ ሽዑ ካብ ጸዓዘጋ ናብ ኣስመራ ኪቕየሩ፡ ከም ተቐጻሊ፡ እቲ ናይ እምኩሉ ጉባኤ፡ ንቀሺ ማርቆስ፤ "... ኣብ ትሕቲ ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን ብምሉእ ልቡ ክምራሕ"፡ ዚብል፡ ተወሳኺ ውሳኔ ወሰደ። (1891 ሚስዮን ኣብ ኣስመራን ጸዓዘጋን ስርሓ ጀመረት፡ ሽዑ'ውን ቤት ትምህርቲ ጸዓዘጋ ተኸፍተ)።

"ተወሳኺ" ውሳኔ፡ ተባሂሉ እተጸውዔን እተወስደ ስጉም ትንሲ፡ ምኽንያቱ እንታይ ኰን ይኸውን፧

1. ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን፣ መራሒ ማሕበር ጸዓዘጋን ኣቦ መንበር ስራሕ ሚስዮን ኤርትራን፡ ብዛዕባ ማርቆስ ግርማይ እንታይ ጥርጠራ ግዲ ኔሩዎ'ዩ፧

2. ምናልባሽ'ውን እቲ ሽዑ ዚነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ዚፈጠሮ ነገር ክኸውን ይኽእል። ከምዚ እንተ ኾይኑ ኸኣ፡ ሚስዮን፡ መምርሒ ገዛኢ ሃገር ኣብ ስርሓ ኺተስዕብ የገድዳ ኣሎ። እቲ እትስዕቦ መምርሒ ድማ፡ በቲ ካልኣይ ወገን፣ ንመሰል ደቂ ሃገር ጸቓጢ ከም ዚኸውን፡ ፍሉጥ፡ እዩ። ጣልያን ብግልጺ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ እተራእየ ድማ ንሱ እዩ። ማለት፣ ተምሃሮ ካብ እተፈልየ (ራብዓይ) ክፍሊ ንላዕሊ ትምህርቶም ከይቕጽሉ፡ ደቂ ሃገር ኣብ እተፈልየ ስፍራ ተቐሚጦም፡ ኣብ ክንዲ ምስ ትምህርቶምን ክእለቶምን ዚመዛዘን ስራሕ ዘካይዱ፣ እተሓበሮም ስራሕ ኪሰርሑ፡ ኣብ እተባህሎም ስፍራ ክቕመጡ፡ ነዚ፡ ዛንታ ሚስ ዮን የልዕሎ ኢዩ (ተኽስተ ነጋሽ፡ 1987 ከኣ ርኤ)።

3. ነቲ ተወሳኺ ውሳኔ ጉባኣ፡ ቀሺ ማርቆስ ከመይ ዚኣምሰሉ ሰብ ከም ዚነበሩ ዚገልጽ ይኸውን፧

ሚስዮናዊት ሮሳ ሆልሜር፡ መንደፈራ፣ ተወልደ መድህን፡ እተጸውዐ መጽሓፍ፡ ዛንታ ህይወት ቀሺ ተወልደ መድህን ጸሓፈት (ስቶኮልም 1938)። ከም ቀሺ ማርቆስ፡ ኣብ ሽወደን እተማህሩ፡ ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ፡ ቀንዲ ስርሖም ምትርጓም ነበረ። ኣብ ስርሖም ብኣቦ መንበር ተርጉምቲ ክምርሑ፡ ብዛዕባ ኣቦ መንበሮም፡ ዶ/ር ካል ቪንክቪስት ክጽሕፉ እሞ፡ ኣብኡ ድማ፣ "ሓለቓይ"፡ እትብል ቃል ደጋጊሞም ክጥቀሙ፡ ብዙሕ ጊዜ ንረኽቦም።



ቀሺ ማርቆስ ብዛዕባ ቀሺ ስቨንሶን ክጽሕፉ፡ ወይ ከልዕሉ ከሎዉ፣ "ሓለቓይ"፡ እትብል ቃል፡ ካብ ኣፎም ክትወጽእ፡ ኣብ ጽሑፋቶም እንተ ኾነ'ውን ኣይንረኽብን ኢና። እዚ ከኣ፣ ፍሉይ ጠባይ፡ ከም ዚነበሮም የመልክት።

## ካብ ሕጊ ዚወጸ ቃል ኪዳን

ብዕለት 6 ወርሒ ታሕሳስ 1899፡ ቀሺ ማርቆስ፡ ምስ መሳርሕቶም፡ መምህር ደቂ ኣንስትዮ፣ ሚስዮናዊት ረጊና ዩዋንሶን: ብመምህሮም፣ ቀሺ ኣዶልፍ ኮልሞዲን፡ ቃል ኪዳን ኣሰሩ (መሰረት ሉተራዊት ቤ.ክ.ኤ 1911-1932 ገጽ 44ቀ፡ ካልኣይ ሕታም ርኤ)።

መንግስቲ ባዕዲ፤ "ኣፍሪቃዊ ምስ ሓንቲ ጻዕዳ፡ መውስቦ ኣትዩ"፡ ዚብል ወረ፡ ኣብ መንፈቑ በጽሐ። እቲ ቀሺ ግርማይ ዚወሰድዎ ናይ ቃል ኪዳን ስጉምቲ፣ ካብ ሕጊ ጣልያን ዚወጸ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ኣፍሪቃውያንን ጻዓዱን ክፍጸም ዘይግብኦ ሕንጻጻት ነበረ። እቲ ክልተ ሰራሕተኛታት ሚስዮን ዚወሰድዎ ስጉምቲ ብወገኑ፣ ኣብ መንጎ መንግስቲ ጣልያንን መንግስቲ ሽወደንን፡ ናይ ዲፕሎማሲ ምስሕሓብ ኣምጽኣ፡ ንሚስዮን እውን፡ ኣብ ስርሓ ዕንቅፋት ከምጽኣላ ከም ዝኽእል ተነግራ። ንሱ ከይተርፍ፡ ጸሓፍቲ ዛንታ ወንጌላዊት ሚስዮን ከመልክቱ ከሎዉ፣ እቲ ምስ ዘይዓሌትካ ቃል ኪዳን ምእታው፡ መንግስቲ ጣልያን ከም ዘይተሓጉሰሉ፡ ኣብ ሃገር ሽወደን እንተ ኾነ'ውን፣ በዕሩኽ ሚስዮን፡ ቅቡል ከም ዘይነበረ፡ እዩ። እዚ እኳ ኣቓዲሙ እንተ ነበረ፣ ቀሺ ማርቆስ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ

ደቂ ተባዕትዮ ምስ ጸንሑ፡ 1897 ብቀሺ ዮናስ ኢቫርሶን ተተኽኡ። እቲ ቤት ትምህርቲ ሽዑ ድሮ ካብ ጸዓዘጋ ናብ ኣስመራ ግዒዙ ኣሎ (ቱረ ታቨሊን፡ ጉስታፍ ሉንድማርክ 1974፡ ገጽ 80)።

መንግስቲ ጣልያን፡ በቲ ኣብ ሮማ ዚርከብ፡ ናይ ሃገር ሽወደንን ነርወይን ተወካሊ ቆንስል (ነርወይ ምስ ሽወደን ሕብርቲ ጸኒሓ፡ 1905 ካብ ሽወደን ተነጸለት)፣ ሃራልድ ቢልት (ሓው ኣቦሓጎ ግዚያዊ ወጻኢ ጉዳይ ሚንስተር ሽወደን፡ ካል ቢልት) ጌሮም፡ ብመልእኽቲ፡ ንመንግስቲ ሽወደን፤ "ሓንቲ ሽወደናዊት ምስ ባርያ (ቋቅንቋ ጣል ያን፣ ጸሊም፡ ይትርጕም) ዘይሕጋዊ መውስቦ ኣትያ ኣላ"፡ ኢሉ፡ ካብ፣ መራሕቲ ሚስዮን፡ ኣጽጋቢ መብርሂ ሓተተ። ኣብ ርእሲኡ፣ ቃለ ኪዳን መውስቦ ክፈርስ፡ እቲ ብድሕ ሪኦም ዘይሕጋዊ ኣብነቶም ክስዕብ እተረኽበ ውልቃዊ ሰብ ድማ፣ "ሽዑ ንሽዑ፡ ካብ ስርሑ ክሰናበት"፡ ዚብል፡ ውሳኔ ኣመሓላለፈ (እንጠቐሶ ዘሎና መልእኽቲታት፡ ቁ 6342፡ ኣብ ስቶኮልም ተሰቲሩ ይርከብ)።

መራሒ ኤርትራ፡ ጀነራል ኮሚሳርዮ ፈርዲናንድ ማር ቲኒ፡ ንመርዓውቲ፤ "ሽወደናዊትን ባርያን"፡ ኢሉ፡ ስሞም ከይረቘሐ ንምስዮን ምስ ጸሓፈሉ፡ መራሕቲ ሚስዮን፡ ነቲ ካብ ጣልያን እተመሓላለፉ ሕቶ፡ ዚስዕብ መልሲ ትህበሉ፣

- ሰራሕተኛታቶም ብዘይ ፍቓድ መራሕቲ ሚስዮን ቃል ኪዳን ከም ዚኣሰሩ፡
- መራሕቲ ሚስዮን ብዛዕባ'ቲ፣ ክልተ ዚዓልየቶም ኣብ ግዝኣት ጣልያን መውስቦ ክኣትዉ የብሎምን ዚብል ሕጊ፡ ፍልጠት ከም ዘይነበሮም፡



- መጽሓፍ ቅዱስ ንመውስቦ ጻዕዳን ጸሊምን ኣይድ ግፍን እዩ፡ ዚብል፡ ስለ ዘይረኽቡ፣ ሚስዮን፡ ነቲ ድሮ ተሰሪዑ ዘሎ ቃል ኪዳን፡ ስጕምቲ ክትወስ ደሉ ከም ዘይትኽእል፡
- ንዝመጽእ ጊዜ ግን፡ ከምኡ ዝኣምሰለ፤ "ዘይግቡእ መውስቦ"፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ሚስዮን ከይ ፍጸም፡ እቲ ከምኡ ዚኣምሰለ ስርዓት ክፍርስ እተ ረኽበ ድማ፤ "ካብ ስርሑ ክፍለ"፡ ቃል ኣተዉ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ላዕሊ እተባህለ፡ ሓላፊ ወ.ሽ.ሚ. ፕሮ ፌሶር ቀሺ ኮልሞዲን፡ ንመንግስቲ ጣልያን፡ ብጽሑፍ፡ 16 ሕዳር 1901፡ ብስም ሚስዮን ዚስዕብ ይጽሕፍ፣

- ንዝመጽእ ጊዜ፡ ከምኡ ዚኣምሰለ፡ ዘይግቡእ መው ስቦ ከይድገም፡
- "ንደቂ ሃገር (ኣፍሪቃውያን) ናብ ሃገር ሽወደን ወሲዶም ከየምህሩ"።

መራሕቲ ማሕበራት ሚስዮን፣ ካብ 1888 ጀሚሮም፡ ነቲ ጥቑስ ሕቶታት ኪዛራረብሉ፡ ንማሕበራት ሚስዮናት ዓለም እንተ ኾነ'ውን መካትዒ ኩይኑ ዚጸንሐ እሞ፡ ጸኒሕና ክንምለሶ ዘሎና ነገር'ዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ንደቂ ኣፍ ሪቃ፡ ኣስያ፡ ካብ ሃገሮምን ህዝቦምን ፈሊኻ፣ ኣብ ኤውሮ ጳን ኣመሪካን ትምህርቲ ምሃብ ንማሕበራት ሚስዮናት ዓለም፣ ሓዲሽ ተሞክሮ፡ ዘይትሓስበ ሕቶታት ከየምጽኣ ለን ኣይተረፈን።

ቃል ኪዳን ኣብ መንጎ ክልተ ዓሌት ምትእትታው ወይ መውስቦ ምፍጻም፡ ነታ ካልኣይቲ ማሕበር ሚስዮን፣ ሉተ ራዊት ሽ. ሚስዮን፡ ከይተረፈ'ውን፡ ከፍርሓን ስጕምቲ ንኽ

ተወስደሉን ኣገደዳ። እቲ ዘተሓሳሰበ፣ 1932 ሓደ ኤርት
ራዊ ኣገልጋሊ ሚስዮን፡ ምስ መሳርሕቱ ልእኽቲ ሚስዮን፡
ምቅርራብ የርኢ ኣሎ፡ ተባሂሉ፡ ናብ መውስቦ ቅድሚ
ምብጽሑ፡ መራሕቲ ተቐላጢፎም ስጕምቲ ንኽወስድሉ
ኣድለየ።

ናብ ሉ.ሽ.ሚ. (ቤቨ) እንተ መጽእና'ውን፡ እዚ ከምዚ
ዘኣምሰለ መውስቦ፡ ማለት፣ ኣብ መንጎ ጻዕዳን ጸሊምን፡
ቅቡል ስርዓት ኰይኑ ኣይተረኽበን። በዚ ምኽንያት እዚ፡
ብ14. 6 1960 ከምኡ እውን 11.2.1974፡ መራሒ ሚስ
ዮን ጸሚቑ ዚሓንጸጾ፡ ዚስዕብ መደብ ተወስደ፤ "ሓንቲ
ወይ ሓደ ሰራሕተኛ ሚስዮን ምስ ዘይዓሌቱ (ኣፍሪቃዊ/ት)
መውስቦ ዚኣተወ/ት፣ ካብ ስርሑ/ስርሓ ከም እተሰናበተ/ት
ክሕሰብ"። - ድሕሪ እዚ ውሳኔ፡ ኣፍሪቃዊ እተመርዓወት
ካብ ንሉ.ሽ. ሚስዮን ገዲፉ፣ ኣብ ትሕቲ ወ.ሽ.ሚ.፡ ክት
ሰርሕ ንረክብ።

መምህር ረጊናን ቀሺ ማርቆስን ዚኣተውዎ መውስቦ፡
እቲ ቅድም ኣብ ናብርኦም ዘምጽኣሎም ሽግር፡ ጸጸኒሖም
ባዕላቶም የልዕልዎን ብዓበይቲ ኤርትራውያን'ውን ዚዝከ
ርን እዩ። ቀዳማይ፣ ካብ መንግስቲ ጣልያን ዚረኽብዎ፡
ካልኣይ፣ ብጸቶም ኮነ ኣዕሩኽቲ ሚስዮን ሽወደን፡ ነቲ
ነገር ብኽመይ ዓይኒ ከም ዝርኣይዎ'ውን ድሮ ኣልዒልናዮ፡
ጸኒሕና'ውን ከነልዕሎ ኢና። ሳልሳይ፣ እመቤት ረጊና ንባዕ
ለን፣ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ብብጸቶም ይጭወዩ ከም ዚነበሩ፡
ነቶም ኣብ ሃገር ሽወደን ዚርከቡ ኣዕርኽቶምን ሓገዝቶ
ምን፣ ከይፈተዋ ወይ ከይተፈለጠን፡ ምረራ በጨቕ ክብለን
ከሎ፡ ሓዘን ልበን ክገልጻ፡ ንረኽበን።



መራሒ ሚስዮን፡ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ብወገኑ፣ እቲ
መውስቦ ብኻልኦት ቅቡል ኰይኑ ብዘይምንባሩ፡ ኣብ ስር
ሖም ዕንቅፋት የምጽኣሎም ከም ዚነበረ፡ ሓበሬታ ይህብ።

ከምዚ ዘኣምሰለ ስርዓት መውስቦ ክልተ ሰባት፡ ኣዒንቲ
ጓኖት ብቐረባ ክርኤ ከሎ፡ ወይ፣ እቲ ናይ ሰብኣይን ሰበይ
ትን ፍቕሪ ሓድሕድ፡ ምክብባር ሓድሕድኮ ከመይ ነበረ፤
እንተ ተባህለ፡ ነቲ ሕቶ መልሱ ካልእ እዩ። ኣብቲ ኣብ
ሃገር ሽወደን ዚርከብሉ ዚነበሩ ጊዜ፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን
ኣብ ቤቶም ዚዓርፍ እሞ፡ ብቐረባ ዚፈልጦም፡ ብሕልፊ
ድማ፣ ኣፍልጦ እመቤት ረጊና፡ ዚነበሮን ዚጸንሖን እዩ።
ስለዚ፣ ንስመን፡ ብኽብርን ንእዶን ክርእየን ጸኒሑ፡ ወሲኹ፡
ብሽወደን፤ 'ፕርድሊግ'፡ እትብል፡ ፍልይቲ ቃል ብዙሕ
ጊዜ ይጥቀም፡ ከምኡ ክብሎ ከሎ፣ ናይ ስርዓት ሰብ፡ ጽፍ
ፍቲ፡ ኵሉ ጊዜ ነፍሳ እትሕሉ፡ ክትርጐም ይከኣል። ብዛዕባ
ቤቶም፡ ሓዳሮም፡ ከልዕል ከሎ ድማ፤ "ምዉቕ፡ ፍቕሪ
ዚመልኦ፡ ናብርኦም ከኣ፤ "ዕጉብ"፡ ብምባል፡ ይምስክረሉ።

ደቒ ማሕበር ድሕሪ ጸሎት ኣብ ቤቶም ቡን ወይ ሻሂ
ክሰትዩ ኣብ ዚእከብሉ ጊዜ፡ እመቤት ረጊና ንብዓል ቤተን
ሓደ ካብቶም፣ ፍሉጥ ተዋዛዪ፡ ናይ መስሓቕ ሰብ፡ መዕ
ለል ኣጋይሽ፡ ከም ዚነበሩ፡ ብንእዶ ዘልዕላሉ ጊዜ'ሎ። ብም
ኽንያት መገሻ ወይ ሕማም ኣብ ገዝኦም ኣብ ዘይርከብሉ
እዋን፡ ካብ ምሽቓል እተላዕለ፣ ብስጋ ኣብ ጥቕኣን ብዘይ
ምርካቦም፡ ብሓዘን ስምዒተን ይገልጻን፡ ድማ ስሞም
ከየልዓላ ኣይሓልፉን ነበራ።

## "ሓጕስን ጓህን ብሓንሳብ ይጕዓዛ"

እዚ ንኡስ ኣርእስቲ ካብ መዝሙር ሽወደን ተጠቒሱ እተተርጐመ፡ ተሞክሮ ህይወት ሰብ ድማ ይገልጽ።

1901፡ ንቀሺ ማርቆስን በዓልቲ ቤቶምን ዓመት ሃረርታን ጓህን ነበረት። እመቤት ረጊና፡ ከም ነፍሰ-ጾር፡ ክሓርሳ፡ ድማ ዕረፍቲ ኣድልዩወን፡ ናብ ዓደን ተመልሳ። ቀሺ ማርቆስ ካብ መጀመርታ ብዓልቲ ቤቶም ከሰንዩ መደብ እኳ እንተ ነበሮም፡ ኣይኰነሎምን፡ ኣብ ሳሙንቱ ግን ክስዕብወን ከኣሉ። ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን፡ ከምቲ ካብ ኣፍ ጓል ሓብተን፡ መም ብርጊታ፡ ስቶኮልም፡ ዚሰማዕናዮ፣ ንኻልኣይ ጊዜ እየን ዝወልዳ ዘለዋ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ ኤርትራ፡ መዓልቱ ዘየብጽሐ ወዲ ወለዳ፡ ኣብ ሳልሳይ ሰሙኑ ኸኣ ሞተ። ከምቲ እንጥርጥሮ፡ 'ቲ ሕጻን፣ ኣብ መቓብር እምኩሉ ተቐብረ።

ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ወለዶ ቤተ ክርስትያን ተመዝገቡ እንረኽቦ፡ እመቤት ረጊና፣ ብ29 ሰነ 1901፡ ኣብ ቤት ሕክምና፡ ከተማ ሸፒንግ፣ ጓል ወለዳ፡ ኣብ መዓልቲ ጥምቀታ'ውን፣ ሁልዳ ኤልሳቤጥ፡ ዚብል ስም፡ ተዋህባ። መጸውዒኣ፣ ኤልሳቤጥ። ኤልሳቤጥ፣ ብምኽንያት ሕማም (ሽወደን፣ ሉንግካታር፡ ትግርኛ፣ ዓባይ ወይ ዓብዪ ሰዓል)፥ ኣብ መበል 23 መዓልታ (ሰለስተ ቅኒኣ)፡ ብ22 ሓምለ 1901 ሞተት። እዚ ዚኸውን ዘሎ፣ ፐንስሊን፡ እተባህለ መድሃኒት፡ ቅድሚ ምምሃዙ፡ ሕማማ፣ ናብ ሞት ዘብጽሓሉ ግዜ ኣብ ዚነበረሉ ዘመን"ዩ። ሁልዳ ኤልሳቤጥ ኣብ ስፍራ መቓብር ዓዲ ኣዲኣ፡ የትሉንዳ፡ ተቐብረት። ከነስተ



ውዕሎ ከም ዘሎና እምበኣር፡ ሓዘን ቀሺ ማርቆስ፣ ዕጽፊ ሓዘን ከም ዚነበረ'ዩ። ቅድም፣ ሕጂ እንተ ኾነ'ውን፣ ሃንቀው ክብልዋ ዚጸንሑ ውላድ፡ ስለ ዘጥፍኡ፥ ካልኣይ፡ ኣብቲ እዋን እቲ፣ ብጀካ ብወገን ቤተ ሰብ እመቤት ረጊናን ካልኦት ሽወደናውያን ብጾቶምን እንተ ዘይኰይኑ፡ ነቲ ዓሚቝ ሓዘን ወላዲ ዚካፈሉ ደቂ ሃገ ሮም፡ ኣብ ከባቢኦም ኣይነበሩን። ካብዚ እተላዕለ ይኸውን፡ መምህር ብርጊታ ኦርነል፡ ጓል ሓብተን ንእመቤት ረጊና፡ ከተዘንቱ ከላ፤ "ማርቆስ፣ ኣብ ኩርባ ዓድና ወጺኡ፡ ንበይኑ፡ ኣእዳዉ ንድሕሪት ጠውዩ፣ ላዕልን ታሕትን እናተዘዋወረ ክበኪ፡ ይርኤ ነበረ"፡ ብምባል፡ ነቲ ብቤተሰባ እተራእየ ሓዘን ቀሺ ማርቆስ ትገልጽ።

ሰብኣይን ሰበይትን፡ ናብ ኤርትራ ዝምለስሉ ጊዜ በጽሐ፡ ቀሺ ማርቆስ ብኢትዮጵያ ጌሮም ናብ ስርሖም ክምለሱ መደብ ነበሮም። እቲ መደቦም ይቕንዓዮም ወይ ኣይቕንዓዮም ግን ኣፍልጠ የብልናን።

## ስምዒት ትግርኛ

ናብቲ መጀመርታ ጊዜታት ሚስዮናውያን ተመሊሽና ክንርኢ ከሎና፡ እቲ ኣብ መደበር ሚስዮን ተዘውታሪ ዚነበረ ቋንቋ፣ ኣምሓርኛ፡ ነበረ። እዚ ክንብል ከሎና፡ ሚስዮን፡ ኣብ ስብከት ኰነ ጽሑፍ፡ ኣብ መደበር ሚስዮን፡ ኣምሓርኛ ኪትጥቀም ጸንሐት። ቀሺ ማርቆስ እኳ ብእንእሽትኦም ንነዊሕ እዋን ካብ ቋንቋ ኣዲኦም ተፈልዮም እንተ

ጻንሑ፣ ትግርኛ፡ ኣይረስዑን፡ ግን፣ ካብ ሃገር ሽወደን ተመሊሶም፡ ጸሎት ልደት ክመርሑ ክዳለዉ ከሎዉ፡ ዚዝ ምርዎ መዝሙር ልደት ስኢኖም፤ "ቅድስቲ ለይቲ፡ ህድእቲ ለይቲ..."፡ እትብል፡ ካብ ሽወደን ናብ ኣምሓሪኛ ተርጒሞም፡ ከም እተጠቕሙ፡ ባዕሎም የዘንትዉ።

እቲ እንብሎ ዘሎና እምበኣር፣ ቋንቋ ትግርኛ፡ ብሚስዮናውያን ዝውቱር ከምዘይነበረ እዩ። ስለምንታይ ኣብ ስርሖም ትግርኛ ዘይተጠቕሙ፧ ኢልና፡ ክንሓተት ከሎና፡ መልስታትና ዚስዕብ ኪኸውን ይኽእል፣

1. ተምሃሮ ሚስዮን፣ ካብ እተፈላለዩ ዓሌትን ሃይማኖታትን ክፍሊታት ሃገር ኢትዮጵያን ኤርትራን እተዋጽኡ፡
2. ኣብ ምጽዋዕ ዚነበረ መደበር ሚስዮን፣ መጻንሒ ድኣ እምበር፡ ቀዉም መደበር ሚስዮን ከም ዘይነበረ እዩ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ እንፈልጦ፡ ዕላማ ሚስዮን፣ ናብ መሬት ጋላ (ሃገር ኦሮሞ) ምቕጻል፡ ዚብል፡ ነበረ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ስራሕ ምጽዋዕ፡ ከም፣ መዳለዊን መጻንሕን ስለ እተሓስበ፡ ሚስዮን፡ ኣብ መጻኢ ጊዜ ስርሓ ክትጥቀምሉ ዚመደበቶ፣ ቛንቋ ኣምሓሪኛ ድኣ'ምበር፣ ትግርኛ፡ ኣይነበረን።
3. ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ምጽዋዕ ምጥቃም፡ ፖለቲካዊ መደብ ዚወሰኖ ኣይነበረን።

ጻኒሑ፡ እቲ ቅቡል ዕላማ ሚስዮን፡ ሓዲሽ መደብ እናኣምጽአ ከደ። ሚስዮን ኣብ ኤርትራ ልባ ኣውዲቓ ክትሰርሕ፡ ስርሓ ካብ ምጽዋዕ ናብ ሓደስቲ ስፍራታት ኤርትራ፡ ማለት፣ ናብ ገለብ፡ ከረን፡ ጋሽ ባርካ፡ ገጻ ከተቃንዕ፡ ተመ




ደበ። ስራሕ ሚስዮን ንጊዜኡ ኣብ ኤርትራ ከስፉሕፍሕ ወይ ክጸንሕ ምስ ተወሰነ፡ ሚስዮን፣ ቋንቋታት ኤርትራ ክጥቀም፡ ህዝቢ ኤርትራ ብቋንቋኡ ቃል ኣምላኽ ክሰምዕ፡ ብቋንቋኡ ጽሑፋት ተዳልዩ ክዝርጋሕን ኣብ ኢዱ ክሕዝን ኣድላዪ ኰይኑ ተረኽበ። እዚ ኹሉ፡ ጻኒሑ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ፍረ እተረኽቦ ቅዱስ ስራሕ ሚስዮን ከም ዚኾነ፡ ይዝከር። እዚ ኹሉ'ዚ ቅድሚ ምኻኑ ግን፡ ሕቶ፣ ቛንቋ ትግርኛ፡ ነቶም ሚስዮናውያን ኣብ ክልተ ወገን ከም ዝኽፈሉ ገበሮም።

እቲ ሓደ ወገን፡ ኣብ ስራሕና፣ ኣምሓሪኛ፥ እቲ ካልኣይ ወገን ግና፣ ኣብ ስራሕና ትግርኛ ክንጥቀም ናይ ግድን እዩ፡ ዚብል፡ ነበረ።

እቲ ካልኣይ ምስዮናዊ፣ ትግርኛ ኣብ ስራሕ ሚስዮን ከም ቋንቋ ክዝውተር ኣሎዎ፡ ኢሉ፡ ብሓሳብ ኰነ ግብሪ፡ ሓገዙን ደገፉን ዚሃበ፡ ኣውጉስት በሪማን (1883-1897) ነበረ።

ኣብቲ 1891 ዓ.ም.ፈ. ኣብ እምኩሉ እተፈጸመ ጉባኤ ሚስዮናውያን፡ ካብቲ ቀዳማይ ነጥብታት እሞ ብዙሕ ከኣ ዘካትዐ፣ ግደ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ስራሕ ሚስዮን፡ ዚብል ነበረ። ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ፡ ኣብ ወዳእታ፡ ሓሳባት ወገን እቶም ኣብ ስራሕና፣ ኣብ ክንዲ ኣምሓርኛ፣ ቋንቋ ትግርኛ፡ ክንጠቐም ይግብኣና፡ ኢሎም እተማጎቱ፡ ሰዓረ።

ብድሕሪ እቲ እተወስደ ስጉምቲታት፣ ማሕተም ሚስዮን ኣብ እምኩሉ ኣገልግለቱ ክህብ ጻኒሑ፡ ናብ ኣስመራ ደየበ። በቲ ሓላፊ ማሕተም ሚስዮን፡ ሚ. ቪልሀልም ሰገርበርግ፡ ዘቕረቦ ሓሳብ'ውን፡ ነቲ ናይ ትግርኛ ፊደላት፡ ዚስዕብ ፊደላት ኣምሓሪኛ ክውሰኾ ተመደበ (ዝስዕብ ርኤ)፣




*መርኣዩ፡ ላዕላይ፣ ውሱኻት ፊደላት፡ ታሕታይ፡ ዚጸንሑ።*

ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ስፍራ ሚስዮን ንኽዝውተር ክዝ ረበሉ ከሎ፡ ቀሺ ማርቆስ ድሮ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ኣለዉ። እቲ ሕቶ ዘሎስ፣ ጋንታ መንከ ወሰዱ፡ እዩ፤

ከምቲ እተረዳእናዮ፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ነቲ ሓቂ ኰይኑ እተሰምዖም፡ ርእይትኦም፡ ካብ ምሃብ፡ ኣብ ስራሕ ዚጓነ ፎም ዚነበረ ግድላት ንምልዓል፡ ድሕር ዚብሉ ሰብ ከም ዘይነበሩ፡ ከም ወዲ ሃገር ከኣ፡ እተፈልየ ሓላፍነትን ስም ዒት ሃገርን ህዝብን ከርእዩ ከሎዉ፡ ንረኽቦም። ብዛዕባ እዚ ነገር'ዚ ዝመጸ፡ ምስ እቶም ደቂ ዓዶምን ብጾቶምን ከነመዛ ዝኖም ከሎና፡ እቲ ደፊሩ ብጽሑፍ ርእይትኡን ሓሳቡን ክገልጽ፡ ወይ፣ ዓው ኢሉ ድምጹ ከስምዕ እንረኽቦ፡ እሞ ኸኣ፡ ካብ መሳርሕቱ፣ ተቓውሞ ወይ ደገፍ ሓሳብ፡ ብግ ልጺ ዝረክብ ዚነበረ፡ ቀሺ ማርቆስ እዮም።

እቲ ኣብ ጉባኤ ብዛዕባ ቋንቋ ትግርኛ ዚሃብዎ ርእይቶ፡ ንኣንባቢ ከየገረመ ኣይተርፍን ይኸውን። በቲ ካልኣይ ወገን፡ ርእይቶ ቀሺ ማርቆስ፡ ካብቲ ዝንበረ ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ብሕልፊ፣ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ



ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ዚነበሮም ርእይቶ፡ ዚፍለ ኣይ ነበረን። ቀሺ ማርቆስ እምበኣር፡ ካብቶም፡ ሚስዮን ኣብ ክንዲ ትግርኛ፣ ኣምሓሪኛ ትጠቕም፡ ዚበሉ ካልኣይ ወገን ኰኑ። - ንሓሳብና ዚድግፍ፡ ካብቲ ንመምህሮም፡ ፕሮፌሶር ኣዶልፍ ኮልሞዲን፡ ንጠቕስ፡ ከምዚ ዚብል፤

*"ቋንቋ ትግርኛ፣ ቋንቋ ጓሶት፡ ናይ ዕዳጋ ቋንቋ፡ መሳርያ ቅዱስ ጽሑፋት ክብሃል ዘይበቅዕ እዩ"።*

ነዚ ርእይቶ'ዚ ኣብ ምሃብ ዘብጸሖም ምኽንያት፡ ከምቲ እንጥርጥሮ፣ ስራሕ ምትርጓም ወይ፡ መጽሓፍቲ ትግርኛ ከዳልዉ ምስ ጀመሩ'ዩ። ብሓጺሩ፡ ኣብቲ፣ ንቋንቋ ኣዲኦም ኣብ መዓልታዊ ስራሕ ክጥቀሙ፡ ዝጀመሩሉ እዋን ዚበ ልዎ ነበረ። ቀጺሎም፡ ኣብ ወርሒ ሰነ፡ ዕለት 3 1894፡ ሕጂ እንተ ኸኦነ'ውን ንዝኣምንዎም መምህሮም፡ ፕ/ር ኮል ሞዲን ካብ ጸዓዘጋ ብመልእኽቲ ሓሳቦም ገለጹ (ስፍራ ሰነ ዳት መልእኽቲታት ኣዶልፍ ኮልሞዲን፡ ካሮሊና ረዲቪቫ፡ ኡፕሳላ)።

*"ትግሪኛ ኣብ ትምህርትን ከም ቋንቋ ስብከትን ክዝውተር ተቓወሚ ዚገበረኒ ምኽንያት ኣሎኒ። ትግርኛ ኣብ ትምህርትን ስብከትን ንኽንጥቀመሉ፡ ቀስ ኢሉ ክምዕብል የድልዮ"* (*ቛንቋና ከነማዕብል ፡ሕጂ እንተ ኸኦነ'ውን የድሊ'ዩ፡ ርእቶ ደራሲ*)።

ድሓር ድማ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ፡ እቲ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ብግእዝን ኣምሓርኛን እተጻሕፈ እንተ ዘይኰይኑ፡ ብቛንቋ ትግርኛ እተጻሕፈ ብዙሕ ኣይነበረን። ኣብ ርእሲ እዚ

ኾሉ፡ ካብ ህዝቦምን ሃገሮምን ንነዊሕ እዋን ተፈልዮም
ጸንሑ። ኣብ ስርሖም፡ ምናልባሽ ብሽወደን ክሓስቡ ጸኒ
ሖም፡ ነቲ ዚደልይዎ ቃላት ትግርኛ ብቕልጡፍ ንኽረ
ኽብዎ ይሽግሮም ስለ ዚነበረ፡ ከምቲ ባዕሎም ኣብ ጽሑፍ
ዚብልዎ፣ ብሕርቃን ዚኣክል፡ ኣብ ኢዶም ሒዘሞ ዚጸንሑ
ወረቓቕቲ ክሳብ ኣብ ምድርባይ ይበጽሑ ጊዜ ነበረ። ቀሺ
ማርቆስ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ፣ ድንግል መሬት ኣብ ምጽጋእ
እምበር፡ ኣብ ምሕራስ ገና ኣይበጽሑን። እቲ እንብሎ
ዘሎና ኸኣ እዚ እዩ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ነቲ ናይ ዘረባ ቋንቋ፡
ናብ ቛንቋ ጽሑፍ ክትልውጦ፡ ብዙሕ ጻዕሪ ዘድልዮ ነበረ።
ከምቲ ዚፍለጥ ከኣ፣ ምዕቡል ቋንቋ ክጽዋዕ ዚኽእል፣ ከም
ጽሑፍን ዘረባን፡ ኣብ መዓልታዊ ስራሕ መንግስትን ቤተ
ክርስትያንን ህዝብን ክዝውተር ዝኸውን፡ ናይ ኣጸሓሕፋ
ሕጊ ዚሓዘ፡ ብሕጊ ሰዋስው እተጠምረ ክኸውን ከሎ እዩ።
መጽሓፍ ክትጽሕፍ፡ ክትርጉም፡ እትሓስቦ ብጽሑፍ ክትገ
ልጽ፡ ብህዝቢ ቅቡል መሳርያ ቋንቋ (ተክኒካል ተርምስ)
ምድላው ይሓትት። እቲ ኣብ ትሕቲ ባዕዲ ምንባርን ብወ
ጻእተኛታት እናተመሓደርካ፡ ተቓዋምነት እናረኽብካ፡ ኣብ
ሃገርካ ነጻ ኴንካ ቛንቋኻ ምዝውታር፡ እዚ ንገዛእ ርእ
ሱ'ውን፡ ዕንቅፋት እዩ።

ሓኪም ካርል ቪንክቪስት (በለዛ) እምበኣር፡ ብሓቂ፡
ከም፣ *ኣቦ ትግርኛ፣* ክርኣዩ፡ ዚግብኦም ሚስዮናዊ እዮም።
ምስ ብዓልቲ ቤቶም፡ እመቤት ኤልሲ፣ ካብቶም፣ ትግ
ርኛ፣ ከም ቋንቋ መጠን፡ ተቐባልነት ክረክብ፡ ከም ብቑዕ
መሳርያ ስራሕ ሚስዮን ኰይኑ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ቤት ትምህ
ርቲ፡ ትምህርቲ ሰንበት፡ ንኽዝውተር፡ ጻዕርን ቃልስን ዘር
ኣዩ ሚስዮናውያን ከም ዚነበሩ፡ ዛንታ ቤት ክርስትያን ክር



ስያ የብሉን (ዶክቶር ቪንክቪስት፡ 1883 ዓ.ም.ፈ. ንቐዳ
ማይ ጊዜ ከም ልኡኽ ሚስዮን ኣብ እምክሉ ንረኽቦም)።
ካብ እምክሉ ደይቦም ኣብ በለዛ ተቐመጡ። ካብ በለዛ እና
ተዋፈሩ ኸኣ፣ ህዝብን ሚስዮንን፡ ክሳዕ ዕለተ ሞቶም፡ ኣገ
ልገሉ።

በቶም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዚመጹ ሕሙማት፡ ቁሱላት
ወትሃደራት ራእሲ ኣሉላ ከይተረፉ (ነቶም ኣብቲ ኣብ
መንጎ ጣልያንን ኢትዮጵያን እተኻየደ ኲናት እተወግኡ
ክሕክሙ ይጽውዑ ስለ ዚነበሩ)፡ በቲ ዘርኣይዎ ንኡድ ናይ
ሕክምና ስርሖም፤ "ሓኪም"፡ ዋና መጸውዒ ስሞም ኰነ።
ሓኪም ብ1909 ዓ.ም.ፈ. ኣብ በለዛ ዓረፉ።

ብዓልቲ ቤቶም፣ እመቤት ኤልሲ፡ ኣብቲ፣ *ኣብ ትሕቲ
ቅዱስ ግድነት (1958)፡* እተባህለ፡ መጽሓፍ ዛንታ ህይወ
ተን፣ ሕማምን ድኻምን ከርእዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዛዕባ
በዓል ቤተን ዚስዕብ ይጽሕፉ፤

> መወዳእታ ከይመጸ፡ መዓልቲ ሞቱ ከይበጽሐ፣
> መጽሓፍ ቅዱስ ንህዝቢ ብቛንቋኦም ኣብ ኢዶም
> ከትሕዞም፡ ተቐላጠፈ። መደብ ምሉእ ህይወቱ
> ኮይኑ ከኣ ጸንሐ።
> …(በዓል ቤተይ) ካርል፡ እታ ናይ ሓዲሽ ኪዳን
> መወዳእታ ገጽ ምሕታማ ንምርኣይ በቕዐ። ብድ
> ሕሪኡ እቲ ዓብዪ መጸዋዕታ መጸ፡ ከም በሓዲሽ
> ድማ ፍሲ ደም (ሓንጎል) ርእሲ ሰዓበ። ዓራት
> ከይሓዘ፡ ብዘይ ጊዜ ሕማም፡ ብ6 ታሕሳስ 1909
> ናይ ወጋሕታ፡ ናብ ሰማዋይዊ ቤቱ ተጸውዐ።
> ርእሱ በታ ሃንቀው ክብላ ዚጸንሐ መጽሓፍ ሓዲ

ሽ ኪዳን ኣተርኢስና ድማ ናብ ዘለኣለም ዕረፍቱ
ኣፋነውናዮ።

## ሓዲሽ ተሞኲሮ፡ ዓበይቲ ሕቶታት፡ ዘይቁ ድወት

ሒዝናዮ ዘሎና ኣርእስቲ፣ ብኽልተ ዓይነት፡ ክርኤ ንደ
ልዩ። በቲ ሓደ ወገን፣ ኣብ መንጎ ሓደ ምሁር ወዲ ሃገርን
(እሞ ተመራሒን) መራሕ ስራሕን ዚለዓል ዘይምስምማዕ፡
በቲ ካልኣይ ወገን፣ ንመራሕቲ ማሕበራት ሚስዮናት
ዓለም ዚፈጠረለን፣ ሓዲሽ ተሞኲሮን ዓበይቲ ሕቶታትን።
ደቂ ደቡብን ምብራቕን፡ ማለት፣ ደቂ ኣፍሪቃን እስ
ያን፣ ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ንትምህርቲ ዚለኣኹሉ ጊዜ
መጸ። ናይ ለኣኽቲ ትካላት ሚስዮን ዓለም፡ ኣብ ልዕሊ
ተምሃሮ ኣፍሪቃን እስያን፡ እዚኣቶም፣ ትምህርቶም ምስ
ፈጸሙ፡ ነናብ ሃገሮምን ዚለኣኽኦም ቤተ- ክርስትያናትን
ወይ ሚስዮናትን ተመሊሶም፣ ሓላፍነት ክሽከሙ፡ እተማህ
ርዎ ኣብ ግብሪ ከውዕሉ፡ እቲ ኣብ ወጻኢ ዚቕመስዎ ትም
ህርትን ዚረኸብዎ ሓዲሽ ተመኲሮን ንደቂ ሃገሮም ከካ
ፍሉ፡ ብሓጺሩ፣ ዚቕመስዎ ትምህርትን ዚረኸብዎ ተመኲ
ሮን ኣብ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ቤት ክርስትያንን ከው
ዕሉ፡ ዚብል፡ ትጽቢት፡ ጸንሐን።
እንተ ኾነ ግና፡ መራሕቲ ማሕበራት ሚስዮን ዓለም፡
ቤተ-ክርስትያናት፡ ባህገን ከምቲ እተደልየ ኳይኑ ኣይተረ
ኸበን። ከምቲ ዚበልኦ፣ ኣብ ወጻኢ ተማሂሮም ናብ ህዝቦን
ሃገሮምን ክምለሱ ከሎዉ፣ ዘይጸንሑም ጠባይ፡ ልምዲ ሒዞ



ም ይርከቡ። እዚ ከይተርፍ፡ ንመራሕቶም ጥራይ ዘይኰ
ነስ፣ ኣብ ቅድሚ ህዝቦምን ቤት ክርስትያናቶምን፣ ከም
ኣጋይሽ፡ ጓኖት፡ መሲሎም ኪርኣዩ ይርከቡ ኣሎዉ፡ ተባ
ህለ። በዚ ምኽንያት እዚ እተላዕለ፡ ማሕበራት ሚስዮን
ዓለም ተራኺበን፣ ነቲ ዚረኸብኦ ሓዲሽ ተሞኲሮ፡ ክዛራረ
ባሉን ክሓስባሉን ኣድለየ።
ብድሕሪ'ዚ፡ ማሕበራት ሚስዮናት ዓለም፣ ኣብ መወዳ
እታ 1880ን መጀመርታ 1900ን ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ዓዲ እንግ
ሊዝ ኰነ ኣብ ስኮትላንድ፡ ተራኺበን፡ ነዞም ሓደስቲ ተሞ
ኲሮታተን መፍትሒ ክምህዛሉ ተገደዳ። ፖሮፌሶር ኮልሞ
ዲን፡ መራሒ ወ.ሽ.ሚ.፡ ሓለቓ ቀሺ ማርቆስን መምሃርቶ
ምን፡ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ጉባኤታት እተኻፈሉ ነበረ።
ሓደ ካብቲ ትካላት ሚስዮናት ዓለም ዚወሰድኦ ስጉ
ምቲ፣ ኣብ ወጻኢ እተማህሩ፣ ሽኽሚ እምበር፡ ንጥቕሚ
ኣይኰኑን፥ ኣብ ርእሲኡ፡ እቲ ናብ ወጻኢ ወሲድካ ምም
ሃር፣ ብዙሕ ገንዘብ ዚሓትት ኢዩ፡ ብምባል፤ "ኣብ ክንዲ
ንደቂ ኣፍሪቃን እስያን ናብ ኤውሮጳ ወይ ኣመሪካ ወሲ
ድካ ወይ ልኢኽካ ትምህርቲ ምሃብ፣ መዝነት ዚወስዱ፡
በቶም ካብ መሬቶም ዚበቖሉ፡ ኣብ ሃገሮም እተማህሩ፣
ኣህጉራውያን ቤተ-ክርስትያናት ምህናጽ ይሓይሽ። "ኣብ
ውሽጢ ሃገሮም፡ እንተ ዘይኰነ ግን፣ ኣብ ጥቓ ሃገሮም፡
ክምሃሩ፡ ይግባእ"፡ ዚብል ሓሳብ በርሀ። በይሩት፡ ከተማ
ሊባኖን፡ ከም ቀረባን ማእከለይትን ስለ እተወስደት ኸኣ፣
ስፍራ ትምህርቲ ንኽትከውን ሽዑ ተመደበት።
ብድሕሪ እዚ ውሳኔ ትካላት ሚስዮን ዓለም፣ ባህታ ተስ
ፋዮሃንስ፡ ጸዓዘጋ፡ 1909፡ ከም ቀዳማይ ኤርትራዊ፡ ንት
ምህርቲ ናብ በይሩት ተላእከ። ባህታ፡ ንሃገሩ ቅድሚ ምም

ላሱ ብ1911 ሞተ። ብድሕሪኡ፡ ክልተ ደቂ ቀሺ ተወልደ መድህን፣ ይስሃቅን ኤፍሬምን፡ ምስ ብጻዮም፣ ባህታ ጊላ ሚካኤል፡ ሰዓቡ። 1888፣ ዳላስ ነጋሽ (1869-1929 ምስ ብጻዩ፣ ገብረ ጊዮርጊሽ ትርፌ (1869-1893)፡ ናብ ፊቨንገ፡ ሃገር ጣልያን፡ ብቫልደንሳውያን ዚካየድ ቤት ትምህርቲ፡ ንትምህርቲ ተላኢኾም ጸንሑ (እዞም ክልተ፣ ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን፡ ዚሓገዞም ተምሃሮ እዮም)።

ናብቲ ቀዳማይ ሓሳብና ክንምለስ። በቲ ሓደ ወገን፣ እቲ ኣብ መንጎ ምሁር ተመራሒ ወዲ ሃገር፡ በቲ ካልኣይ ወገን፣ ወጻእተኛ መራሒ ስራሕ፡ እተላዕለ ነገር እዩ። ከምዚ መበሊና፣ ኣብ መንጎ ሚስዮናዊ ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶንን ቀሺ ማርቆስን ናይ ዘይምቅዳው መንፈስ ተላዕለ። ከምቲ ቀሺ ማርቆስ ክብልዎ እንረኽቦም፡ እዚ፣ ንነዊሕ ዓመታት ዚጸንሐ፡ ኣብ መወዳእታ ግና እናተገልጸ ክኸይድ ጸንሐ። ኣብ ጥቓ ቀሺ ኣ. ስቨንሶን ምንባር ምስ መረሮም፡ ክሳዕ፤ ”በርዑት ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን (ጸዓዚጋ) ተቔሪነ ክነብር ኣይደልን እየ”፡ ኣብ ምባል፡ በጽሑ። ከምቲ እነስ ተውዕሎ፣ ብገዛእ ርእሶም ዚሓድርሉ መገዲ ሃሰስ ኣብ ምባል’ውን በጽሑ።

1900 ዓ.ም.ፈ.፡ ከምቲ ዚበልዎ፣ መንግስቲ ኣብ ዚሓበረሎም መሬት፡ ካብ ስፍራ ሚስዮን ወጻኢ፡ ህንጻ ንኽሰርሑ፡ ካብ መራሕቲ ሚስዮን ሓገዝ እንተረኸቡ 1000 ፈረንካ ሓተቱ። መራሕቲ ሚስዮን ግና፡ ነቲ ዚቐረቦም ሓተታ ቀሺ ማርቆስ፤ ”እቶት ዚረኽበሉ፡ ካብ ሚስዮን ርእሱ ነጻ ዚሓድረሉ መገዲ ደልዩ፡ እዩ”፡ ኢሎም፡ ስለ ዝተርጐሙዎ፡ ተቐባልነት ኣይሃብዎን። መራሕቲ ከምኡ ክብሉ ከሎዉ፣ ተወሳኺ፡ ምኽንያት ነበሮ። ንሱ ኸኣ፡ ብሓጺሩ፡ ንቀሺ



ማርቆስ፡ ካብ መምህር ተወልደ መድህን ገብረ መድህን ፈልዮም ክርእይዎም ኣይደለዩን፡ ”ሓገዝ ክንህቦ እንተ ኾና፣ ከምቲ መሳርሕቱ ኣብ ዓዱ ገዛ ዚሰርሐ፡ እዚ ድማ ኣብ ዓዱ፡ ዓዲ ኳዜን፡ ክሰርሕ ከሎ እዩ”፡ በሃልቲ፡ ኰኑ።

እመቤት ረጊና ኣብ መንጎ 1903-1905 ብዕድመ ዚደፍኡ ወለደን ክበጽሓ፡ ናብ ዓደን ተመልሳ። ቀሺ ማርቆስ’ውን፡ ፍቓድ ረኺቦም፡ ናብ ሃገር ሽወደን ሰዓብወን። ኣብ መወዳእታ 1905፡ መምሃርቶምን መሳርሕቶምን ዚነበረ ወዲ ኦሮሞ፡ ኦነሲሞስ ነሲብ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዘመልከትናዮ፡ ንቐዳማይ ጊዜኡ ናብ ዓዱ ክምለስ ዕድል ረኺቡ ኣሎ። ቀሺ ማርቆስ ናይ ሃገር ሽወደን ጊዜኦም ወዲኦም፡ ኣብ እግረመገዶም፡ ብኣዲስ ኣበባ ክሓልፉ መደብ ከም ዚነበሮም ንፈልጥ፡ ንሽዋ ገጾም ክጥምቱ ከም ዚጸንሑ ድማ፡ ኣቐዲምና ኣልዒልናዮ ኣሎና።

## ክዝከሩ ይግብኦም እዩ

ምንም እኳ፡ ቀሺ ማርቆስ ቋንቋ ኣዲኦም ከናእሱ፡ ወይ፣ ከም ቋንቋ ክነቕፉ እንተ ተረኽቡ፡ ብዓል ዓብዩ ሓሳብን ሞያን ከም ዚነበሩ፡ ኣንባቢ ክርስዕ የብሉን-።

ቀዳማይ ኣብነት እነልዕሎ፣ ናይ ዓለም መራሕቲ ማሕበራት ሚስዮን፡ ንኣብነት 1910 ዓ.ም.ፈ.፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጽሑፍና ዘልዓልናዮ፣ ኣብ ኤደንብራ፡ ስኮትላንድ፡ ኣኼባ ክገብር ከሎ፡ ከምቲ ቅድም እተባህለ፡ መራሒ ወ. ሽ.ሚ፣ ፕሮፌ. ኣዶልፍ ኮልመዲን፡ ሓደ ካብቶም ተኻፊልቲ ከም

ዚነበረ፡ ኣልዒልና ኣሎና። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ፡ ንስራሕ ሚስ
ዮን ዘመልክት ዓበይቲ ሕቶታት፣ ሓላፍነት ስራሕ ሚስ
ዮን፡ ናብ ኢድ ደቀባት ኣሕሊፍካ፤ "ንወጻእተኛታት ከም
ዘየድልዩ ምግባር"፡ ዚብል፡ ዓበዪ መደባትን ኣርእስትታትን
እሞ ክዝተየኡ ዚጸንሑ፡ እንደገና ሽዑ ተላዕለ። ፕሮፌሶር
ኮልሞዲን፡ ነዚ ሓሳባት እዚ ሒዞም ናብ ስርሖምን ሃገሮ
ምን ተመልሱ፡ ኣብ ግብሪ ክውዕልዎ ከም ዚደለዩን ፈተኑ
ን'ውን ይርአ። ስለዚ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዮሃነሉንድ
ዚመሃርዎም ደቂ ኣፍሪቃ፣ ዓብዪ እምንት፡ ኣሕዲሮም
ከም ዚጸንሑ፡ ኢና፡ እንርዳእ።

ቀሺ ማርቆስ ብወገኖም፡ ሓሳብ መምህሮም ተቐቢሎም፡
ነቲ ካብ ሓላፊ ሚስዮን ዚረኸብዎ፤ "ንወጻእተኛታት (ሚስ
ዮናውያን) *ከም ዘየድልዩ ክንገብሮም፡ ሓላፍነት ንደቂ
ሃገር!"* ዚብል፡ ዕላማ፡ ብግልጺ እሞ፣ ክሳዕ ብጽሑፍ ከልዕ
ልዎ፡ ኽካትዕሉ፡ ብግልጺ ሓሳብ ፕ/ር ኮልመዲን ከዘው
ቱርን ክጥቀሙን ጀመሩ። ነዚ ሓሳብት እዚ፣ ቀሺ ማርቆስ
ጥራይ ዝመጽእ ዚነበረ ይመስል (ደራሲ ዘጠመቓ፣ ራሄል
ምስግና ክፍሉ፡ ሽወደን፡ ነዚ ዚቐርብ ዘሎ ሓሳብ፡ ኣብቲ
እተካይዶ ዘላ መጽናዕቲ ዛንታ ሚስዮን ኤርትራ፣ ተቛዋ
ሚቱ ወይ ደጋፊቱ ኰይና ክትርከብ፡ ብተስፋ፡ ይጽበ)።

ከም ካልኣይ ኣብነት እንወስዶ፣ ቀሺ ማርቆስ፡ ኣብ
ልዕሊ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤት ክርስትያን ዚነበሮም
ርእይቶ ነልዕል። ኣብቲ፡ ብብዙሓት ምሁራት መምህራን
ሽወደን እተፈልጠን እተነበን፤ *"ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስ
ትያን ኢትዮጵያ ቀደምን ሕጂን" (1892)*፡ እተጻውዐ፡ ኣብ
ኡፕሳላ፣ ንማሕበር ተምሃሮ ቤት ክርስትያን ሽወደን፡ ዘቕ
ረቡዎ ጽሑፍን ትምህርቲን፣ ነታ ጥንታዊት ኦርቶዶክሳ



ዊት ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን፡ በቲ ሓደ ወገን፡ ነቲ ድኹም
መንፈሳን ምድቃሳን ክነቕፉ ጸኒሖም፡ በቲ ካልኣይ ወገን
ግን፡ ኪውድስዋ ንረኽቦም፡ ከምዚ ኸኣ ጸሓፉ፤

> ኣብ ቅድሚ መስቀል በብራኽና ንኽንምርከኽ፡
> ክሳዕ ሕጂ ከይተረፈ እውን ኣብ እምነትና ጸኒዕና
> ንመድሓኒ ዓለም ክንሰግድ ዚመሃረትና ቤተ ክር
> ስትያን እያ እሞ፡ ምስጋናና፡ ይብጽሓያ።

ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሱ'ውን፡ ኣብ መንጎ እዛ ቤት
ክርስትያን እዚኣን ሚስዮንን፡ ናብ ርክብ ዝመርሕ ኣድላዪ
ስጉምቲ ንኽውሰድ፡ ብጽሑፍ ካብ ምግላጽ ድሕር ኣይ
በሉን። ቀጺሎም ዝብልዎ'ውን ነበሮም፤

> እቲ ዚበለጸ፣ ብመንፈስ እተደረኹን እተመርሑን
> ሰባት፡ መዝነት ወሲዶም፡ ንምሕዳስ ቤተ-ክርስትያ
> ኖም ብልብን ሓቅን እንተ ዝጽዕሩላ፡ ንምስዮን
> ከም ዘይተድሊ ክገብርዋ ምኽኣሉ።

ቀሺ ማርቆስ፣ ዕላማ መምህሮምን መራሒኦምን ተሞርኰ
ሾም፡ ደፊሮም፡ ነዚ ሓሳባት እዚ ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ተበ
ገሱ። ሓሳባት ፕሮፌ. ኣዶልፍ ኮልመዲን፡ ኣብቲ ኣብ
ገለብ ካብ 04-07/10-1891 ዚወዓለ ጉባኤ ሚስዮናውያን፡
ብሰፊሑ ተዘርበሉ፡ ብዙሕ ከኣ ኣማጎተ። ፕሮፌ. ኮልመ
ዲን ዘቕረቡዎ ሕቶታት፣

1. መዝነት ሚስዮን እንታይ እዩ፧
2. መዝነት ሚስዮን፤ "ሰባት ብስብከት ወንጌል" ጥራይ
   ናብ እምነት ክርስትና ምምራሕ እንተ ኾይኑስ፡

> በቶም ኣብ ትሕቲኣ ዚርከቡ ደቃ ጌራ፡ ብርሃን ወን ጌል ንህዝቦም ምዝርጋሕዶ ኣይኰነን፤ /.../ በቶም ወንጌላውያን ደቃ ክትእለዶኽ ኣይኰነን፤

ሚስዮናውያን ኤርትራ ንቲ ሓሳባት ፕሮፌ. ኮልመድን ኣጽኒዖም፡ ምስ ተዘራረቡሉ፡ ዚስዕብ ውሳኔ ኣቕረቡ፣

1. ስራሕ ሚስዮን ኣብ ኤርትራ ነባሪ ክኸውን፡
2. ስራሕ ወንጌል ክቕጽል፡ ዕላማ ሚስዮን ድማ ናይ ደቂ ሃገር፣ ወንጌላዊት ቤት ክርስትያን፡ ምትካል፡
3. ሓደ ካብቲ ጻዕሪ ሚስዮን ድማ፣ ንኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ንምሕዳስ ምጽዓር፡ ክኸ ውን።

ሳልሳይ ኣብነት፣ ቀሺ ማርቆስ፡ በቲ ኣብ ሓማሴን እተ ኻየደ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ወንጌል ይዝከሩ።

እመ. ቪንግክቪስት፤ "ሐበሻ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዚመጾ፡ ምክርኻር ይፈትዉ"፡ በሃሊት፡ ነበራ።

ቀሺ ማርቆስ ነቲ ኣብ ሓማሴን እተላዕለ፤ "ምንቅስቓስ ወንጌል"፡ ንሃገር ሽወደን፡ ኣብ ወርሓዊ ጽሑፍ፡ ዘርዚሮም፡ ጸብጻብ ይህቡሉ። ዓመታዊ ጸብጻብ ክቕርቡ ከሎዉ፡ ሽዑ፤

> "ቃል ኣምላኽ ኣብ ሓማሴን (ከበሳ) ክዝርጋሕ እንተ ደሊናዮ፡ ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ፡ እሞ፡ ብደቂ ሃገር ክኸውን ኣሎዎ"፥ ቀጺሎም፤ "ደቂ ማሕበር ኣብ ማእከል ህዝቢ ክቕመጡ ከሎዉ፡ ብህልውን ኦም ኣብነት ክኾኑ ይኽእሉ። ብሕልፊ ቃል ወን ጌል ክዝርግሓሉ ዚኽእል መገዲ፡ በቶም ካብ ስፍራ ናብ ስፍራ እናተዘዋወሩ ኣብ ልቢ ሰብ



> ቃል ኣምላኽ ዝዘርኡ ኣሕዋት ክፍጸም ከሎ፡ ኣጽ ጋቢ ውጽኢት ዘለዎ ኰይኑ ይርከብ" (ኣብ ሃገር ሽወደን፡ ከም፣ ኮልፖተር፡ ዚፍለጡ፡ እናተዘዋወሩ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ዝዝርግሑን ዝሰብኩን፡ ዘኪ ሮም ዚበልዎ ይመስል)።

ራብዓይ፣ ቀሺ ማርቆስ ዘበርከትዎ ጽሑፋት፣

1. ፊደል ሀ ሁ...፡ 1898 ተሓትመ፡
2. መጽሓፍቲ ኣርባዕተ ወንጌላውያን፡ ተተርጒሙ ብ1900 ተሓትመ፡ ውሳኔ ጉባኤ ከም ዘመልክቶ ድማ፣
3. ሓንቲ ንእሽቶ መጽሓፍ ጂኦግራፊ'ውን ጸሓፉ።
4. ኣብ ሃገር ሽወደን'ውን በታ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰት ብዛዕባ፣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤት ክርስትያን፡ ጽሕፍቲ፡ ይዝከሩ (ኣብ ስካንድናቭያ ፍለጠት እዛ ጥንታዊት ቤት ክርስትያን እዚኣ ስለ ዚጐደለን ዘይነበረን፡ መጽናዕቲ ከካይዶም ክቕርቡ፣ ብመም ህሮም ፕ/ር ኮልሞዲን፡ ከምኡ'ውን፡ ጸኒሖ፣ ሊቀ ጳጳሳት ሽወደን፡ ናታን ሰደርብሉም፡ ተተባቢዖም ከም ዚፈጸምዎ ይጥርጠር)።

-ደራሲ መጽናዕቲ ከካይድ 1998 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኤርትራ እተረኽበሉ እዋን፡ ካብ ኢድ ቀሺ ፍትሓዊ ተኽስተ (ደቀ ኣምሓረ)፡ ናይ ኣቦሓጎኡ፡ ቀሺ ጐይትኦም ጋብር (ሓደ ካብቶ ቀዳሞት ተምሃሮ ቀሺ ማርቆስን ተካኢኦምን) ብኢድ እተጻሕፈ ጥራዛት፡ ኣብ ኢዱ ተዋህቦ። ቀሺ ማር ቆስ ንተምሃርኦም ብትግርኛ ዘቕድሕዎ፣ ሓጺር ዛንታ መጽሓፍ ቅዱስ - ብሉይ ኪዳን፥ ወንጌላውያን፥ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ፥ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ

ገላትያ፥ መጽሓፍ ቅዳሴ፥ ብዛዕባ መንግስቲ እግዚኣብሄር፥ ዛንታ ነብያት፥ ብዛዕባ ስብከት፥ ቀጻሊ ብሉይ ኪዳን፡ ዚብል፡ ኣርእስትታት ዚሓዘ፡ ነበረ (ደራሲ ብወገኑ፣ ተኣ ሪሙ እንተተሓትመ፡ ንሓለፍቲ ሉተራዊት ቤት ክርስት ያን ኣረከበ)።

ምንም እኳ እቲ ብቀሺ ማርቆስ እተተርጎመ ክፋል መጽሓፍቲ ሓዲሽ ኪዳን፡ ከምቲ መምህር ዮሴፍ ገብረ ወልዲ ዚጸውዮ፤ "ፍታን ወይ ቦኽሪ ትርጉም"፡ እንተ ነበረ፡ ሓደ ካብቶም ውሑዳት ቀዳሞት ብትምህርቲ ኰነ ምትርጓም፡ ድንግል መሬት ሃገሮም ዚሓረሱ ኤርትራዊ፡ ኢልናዮም ኣሎና። በዓልቲ ቤቶም፡ እመቤት ረጊና ብወገነ ን'ውን፡ ብኹርዓት፡ ንስራሕ በዓል ቤተን ይምስክራሉ ወሲ ኸን ድማ፤ "ሃጸይ ምነሊክ ከይተረፈ፡ ብዛዕባ እዚ ቀዳማይ ትርጕም ትግርኛ ሓ.ኪ. ሰሚዑ፡ ሓደ ቅዳሕ ስደዱለይ"፡ ከም ዚበሉ፡ ይሕብራ።

ንትርጕም ቀሺ ማርቆስ ብዙሓት ደቂ ሃገር ብሃረርታ ዚጽበዮ ዝነበረ እዩ። ብድሕሪኡ፡ ወ.ሽ.ሚ.፡ ምሉእ ሓዲሽ ኪዳን ተተርጕሙ፡ ናብ ህዝቢ ክቐርብን ክዝርጋሕን ወሰ ነት። እኳ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ትርጕም ቀሺ ማርቆስ ተማ ሓይሹ፡ ስራሕ ክቕጽል፡ ዚብለ እንተ ነበረ (ትርጉም ቀሺ ማርቆስ ዳርጋ ቃል ብቓል እተተርጐመን ናይ ዘረባ ቋንቋ ከም ዚነበረን ይዝረበሉ)፡ ኣብ መወዳእታ ግን፡ ካብ መጀመ ርታ ምሉእ ሓዲሽ ኪዳን ክትርጕም፡ ነቲ ምትርጓም ዘካ ይድ ፍሉይ ኰሚተ ክምረጽ'ውን ተመደበ። ካብቶም ኣባ ላት ሽማግለ ተርጐምቲ፣ ቀሺ ተወልደ መድህን (ዓድዋ)፡ ቀሺ ተወልደ መድህን ገብረ መድህን፡...ወዘተ፡ ኣቦ መን በር፣ ሓኪም ቪንክቪስት፡ ንሰሚ። ምሉእ ሓዲሽ ኪዳን



ተተርጕሙ ኸኣ 1909 ዓ.ም.ፈ. ተሓቲሙ፡ ናብ ህዝቢ ቀረበ። (ብሉይ ኪዳን ድማ፣ ብእመቤት ኤልሲ ቪንግቪ ስት ምስ ቀሺ እምባየ ህብትዝጊ ወዘተ...፡ ተተርጕሙ፡ 1957 ተሓትመ)።

ናይ ፲፰፻፺፯ ተሐቲሙ ዝወጸ፤
ብታ ማዕልቲ፡ ወጺኡ፡ የሱስ፡ እንካብ፡ ቤት፡ ተቐመጨ፡ ኣብ፡ ጥቓ፡ ባሕሪ፡፡ ተኣኪቡ፡ ናብኡ፡ ብዙሕ፡ ሰብ፡ ክሳብ፡ ዚመጽእ፡ ናመርከብ፡ ኪቕመጥ። ኵሎው፡ ሰብ፡ ኣብ፡ ደረት፡ ቆሙ። ተናገ ራቶም፡ ብምሳሌ፡ ብዙኅ፡ እንተ በሉ። እኒሆ ዘርዒ፡ ወጸ፡ ኪዘርዕ። ንሱውን እንተዘርአ፡ እሎ፡ ዝወ ደቑ፡ ኣመንገዲ፡ መጹ፡ ኣዕዋፍ፡ በልዕዎ። እሎ፡ ዝወደቑ፡ ኣብ፡ እምኒ፡ ኣብ፡ ዜብሉ፡ መሬት፡ ብ ዙኅ። ቶሎ፡ ሠረጹ፡ የብሉንማ፡ ዓሚቑ፡ መሬት፡፡ ፀሐየ፡ እንቲ ወጽአ፡ መጽሎ። ሱርማ፡ የብሉን፡ ነቀጹ። ካልእ፡ እሎ፡ ዝወደቑ፡ ናብ፡ እሾኽ። በቍለ፡ እሾኽ፡ ሐነቆ። ካልእ፡ እሎ፡ ዝወደቑ፡ ናምድሪ፡ ጽብቕቲ፡ ሀቤ፡ ፍሬ። ሐደ፡ናይ ሚእቲ፡ ካልእ፡ናይ፡ ስሳ። ካልእ፡ ናይ፡ ሠላሳ። ዚሰምዕ፡ እዝኒ፡ ዘለዎ፡ ይስማዕ ።

ናይ ፲፱፻ ተሓቲሙ ዝወጸ፤
በታ፡ መዓልቲ፡ እቲእ፡ የሱስ፡ ካብ፡ ቤት፡ ወጺኡ፡ ኣብ፡ ገም ገም፡ ባሕሪ፡ ኮፍ፡ የለ። ብዙሓት፡ ህዝቢ፡ ናብኡ፡ ተኣከቡ፡ ኣብ ጃልባ፡ ወጺኡ፡ ኮፍ፡ ክሳዕ፡ ዚብ ል፡ ህዝቢ፡ ኵሎ፡ ኣብ፡ ገምገም፡ ደውየሎ። ብዙሕ፡ ድማ፡ ብምስላ፡ ነገሮም፡ ከምዚ፡ ኪብል፤ እንሆ፡ ዘራኢ፡ ወፈረ፡ ኪዘርእ። ኪዘርእ፡ ከሎ፡ ኣብ፡ መንገዲ፡ ዝወደቑ፡ እሎ፡ ኣዕዋፍ፡ መጺኤን፡ በልዐእ። ኣብ፡ ከውሒ፡ ዝወደቑ፡ እሎ፡ ብዙሕ፡ መሬት፡ ኣብ፡ ዜብሉ፡ ብኡብኡ፡ በቘለ፡ ዓሚቝ፡ መሬ ት፡ ዜብሉ፡ ስለ ዝኾነ። ጽሓይ፡ ምስ፡ ወጸት፡ ሀጐጐ፡ ሱር፡ የብ ልንዋ፡ ነቐጸ። ኣብ፡ እሾኽ፡ ዝወ ደቐ፡ እሎ፡ እሾኽ፡ በቘለ፡ ድማ፡ ሐነቆ። ኣብ፡ ጽቡቕ፡ ምድሪ ዝወ ደቐ እሎ፡ ፍሬውን፡ ሀበ፡ ሐደ፡ ሚእቲ፡ ገሊኡ፡ ስሳ። ዚሰምዕ፡ እዝኒ፡ ዘለዎ፡ ይስማዕ ።

ብ ፲፱፻፱ ተሐቲሙ ዝወጸ፤
በታ ,መዓልቲ፡ እቲእ፡ የሱስ፡ ካብ፡ ቤት፡ ወጺኡ፡ ኣብ፡ ገም ገም፡ ባሕሪ፡ ኮፍ፡ በለ። ኣብ ጃል ባ፡ ኣትዩ፡ ኮፍ፡ ክሳዕ፡ ዝብል፡ ብዙሓት፡ ሰብ፡ ናብኡ፡ ተኣከቡ። እቲ፡ ኵሎ፡ ሰብ፡ ኣብ፡ ገምገም፡ ባሕሪ፡ ደው፡ ኢሉ፡ ነበረ። ብዙ ሕ፡ ድማ፡ ብምስላታት፡ ነገሮም፡ እናበለ፤ እንሆ፡ ዘራኢ፡ ኪዘርእ፡ ወፈረ። ኪዘርእ፡ ከሎ፡ ገሊኡ፡ ኣብ፡ ጥቓ፡ መገዲ፡ ወደቐ፡ ኣዕ ዋፍ፡ ድማ፡ መጺኤን፡ በልዐእ። ገሊኡ፡ ድማ፡ ብዙሕ፡ ሐመድ፡ ኣብ፡ ዜብሉ፡ ከውሒ፡ ወደቐ፡ ዐሚቍ፡ ሐመድ፡ ዜብሉ፡ ስለ፡ ዝኾነ፡ ድማ፡ ቀልጢፉ፡ በቘለ። ጸሐይ፡ ምስ፡ በረቐት፡ ሀጐጐ። ሱር፡ ዜብሉ፡ ስለ፡ ዝኾነ፡ ድማ፡ ነቐጸ። ገሊኡ፡ ኣብ፡ እሾኽ፡ ወደ ቐ፡ እቲ፡ እሾኽ፡ ድማ፡ በቘለ፡ ሐነቆውን። ገሊኡ፡ ኣብ፡ ጽቡቕ፡ ምድሪ፡ ወደቐ፡ ገሊኡ፡ ሚእቲ፡ ገሊኡ፡ ስሳ፡ ገሊኡ፡ ድማ፡ ሰላሳ፡ ፈሬ። እትሰምዕ፡ እዝኒ፡ ዘላቶ፡ ይስማዕ ።

*መመዛዘኒ ዝኾነና፡ ማእከላይ፣ትርጉም ቀሺ ማርቆስ 1900 ዓ.ም.ፈ.*

ተርጓሚት ብሉይ ኪዳን፡ እመቤት ኤልሲ ቪንክቪስት፡ ሓንቲ ካብቶም ትግርኛ ከም ብቑዕ ቋንቋ ክቕበልን ኣብ ስራሕ ሚስዮን ንኽዝውተርን ዚጸዓራ ሚስዮናዊት፡ ንብጸ ተን፣ ቀሺ ማርቆስ ግርማይ፡ ቀሺ ተወልደ መድህን፡ ወዘተ. ትግርኛ፣ ከም ቋንቋ፡ ክምዕብልን ክስልጥንን ኢሎም፣ ዘር ኣይዎ ድኻምን ጻዕርን፡ ዚስዕብ ምስክር ይህባ፤

ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ስራሕን፡ ነቲ (ከም) ቛንቛ ሸፋቱን ንሶትን ኣንስትን፡ ቛንቛ ዕዳጋን ዚጸንሐ፡ ጥራይ (ንመስምዒ) ወረ (ዕላል) ዝበቅዕ ቛንቛ /.../ ሚስጢራዊ ሓሳባትን መንፈሳዊ ሓቅታትን፡ በዚ ቛንቛ እዚ ከይተረፈ ንኽግለጽ ተዓወቱ።



# ራብዓይ ምዕራፍ

## ጊዜ ምኽሳስ፡ ሓዲሽ ስጉምቲ

ኣብ መወዳእታ፣ እቲ ኣብ መንጎ ቀሺ ማርቆስን ኣቦ መንበር ወ.ሽ.ሚስዮን፡ ቀሺ ስቬንሶን፡ ጸዓጺጋ፡ ዚጸንሐ ናይ ዘይምስምማዕ መንፈስ እናገደደ ከደ። ሓዲሽ ስጉምቲ ይውሰደሉ፡ መግለጺ'ውን ይውሃበሉ።

ነቲ ዘይምስምማዕሲ እንታይ ኣምጸኦ፡ መልዓሊኡኸ ከመይ እዩ፧ እቲ ነገር ዚጸንሐ እዩ። ሓዲሽ ኣይነበረን፡ እና ገደደ ግን ከደ፡ ክሳዕ ናብ ምኽሳስ'ውን ኣብጽሖ።

ነቲ ዘይምስምማዕ ዘልዓለን እቲ እተወስደ ስጉምቲን ክንርኢ ከሎና፡ ምናልባሽ'ውን ቅድሚ ፍርድና ምሃብ፡ ናይ ክልቲኦም ሓሳባት ምኽፋል የድሊ። ነዚ ክንገብር እን ኽእል ኽኣ፣ እተመዝገበ፡ ንኣብነት፣ መልእኽቲታት፡ ቃለ ጉባኤ፡ ረኺብና ከነጽንዕ ከሎና እዩ። ሽዑ፣ ከሳስን ተኸሳ ስን መን ከም ዚነበረ፡ ምኽንያት፤ "ክሲ"፡ ምስክራት ዚሃ ብዎ ርእይቶ እንተ ኣሎ፡ ኹሉ ተመዛዚኑ፡ ይቐርብ። - በቲ ኻልኣይ ወገን፣ ቀሺ ማርቆስ ዚርከብሉ ዚነበሩ እዋን፡ ክንርስዕ የብልናን።

ንቀሺ ማርቆስ ዚቐረቦም ወቐሳ ወይ "ክሲ"፡ ኣብ ቅድሚ እቲ 1910 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ገለብ እተኻየደ ጉባኤ ሚስዮናውያን ቀረበ። መሳርሕቶም ሚ.ካርል ኒስትሮም' ውን፣ ቀሺ ማርቆስ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ንበይኖም ደው

ኢሎም፡ ንዚቐረቦም ክሲ ክቕበሉ ከም እተገደዱ፡ ብጽሑፍ
ይምስክር። ቀጺሉ'ውን፡ መራሒ ወ.ሽ.ሚ.፡ ዮሃንስ ሊንድግ
ሬን፡ ኣብታ ነቲ ሓዲሽ ኣቦ መንበር ሉተራዊት ሚስዮን
ዚጸሓፋ መልእኽቲ፡ ጸኒሓ፤ "ስትርቲ መልእኽቲ"፡ እተጸወ
ዐት፡ እቲ ንቀሺ ማርቆስ ዚቐረቦም ክሲ፡ ብመራሕቲ ወ.ሽ.
ሚ፡ ካብ፤ "ዓገብ"፡ ናብ፤ "ጉድለት ስራሕ"፡ ተቐይሩ፡ ምኽ
ንያት ክሲ ከም ዚኾነ፡ ሓበሬታ ወይ መብርሂ ይህብ።
ንቀሺ ማርቆስ ዚቐረቦም ክሲ፡ ዚስዕብ ነበረ፣

1. ካብ ስራሕ ተወጊዞም ዚጸንሑ ክልተ መምህራን ወ.ሽ.ሚ.፡ ስራሕ ኣብ ሚስዮን ኣድቨንቲስቲ ንኽ ሓቱ ሓጊዝካ፡
2. መም ሃብተማርያም፡ ወንጌላዊት ማሕበር ዚሰርዓቶ ጸሎት ገዲፉ፡ ኣብ ናይ ካልእ ቤት ክርስትያን ጸሎት ክካፈል ተረኺቡ፡
3. ቅዱስ ቊርባን ከይካፈል እተወገዘ፡ ገብረ መድህን፡ ኣብቲ ጊዜ ምውጋዙ፣ ሰለስተ ጊዜ ናይ መርዓ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ኣውሪኻሉ፡
4. ድሕሪ ጸሎት፡ ኣብ (ውሽጢ) ቤተ-ክርስትያን ምስ ወዲ ማሕበር ተቛይቝካ (ተጻሪፍካ)፣ ቀሺ ክብሎ ዘይግብኦ ድማ ካብ ኣፍካ፡ ኣውጺእካ።

ጉባኤ ገለብ፡ ንቀሺ ማርቆስ ዚቐረቦም ክሲ ድሕሪ ምስ
ማዕ፣ ንሓደ መንፈቕ፡ ካብ ስራሕ ክህነት ክእለዩ፡ ናይ
ምምህርና ስርሖም ከም ቀደሞም ክቕጽሉ፡ ወርሓዊ ደሞዝ
ከም ቀደሙ ክወሃብ፡ ፈረደ። እተዋህቦም ፍርዲ ኽኣ፣
ክሳዕ 1ይ ጥሪ 1911 ክሰርሕ ተወሰነ።

ሚስዮናዊ ካርል ኒስትሮም፡ ተኻፋሊ ጉባኤ፡ ብዛዕባ
ሓላፊ ማሕበር ኣስመራ (ሓላፊ ቀሺ ማርቆስ፡ ኦ. ኤሪክሶን



(1905-1915))፤ "ቀሺ ማርቆስ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ንው
ልቂ ዶው ኢሉ፡ ክሱ ክቕበል እናርኣየ ክነሱ፣ ብግልጺ
ከይተማጎተሉ ስለ ዚተረፈ፡ ወይ ደገፉ ስለ ዘይሃቦ፡ ወቓሲ
ኢዩ። ብሓጺሩ፤ "ንቀሺ ማርቆስ ኣሕሊፉ ናብ ኢድ ጉባኤ
ክህቦ ኣይነበሮን"፡ ብምባል፡ ርእይቶኡ የቕርብ። ካልኣይ፡
ክሲ ክቕበሉ ከሎዉ ድማ፤ "ኤሪክሶን ኲነ ቀሺ ማርቆስ፡
ኣብ ጉባኤ ገለብ ቅድሚ መስከርቲ ነገሮም ኣየቕረቡን"።
ሚ. ኒስትሮም'ውን ነዚ፡ ሓደ ካብቲ ጉድለት ጉባኤ ከም
ዚነበረ ጌሩ ይወስዶ። ስለዚ፡ ኒስትሮም፡ እቲ ኣብ ጉባኤ
ገለብ እተራእየ፣ መራሒ ሚስዮን ኤርትራ፣ ቀሺ ስቬንሶን
(ማለት፣ ኣቦ መንበር) ዚፈጠሮ ወይ ዝመሃዞ ክሲ ኢዩ፡
በሃሊ፡ ኲነ።

ቀሺ ማርቆስ ብወገኖም'ውን ነዚ ዚሳማማዕ ቃል የቕ
ርቡ፤

> ስቬንሶን፡ ቅድሚ ዕስራ ዐመት* ጀሚሩ፣ ነገረይ
> ክደልየኒ ጸንሐ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዩ፡
> ሕጂ፣ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ዶው ዘበለኒ፡ ኢሎም፡
> ንእተጓነፎም ነገር መግለጺ ይህብሉ (*ቀሺ ማር
> ቆስ፤ "ቅድሚ ዕስራ ዓመት"፡ ዚብልዎ ዘሎዉ፡
> ግሉጽ ኣይኰነን፡ ግን ጉባኤ እምኩሉ (1891)፣
> ኣብ ትሕቲ ስቬንሶን ክሰርሑ፡ ብእኡ ድማ ክም
> ርሑ፡ ከም ዚወሰነ፡ ንዝክር። ምዕዶ ሚ.ኒስትሮም
> ከም ተወሳኺ ርአ)።

ሚስዮናዊ ንስትሮም፣ ነዚ ምስክር ዘየብሉ ኲይኑ ስለ ዚረ
ኸቦ፡ ንተኸሳሲ፡ ሓገዙ ኣይሃበን፡ ከም ብጻይ ግና፣ 1. ቀሺ
ማርቆስ፣ እሺ፡ ኢሎም፡ ብቀሺ ስቬንሶን ክምርሑ፡ ምዕ

ዶኦ ሃበ። 2. እቲ ክዛረብ ዝግብኦ፡ ቀሺ ኤርክሶን ክነሱ፡ ክሲ ክቐርብ ከሎ፣ ኣፉ ስለ ዚሓተመ፥ 3. ቀሺ ስቬንሶን፣ ንቀሺ ማርቆስ ናብ ጉባኤ ጸዊዑ፡ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ብምኽሳስ፡ ግቡእ ከም ዘይገበረ፡ ይጽሕፍ።

ኣብዚ ዚሰመናዮ መልእኽቲ፡ ሚ. ኒስትሮም፣ ንኣክሰል ቤ. ስቬንሶን (ጸኒሑ መራሒ ሉ.ሽ.ሚስዮን)፡ ዚጽሓፎ ተወ ሳኺ ኣገዳሲ ነገር ንረክብ። ንሱ ድማ፡ ምስ ቀሺ ማርቆስ፣ ኣብ ሽዋን ትግራይን ስራሕ ወንጌል ክኸፍቱ መደብ ከም ዚነበሮም እሞ፡ ሓሳቡ ከካፍል ከሎ፣ 4. ቀሺ ማርቆስ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዚሰመናዮም፡ ካብ ስራሕ ሚስዮን ከኣ እተወገዙ መምህራን፡ ሓገዞም ክህቡ ስለ ዚጸንሑ እሞ፡ ግቡእ ወይ ዘይግቡእ ምኽኒኑን ክልቲኦም ተዘራሪቦሙሉ ከም ዚጸንሑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ከምቲ ቃለ ጉባኤ ዘመዝገቦ፤ ንቀሺ ማርቆስ ካብ ስራሕ ምኽኣላፍ፡ ጊዜ ምሕጻሩን ምንዋሑን፡ ተኸሳሲ ባዕሉ ክውስኖ፡ ተባህለ። - ተፈራዲ፣ ነቲ ከምዚ ምባል ዘኪሮም፡ ከም ሓውሲ ሕርቃን፤ "ኣብ ዝመጽእ ኣኼባ ቀሪበ፡ ንመራሕቲን መራሒን፡ ነቲ ካብ ኣፍካ ኣውጺእካ፡ እተባህለኒ፣ ብጽሑፍ እቕሬታ ክሓተሉ፡ ተነግረኒ"፡ ዚብል፡ ትርጉም ይህብሉ።

ቀሺ ማርቆስ ናብ መራሒ ወ.ሽ.ሚ. ዚጽሓፍወን፤ "3 መግለጺ መልእኽትታት"፡ ንረክብ። ኣብዚኤን፡ ደጋጊሞም፡ ሓሳቦም ንስቶኮልም ከቕርቡ፡ ነቲ ዚቐረቦም ክሲ ከኣ መግ ለጺ ክህቡሉ ከሎዉ እዩ። ኣውራ ዘሕዝን ኰይኑ ዚረኸ ብዎ፡ እሞ፡ ደጋጊሞም ዘልዕልዎ፡ እቲ፣ ንመዓርግ ክህነ ቶም ዘመልክት ወቐሳ፡ ነበረ።



እታ መዓርግ ክህነት ዚሃበት፣ ቤት ክርስትያን ሃገር ሽወደን፡ ኢያ። ኣብ ቅድሚ መሰውያ ቤት ክርስትያን ሽወ ደን ዶው ኢሎም ኸኣ፣ ከም እሙን ኣገልጋሊ ክርስቶስ ጽሩይ ወንጌል ክሰብኩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ቤት ክርስትያንን ማሕልኦም ሃቡ። ስርዓትን ሕጊ ቤተ- ክርስት ያንን ምስ ተማህሩ፡ እሞ ቅድሚ መዓርግ ክህነት ምው ሳድ፡ ብቕዓቶም ኣብ ቅድሚ ሊቀ-ጳጳሳት ሽወደን ተፈቲ ኑን ተመርሚሮን እዮ። እቲ ስራሕ ክህነት ከይፍጽሙ ክዓ ግቶም ዚኽእል፡ ወይ፡ ካብ መዝነት ክህነት ከውርዶም ዚኽ እልሲ፡ መን'ዩ፧ ቀሺ ስቬንሶን፡ ጸዓዘጋ ዲዩ፡ ወይሲ፣ እታ መዓርግ ክህነት ዚሃበት ቤት ክርስትያን ሽወደን፧ በዚ መሰ ረት'ዚ እተላዕለ፡ ከም ቀጻሊ፡ ንቀሺ ስቨንሶን ዝስዕብ ወቐሳ የቕርቡ፤

> ብስራሕ ክህነተይ ወቒሱ፡ ካብ ስርሔይ ክዓግተኒ ዚኽእል መሲሉዎ፡ ብሽምዓን ላምባን፣ ጌጋ ክረኽ በለይ፡ ስመይ ካብ ምጽላም፡ ዓሪፉ ኣይፈልጥን። ከምቲ ዕላምኡ፣ ኣብ መጻወድያ ኽእትወኒ፡ ንነ ዊሕ እዋናት ፈተነ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተላዒሉ ዚረኸብናዮ፡ ብስራሕ ክህነቶም ዚቐረቦም ወቐሳ፡ ዓብዩን ዘሰክፍን ኰይኑ ስለ እተሰምዖም፡ ኣብ ሃገር ሽወደን ዕንቅፋት ከምጽኣሎም ዚኽእል ከይ ከውን፡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት፡ ፍርሓቶም ንኣክሰል ቤ.ስቬ ንሶን፡ መራሒ ቤሽ፡ ከየልዓልሉ ኣይተረፉን። ንሱ ድማ ብወገኑ፤ "ከም ዓቕመይ፡ ወገን ብዘይብሉ መገዲ፡ ንጥር ዓንካ ክምርምሮ እየ"፡ ዚብል፡ ብኢድ ጽሑፍ፡ ቃል፡ ኣተወ ሎም።

ጸኒሕና ከም እንግንዘቦ፡ ቀሺ ማርቆስ ነቲ ብዛዕባ መምህራን ዚቐረበ ክሲ፡ ዚእመንሉ ድኣ እምበር፡ ዚኽሕድዎ ኣይነበሩን። ኣብ መንጎ ህዝቦምን ሽወደናውያንን ኣትዮም፡ ከተዓርቑ፡ ኢዶም ሽምግልና ከእትዉ፡ ትርጁማን ኰይኖም ሓገዞም ክውፍዩ፡ ናይ ግድን ነበረ። መምህራን ዘድልዮም ደገፍ ክረኽቡ ኢሎም'ውን፡ ክሳዕ ናብ፣ ኣድቨንቲስቲ ሚስዮን ከይተረፈ፡ የሰንይዎም ከም ዚነበሩ፡ ዚእመንሉ ድኣ እምበር፡ ዝኽሕድዎ፡ ኣይነበረን። ከምቲ እንግምቶ፡ መምህራን ብወገኖም፡ ንቀሺ ማርቆስ፣ ነዞም ጽዓዱ ንስኻ ተዛረበልና፡ ጥርዓንና ኣቕርበልና፡ ንስኻ ካባና ኣብሊጽካ ትፈልጦም፡ ይብልዎም ከም ዚነበሩ እዩ ዝእመን። ሓደ ካብቲ ዘገርም ኰይኑ ዚረኽብዎ ግና፡ መሳርሕቶም፣ ቀሺ ተወልደ መድህን ምስ ደቆም፡ ብምኽንያት ትምህርቲ ምስ ኣድቨንቲስቲ ሚስዮን፡ ይራኸቡ እኳ እንተ ነበሩ፣ ደቒኻ ናብ ቤት ኣድቨንቲስቲ ልኢኽካ፡ ተባሂሎም፡ ብመራሒ ወ.ሽ.ሚ. ክውቀሱ ኣይንርኽቦምን።

ናብቲ ንመርዓ እተወርየሉ መምህር እንተ ተመለስና፡ ከምቲ ስርዓት ቤት ክርስትያን ዝእዝዞ፡ ነቲ ቃል ኪዳን ክኣስር፡ ንመርዓ ዚቀራረብ ሰብ፡ ቅድም፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣቐዲሙ ሰለስተ ሰናብቲ ይውረየሉ። ቀሺ ማርቆስ ከኣ፡ ከምቲ ግቡእ፣ ናብ መርዓ ይቃራረብ፡ ምስመን ቃል ኪዳን ከም ዝኣስር ኣውረይሉ ድኣ እምበር፡ እቲ ቃል ኪዳን ዘእሰረ ንሶም ኣይነበሩን፣ ሓደ ካብቶም ሚስዮናውያን መሳርሕቶም እዩ። ስለዚ፤ "እቲ በዳሊስ፡ ሕጊ ቤት ክርስትያን ተመርኲሱ ብዛዕባ መርዓ ዘውረየ ድዩ፡ ወይሲ፡ እቲ ቃል ኪዳን ዘእሰረ፧" ብምባል፡ ካብ ምሕታት፡ ሱቕ ኣይበሉን።



ቀሺ ማርቆስ ንዓብዪ መምህሮም፡ ፕ/ር ኣዶልፍ ኮልሞዲን ዚጽሕፍዎ ዚነበሩ መልእኽቲታት ከነጽንዕ ከሎና፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዚጸንሐ ዓብዪ እምነት ቀጻሊ ከም ዚነበረ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ቀሺ ማርቆስ፡ ነቲ ምስ ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን፡ ጸዓዚጋ፡ ዚጸንሖምን ቀጻሊ ናይ ዘይምስምማዕ መንፈስ፡ ክሳዕ ስሚዒቶም ከይተረፈ፡ ከይሓብኡ፡ የካፍሉ ከም ዚነበሩ ኢና እንግንዘብ። ንኣብነት እትኾነና፡ ብድሕሪ እቲ ጉባኤ፣ ብ16 ሕዳር 1910 ካብ ኣስመራ ዚጸሓፉዋ መልእኽቲ ንርኤ፤ "እተጸበናዮ ተፈጺሙ፡ ቀሺ ስቬንሶን ነቲ ነገር ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ገለብ ኣቕሪቡዎ፡ ስጉምቲ ከም ዝውሰዶ'ውን ተገይሩ"፡ ትብል (ቤት መጽሓፍቲ፣ ካሮሊና ረዲቪቫ፡ ኡፕሳላ)።

ክሳዕ ሕጂ፡ እቲ ኣብ መንጎ ስቬንሶንን ቀሺ ማርቆስን ዚነበረ ዘይምቅዳው፡ ካብ ኣፍ ሓደ ወገን፡ ማለት፣ ተኸሳሲ፡ ክንጠቅስ ጸኒሕና። ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን ብወገኑኸ፡ ነቲ ካብ ተኸሳሲ ዚቐረቦ ወቐሳ እንታይ መልሲ ሃበሉ፡ ወይ ይህበሉ፧

ቀሺ ኣንደሽ ስቤንሶን ንሉ.ሽ.ሚ. ዚጸሓፎ መልእኽቲ ከነጽንዕ ከሎና፡ ነቲ ብቀሺ ማርቆስ እተባህሎ፣ ከሓዲኡ ድኣ እምበር፡ ዚእመነሉ ኣይነበረን። ከም ተቐጻሊ'ውን፣ ንኣክሰል ቤ.ስቬንሶን፡ ከም መጠን ኣቦ መንበር፤ "ጐዳኢ፡ ዘይቅኑዕ ወረ ከይቅጽል፡ ንኸቋርጽ፡ ክጽዕር"፡ ግብኡ ከም ዝኾነ፡ የዘኻኽር። - ቀሺ ኣንደሽ ስቬንሶን ነዚ ክጽሕፍ ከሎ፡ ወ.ሽ.ሚ. ድሮ ኣብ ክልተ ተኸፊላ፡ ቀሺ ማርቆስ፡ ስርሖም፣ ምስ ቤቨ (ሉ.ሽ.ሚ.) ጀሚሮም፡ ኣለዉ። - ኣብቲ ጊዜ'ቲ፡ ኣብ ኤርትራ ከይተረፈ፣ ወ.ሽ.ሚ. ግዲ ጽሩይ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይትምህርን ኢያ፡

ዚብል፡ ሕሜታ፡ ኣብ ምዝርጋሕ በጺሑ ነበረ።

እዚ ኵሉ ክርክርሲ እንታይ ኣምጽኡ፧ እንተ በልና፡ ምንም እኳ ቀሺ ማርቆስ ብመሳርሕቶም ኩነ በቲ ዚነበረ በብዓይነቱ ኵነታት ብዙሕ እንተ ተወጽዐ፡ እቲ ኣብ ማእከል ሸወደናውያን ምዕባይን ምምሃርን፣ ጕድለት ትምህርቲ መሳርሕቶም፡ ጠባዮም፡ ኣብ ሃገሮም ዘሕልፍዎ ዚነበሩ ናብራ፡ ፍልጠቶም ሂብዎም እዩ። ስለዚ ነቶም ጸዓዱ መሳርሕቶም፡ ከም ሓውሲ ጸርፊን ምንኣስን፡ ከምቲ እተነግረና፤ "ሓለውቲ ሓሰማታት! ትምህርቲ ዘይየብሎም!" እና በሉ፡ ይጸርፍዎም ነበሩ ይብሃል (ቃለ ወኸሳ ጓል ማሕበር፡ ኣስመራ 12-01-12014)። ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ፣ መሰሎም፡ መሰል ደቂ ዓዶም ክሕሎ፡ ክማጎቱ ከሎዉ ኢና እንረኽቦም። እዚ ንገዛእ ርእሱ፡ ተወሳኺ መሰረት ግጭት ክኸውን ይኽእል። ክውሓጠሎም ዘይክእል ነገር ክጓነፎም ከሎ፡ ወይ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ጽቡቕ ኰይኑ ዘይተራእዮም፣ ሱቕ ኢሎም ዘሕልፉ ሰብ ኣይነበሩን። ኣብ ርእሲ እዚ ኵሉ፡ ከምቲ እንግዝበ፣ መራሒ እምበር፣ ተመራሒ ሰብ፡ ዚነበሩ፡ ኣይመስልን።

## ብልሹው/ጥፉእ ሓበሻ

ንቀሺ ማርቆስ ዚዝክሩን ፍልጠቶም ዚጸንሖም ሸወደናውያን፡ ስሞም ክልዓል ከሎ፤ "ቀሺ ከም ጋሻ ኣይምጻእካ!" ዘብሉ፡ ሰብ ከም ዚነበሩ፡ ጌሮም፡ ይዛረቡሎምን ይዝክርዎ



ምን። በቲ ካልኣይ ወገን ተዋዛዩ፡ ግርማ ኣኼባ ከም ዚነበሩ'ውን፡ ካብ ኣፍ ቀረብቶም፡ ኣቓዲና፡ ሰሚዕናዮ ኣሎና።

መምህር ብርጊታ ኦርነል፡ ስቶኮልም፡ ጓል ሓብተን ንእመቤት ረጊና ብወገና፤ "ናእሽቱ ከሎና፡ ብጠባይናን ኣዘራርባናን ኣካይዳናን ከይኣረመ፡ ኣይሓልፍን ነበረ"፡ ትብል።

ደቂ ሃገርከ ንቀሺ ማርቆስ ብኸመይ ዓይነት ይርእይዎም ነበሩ፧ ብዝብል ሕቶ ተመርኲሽና፡ ነቶም ናይ ቀረባ ኣፍልጦ ቀሺ ማርቆስ ዚጸንሖም ሓተትና። ዚረኸብናዮ መልሲ፤ "ብሳጕኦም ንጽውዖም ነበርና"፡ ዚብል፡ እዩ። እቲ ብደቂ ሃገሮም እተዋህቦም ሳጓ፡ እንታይ ምኳኑ እኳ እንተ ተረስዐ፡ ብስርሖምን ጠባዮምን፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ብዙሓት፡ ከም፣ ጸዕዳ ሓበሻ፡ ይርኣዩ ከም ዚነበሩ ይግመት። ባዕሎም ንገዛእ ርእሶም፡ ነቲ ጽሒፎም ዚገደፉልና ዛንታ ህይወቶም፡ ካብ ሸወደን ናብ ትግርኛ ክንትርጐም ከሎ፤ *"ብልሹዊ ወይ፡ እተባላሸወ ሓበሻ፡ ጥፉእ ሓበሻ"*፤ ዚብል፡ ኣርእስቲ፡ ክህብዎ፡ መረጹ።

### *ፍሉይ ሰብ*

ቀሺ ማርቆስ ንገዛእ ርእሶም፡ ብተፈጥሮኦም፣ ከቢድ፡ ጥልቃዊ፡ ኣስተንታኒ ሰብ፡ ከም ዚነበሩ፡ ጌሮም፡ ብዙሕ ጊዜ ክዛረቡላ ከሎዉ፡ ከምኡ'ውን፣ ካብ ቤት ምስሌኔታት ከም ዚመጹ፡ ክምክሑ ንረኽቦም።

ኣስዒብና፡ ብዛዕባ መን ንጽሕፍ ከም ዘሎና ኣፋፉኖት ዚህበና ከም ምስክር ነቕርብ።

ካብቶ ኣብ ኣስመራ እተመደቡ እሞ ሓዳር ዘይተኸሉ ብጾቶም፣ ካርል ኒስትሮምን፡ ቀሺ ኢቫርሶን፡ ኣብቲ ስፍራ ሚስዮን ሓቢሮም ዚቐመጥሉ ጊዜ ነበረ፡ በብታራ መግቢ ክሰርሑ ኸኣ መደብ ኣውጽኡ። ታራ ቀሺ ኢቫርሶን በጽሐ። እዚ፡ ኣብ ኤርትራ ሓዲሽ ስለ ዚነበረ፣ ዕንጨይቲ ምቕራብ ረሲዑ፡ ከምቲ ግቡእ፣ መግቢ ከዳሉ ኣይከኣለን። ኣብ መወዳእታ፣ ቀሺ ኢባርሶንን ካርል ኒስትሮምን ኣድጊ ጽዒኖም፡ ዕንጨይቲ ዝፍልጽሉ ፋሽ ኣብ መመንክቦም ተሰኪሞም፡ እጅጌታቶም ሰብሲቦም፡ ንቀሺ ማርቆስ ከም መራሒ መገዲ ጌሮም፣ ናብ ቤት ገርጊሽ፡ ገጾም፡ ወጹ። እዚኣቶም ደድሕሪ ኣድጎምን ዓረብያኦምን ብእግሮም ክኸዱ ከሎው፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ፈረሶም ተወጢሖም፣ ጠብ ጠብ፡ እናበሉ፡ ኣምርሑ። ኣብ ዕንጨይቲ ዚርከቦ በጽሑ። ዘድልዮም ዕንጨይቲ ኣከቡ። ዘድሊ ዕረፍቲ ወሲዶም፣ ኣብ ዕንጨይቲ ምጽዓን ኣተዉ። ዓረብያኦም ዕንጨይቲ ጽዒኖም ምስ ወድኡ፣ ፍሩስታለ ጣልያን ህሩግ በሎም። መሬት ሕዙእ፡ ዕንጨይቲ ንኽኣርዩ ከኣ ፍቓድ ስለ ዘይጸንሖም፡ ዕንጨይቶም ኣራጊፉ፡ ጥራይ ኢዶም ንኸተማ መለሶም። እዚኣቶም፡ ከምታ ዚመጹዋ፡ ቀሺ ማርቆስ ኣምሪሖም፡ ጥራይ ኢዶም፡ ናብ ቤቶምን ጥሜቶምን ተመልሱ።

ብጽሑፍ ኲነ ዘረባ ሓሳቦም ክገልጹ፡ ንርእይትኦም ክማጎትሉ ብዙሕ ጊዜ ንረኽቦም ኢና። ኣብ ጉባኤ ንስርሖም ዝትንክፍ እሞ ዘማጎቱ ሕቶታት፡ ብሚስዮናውያን ዚቐረቡ እተፈላለዩ ርእይቶታት፡ ናይ ቀሺ ማርቆስ ከይተረፈ፡ ሰብኣዊ ፍልጠቶም ክህበና ስለ ዚኽእል፡ ቀጺልና፡ ከም ኣብነት ነቕርቦ፣

1\. ሕቶ ቤት ትምህርቲ። ኣብ ከባቢ 1893 ዓ.ም.ፈ.፡



ኣብ ጸዓዘጋ ዚነበረ ቤት ትምህርቲ ወንጌላውያን፡ ናብ ኣስመራ ክግዕዝ፡ ተዘርበሉ - ቀሺ ማርቆስ ሽዑ ቀንዲ መምህር ወንጌላውያን ነበሩ። እቲ ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ እተላዕለ ናይ ሓሳብ ፍልልይ፣ ንሚስዮናውያን ከኣ ኣብ ክልተ ወገን ዚፈሊ ኮነ።

ሚስዮናዊ ኣውጉስት በሪማን (1883-1897) ዘለዎም ወገን፡ ካብቶም፣ ከተማ ንጠባይ መንእሰያት ክጽይቕ እዩ፥ ቤት ትምህርቲ ካብ ጸዓዘጋ ናብ ኣስመራ ክግዕዝ ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ዚብል ኰነ።

እቲ ካልኣይ ወገን፡ ቀሺ ማርቆስ ዚነበሩዎ፣ ቤት ትምህርቲ ወንጌላውያን ናብ ኣስመራ ክግዕዝ ከሎ፣ ንማሕበር ጥቕሚ ከምጽኣላ ይኽእል፡ ካብቲ ከተማ ዚህቦ ጉድኣት ኸኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ንማሕበር ኣስመራ ዝህባ ጥቕሚ ይዓብን ይበዝሕን፡ ኢሉ፡ ተኸራኸረ። ኣብ መወዳእታ፡ ወገን ቀሺ ማርቆስ ሰዓረ።

2\. ሓላፍነት ቤት ትምህርቲ ዓሌት ይሓትት። ቀሺ ማርቆስ ምስ መንእሰያት ማሕበር ዝነበሮም ጽቡቕ ርክብ እተመስከረሉ እዩ። ጉባኤ ኲነ እቶም ከም መምህር ዚፈልጥዎም ሰባት ድማ፤ "ንኡድ መምህር"፡ እናበሉ፡ ስሞም ብቕንኣት ከልዕሉ ኢና እንረኽቦም።

ንኣብነት፣ ዛንታ ሚስዮን ዚጸሓፈ ሸወደናዊ፡ ስራሕ ሚስዮናት ክግንዘብ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ካልኦት ክፍለ-ዓለማት፡ ዑደት ድሕሪ ምክያድ፤ "ሸወደናውያን ሚስዮናውያንን ኣንበሳዊ ግብርታቶምን - ስራሕ ሚስዮንን ናብራን ኣብ ምብራቕን ምዕራብ ኣፍሪቃን - ኮንኳ፡ እስያ፡ 1919 ዓ.ም. ፈ."፡ ዚብል መጽሓፍ ኣሕተመ። እቲ ደራሲ፣ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ክሳዕ ጸዓዘጋ፡ ሓማሴን፡ በጽሐ። ኣብ እግረ መገዱ'

ውን ንቀሺ ማርቆስ ረኺቦም። ስርሖም ተዓዚቡ፤ "ንኡድ
መምህር፡ ምስ ጽዓዱ ክመዛዘን ዚኽእል ኣፍሪቃዊ፡ እሞ
ክብ ዚበለ ትምህርቲ ክቕጽል ዝግብኦ፡ ናይ ሓቂ ተመራ
ማሪ፡ ምሁር"፡ ኢሉ፡ ኣብ ጽሑፍ ሓሳቡ ሂቡ።

ማርቆስ፡ ንቲ ቅኑዕ ወይ ዘይቅኑዕ ኩይኑ እተሰምዮምን
በዒንቶም ዝርእይዎን፡ ርእይትኦም ክይሃቡ ዚሓልፉ ከም
ዘይነበሩ፡ ንምሳሌ ዚኾነና፣

3. መሳርሕቶም፡ ሚስዮናዊት ሁልዳ ሊንድስትሮም፡
እተባህለት፡ ተምሃሮኣ ሒዛ ኣብ በረኻ ክትናፈስ ወዓለት።
ንምሸቱ፡ ብበርቂ ተወቒዓ፡ ብኡ ንብኡ ሞተት። ድንገታዊ
ሞታ ዝነግር ሓጼር ተለግራም ካብ ኣስመራ ንሃገር ሽወ
ደን ተላእከ። ብድሕሪ እዚ፡ ኣብቲ ወርሓዊ መልእኽቲ
ናይ ወ.ሽ.ሚ. መራሒ ሚስዮን፡ ፕ/ር ኮልሞዲን፤ "ሁልዳ
ብበርቂ ተረኺባ ሞይታ"፡ ዚብል፡ ሓጺር መርድእ፡ ጸሓፈ።
ቀጺሉ፣ ወ/ሪት ሁልዳ ን11 ዓመታት ኣብ ኤርትራ ከም
ሚስዮናዊት ከም ዚሰርሐት፡ ኣስዒቡ፤

> "ጽቡቕ ሓደጋዊ ሞት ረኺቡዋ ንኸኸውን፡ ካብ
> ስራሕ ጽቡቕ ዕረፍቲ ክኾነላ፡ ፈተውታ ንምነ
> የላ...ኣምላኽ ኢዱ ኣምቢሩ ይሓልዋን እተጸበያን
> ይኹን"፡ ኢሉ፡ ሓጺር ዛንታ ህይወት ሚስዮናዊት
> ሁልዳ ጸሓፈ።

ቀሺ ማርቆስ በቲ ብዛዕባ መሳርሕቶም ተጻሒፉ ዚረኣይዎ
ኣይተሓጎሱን። ንቶም ናይ ቀደም መምህሮም፡ ፕሮፌሶር
ኣዶልፍ ኮልመድን፡ ስም መሳርሕቶም፡ ሁልዳ ሊንድስት
ሮም፤ "ብሕማቕ ከይልዓል ወይ ክልዓል ዚግብኦ ኣይኮ
ነን"፡ ብምባል፡ ከም ምቅዋም፡ ኣብ ምጽሕሓፍ ኣተዉ።



ሚስዮናዊት ሁልዳ ሊንድስትሮም ብ1850 ኣብ ፍዩ
ሩቢ፡ ኣውራጃ ስሞላንድ፡ ተወልደት። 1887 ከም ሞጉዚት
ናብ ኤርትራ ተላእከት (ቀሺ ገብረ ሃዋርያት ዕቑባልደት
ትምህርቲ ትህድስቲ ክምህሩ ከለዉ፣ ሓንቲ ሚስዮናዊት፡
ሓደ ምሸት፡ በርቂ ክትርኢ፡ ካብቲ ዚነበረቶ ኣጉዶ ንወ
ጻኢ ቅልቅል ምስ በለት፡ ብበርቂ ተሃሪማ፡ ሽዑ ንሽዑ
ሞይታ"፡ ኢሎም፡ ከዘንትዉ ከለዉ፡ ይስምዑ ነበሩ)።

መሳርሕታ፡ በዓል ቀሺ ማርቆስ፡ ንቲ መዓልቲ ድንገት
ዘኪሮም ዘዘንትውሉ እዩ። ወ/ት ሁልዳ፡ ኣብታ መዓልቲ
እቲኣ፡ ምስ ተማህሮኣ ክትናፈስ ኣብ በረኻ ወዓለት፡ ደመ
ና'ውን ኣንጠልጢሉ ወዓለ። ወ/ት ሁልዳ፡ በርቂ ክበርቕ
ርእያ፤ "ኣምላኽ፡ ሎሚ እንተ ዚመጸኒ..."፡ ዚብል፡ መዝ
ሙር፡ ክትዝምርን ክትቃንን ምሉእ መዓልቲ ወዓለት።
በርቂ እናበርትዔ ከደ፡ መሬት ከኣ ክጽልምት ጀመረ።

እቲ ምሸት እቲ፣ ቀሺ ዮናስ ኢቫርሶን ምስ በዓልቲ
ቤቱ፡ ቀሺ ማርቆስ፡ መም ሁልዳ፡ ሓቢሮም፡ ኣብ ውሽጢ
ኣጕዶ ጠረጴዛ ኣኽቢቦም፡ ኮፍ ኢሎም፣ ካብ፣ ሰደር
ሽፒንግ፡ እተባህለት ንእሽቶ ከተማ ሽወደን፡ እተላእኮም
መልእኽቲ ከንብቡ ተቐረቡ። በርቂ እናበርትዐ ከደ፡ ከምቲ
ተጻሒፉ እንረኽቦ፣ ቀሺ ማርቆስ ኣብ መገዲ በርቂ ከም
ዚነበሩ ተረዲኦም፡ ካብ ዚነበርዋ መንበር ተንሲኦም ስፍራ
ቀየሩ። ብጾቶም ሽዑ፤ "በርቂ ፈሪሕካ"፡ ኢሎም፡ ሰሓቕ
ምም። በርቂ ቀጸለ። ኣይጸንሐን፡ በርቂ፣ ናታ ቀሺ ማርቆስ
ኮፍ ኢሎማ ዚጸንሑን ንመንበር ወ/ሪት ሁልዳን ሃረመ።
ካልኦት፡ ከም፣ ቀሺ ዮናስ ኢቫርሶን ምስ ብዓልቲ ቤቶም
ከይተረፉ'ውን ተተንከፉ። በርቂ ብሓዊ ሃስዩ፡ ክሳዕ ናብ
መሬት ዚድርበዩ ኸኣ ገበሮም። ቀሺ ማርቆስ እውን፣

ብናህሪ እቲ በርቂ፡ ናብ መሬት ተደርበዩ። ጎረባብቶም፣ ብዓል ካርል ኒስትሮም፡ በቲ ዀነታት እቲ ብርቱዕ በርቂ ተሰኪፎም፡ ካብ ፍርሒ እተላዕለ፡ ካብ ዚነበርዎ ኣጕዶ ወጺኦም፡ እናጕየዩ ድሃይ ክፈልጡ ናብ ብጾቶም ኣቶዉ። ወ/ሪት ሁልዳ ብበርቂ ተረኺባ፡ ሞይታ፡ እቶም ዚተረፉ፣ ገለ ካብ ጸጕሮም ሓዊ ነዲዱ፡ ዚተረፉ ድማ ብሓይሊ በርቂ ናብ ምድሪ ተደርብዮም፡ ሰንቢዶም፡ ጸንሑ። እዚ ብ21 ነሓሰ 1898፡ ሰዓት 8 ናይ ምሸት ነበረ።

ሓደ ካብቶም ኣማውታ ሚስዮናዊት ሁልዳ ብቐረባ ዚመስከረ፡ ቀሺ ማርቆስ እዩ'ም። ግን፡ ነቲ መምህሮም ብዛዕብኣን ዚጸሓፎ ኣይተዋሕጠሎምን፡ ስለ ምንታይከ ክሳዕ ክንድዚ ኣብ ምቑዋም በጽሑ፧ በርቂ እናበርትዐ ምስ ከደ፣ ካብ መንበሮም ተንሲኦም፡ ስፍራ ዘይቀየሩ ኔሮም እንተ ዘይኾኑ፡ ንሶም'ውን፡ ካብ ሓደጋ ሞት ኣምበይ ምተረፉን።

ፕሮፌ. ኮልመዲን ብዛዕባ ድንገታዊ ሞት ሞጒዚት ሁልዳ፡ ኣሕጺሩ ክጽሕፍ ዘገደዶ፣ ካብ ምስኣን ጊዜ እተላዕለ ነበረ። ይኹን እምበር፡ ጊዜ ምስ ረኸበ'ውን፡ ብዛዕባ ሞያኣን ዛንታ ህይወታን ኣስፊሑ ኣይጸሓፈን። ቀሺ ማርቆስ ነቲ ብዛዕባ ሞት መሳርሕቶም ተጻሒፉ ዚረኣይዎ "ጓሂ ዘይነበሮ እሞ ዘገርም"፡ ኰይኑ፡ ረኺብዎ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ እቲ ጸኒሖም ንኮልመዲን ዚጸሓፍዎ መልእኽቲ፡ በዚ ከምዚ ይጅምርዎ፤ "ሓደ ነገር ዘተሓሳሰበኒን ዘጕሃየንን ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ፣ ፕሮፌ. ብዝሑል ኣረኣእያ ንሞት ሓውትና፡ ሁልዳ ሊንድስትሮም፡ ምቕባል፡ ብዛዕብ ኤን ኣስፌሕካ ብዘይምጽሓፍ እዩ"። ቀጺሎም፤ "እታ ሓጻር ተሌግራም ንዕኦም ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንብዙሓት ፈተውቲ ሚስ



ዮን ኣተሓሳሲባ፡ ክሳዕ ዘየድሊ ትርጉም'ውን ኣስዒባ"፡ ብም ባል፡ ሓሳቦም ኣቕረቡ።

ቀሺ ማርቆስ፡ ነቲ ንወ/ት ሁልዳ ዝወረዳ ድንገታዊ ሞት፡ ብጾታ፣ ካብ ኣምላኽ ዚወረዳ መቕጻዕቲ፡ ኢሎም፡ ከም ዚተርጕሙዎ እሞ፣ ፍርዲ ኣምላኽ፡ ኰይኑ፡ ተሰሚዕዎም፡ ኣሎ። ካብዚ እተላዕለ፣ ሞታ ናይ ሓደጋ እምበር፣ ፍርዲ ኣምላኽ ከም ዘይነበረ፡ ኣብ ክንድኡስ፤ "ምንም እኳ ሞታ ናይ ድንገት እንተ ነበረ፡ ንሞት ቅርብቲ፡ ሞት ጸጋ ዚረኸበት፡ መርዓት ክርስቶስ"፡ ኢሎም፡ ብጽሑፍ ሓሳቦም ገለጹ።

ቀጺሎም፣ ብዛዕባ ክብሪ ወ/ት ሁልዳ ተኻራኺሩ፡ ከምዚ እናበሉ፤ "ሞጒዚት ሁልዳ ናይ ሓቂ ሚስዮናዊት ዝነበረት እያ። ሓጺር መርድእ ጥራይ ዘይኰነስ፣ ብግብራን ክርስትያናዊ መገዳን ክትንኣድ ዝነበራ"፡ ቀጺሎም፡ ምስ ኤርትራውያን ዚነበራ ርክብ ይገልጹ፤ "ንእሽትቶን ዓብዪን፡ ድኻን ሃብታምን ከይበለት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ዓይኒ እትርኢ፡ ዘገልገለት፡ ምስ ከባቢኣ ጽቡቕ ርክብ ዚነበራ፡ ኣነ ንገዛእ ርእሰይ እውን፣ ካብኣ ብዙሕ ሓገዝ ረኺበ እየ። ርክባ ናይ ንጽህና ነበረ"። ወይሲ፤ "እቲ ምስ ኤርትራውያን ዚነበራ ጽቡቕ ርክብ፣ ብመራሕትን ደቂ ሃገር ሸወደንን፡ ቅቡልዶ ኣይነበረን'ዩ፧ ኢሎም፡ ንዓኣ ካብ ብምንኣድ፡ ንመራሒ ሚስዮን ከኣ ካብ ምንቃፍ፡ ድሕር ኣይበሉን።

ፕሮፌ. ኮልመዲን፡ ኣቐድም ኣቢሉ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሓማሴን ዝካየድ ዚነበረ፤ "መንፈሳዊ ምንቅስቓስ መጽሓፍ ቅዱስ"፡ ኣብ፣ ብርሃን ይኹን፡ እተባህለ፡ ወርሓዊ መልእኽቲ፡ ሓጺር ጽሑፍ ከበርክቱ፡ ንቀሺ ማርቆስ ሓቲቶም

ጸኒሑ ነበረ። ቀሺ ማርቆስ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ እተባህለ ምስ ተረኽበ፡ ጽሕፎም ከበርክቱ ከም ዘይክእሉ እሞ፡ ንጊዜኡ ክዕገስ፡ ብትሕትና ሓተቱ።

4. ብሓቂ ናይ ጽሑፍ ሰብ ከም ዚነበሩ፡ እቶም ብቐረባ ዚረኣይዎም ዚምስክርሉ እዩ፣ "መሳርሕቶም፡ ናይ ኢድ ስራሕ ክሰርሑ፡ ቤት ክርስትያን ክሃንጹ ወይ ዝፈረሰ ክጽግኑ ህንጻ ክጽግኑ ከሎዉ፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ኮፍ ኢሎም፡ ከንብቡን ክጽሕፉን፡ ይርኣዩ ነበሩ"፡ ይብሃል-።

ኣብ መወዳእታ፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ፍሉይ ናይ ምግላጽ ህያብ፡ ዚነበሮም ሰብ፡ ንኡድ ሰባኺ፡ ከም ዚነበሩ፡ ካብቲ እተፈላለየ ዚጸሓፍዎ መልእኽቲታቶም፡ ኪሰብኩ ዚሰምዕዎም ሰባትን ዚገደፉልና ምስክርን፡ ኣስዒብና ነቕርብ።

5. ዓመታዊ ጉባኤ ከዳልዉ፡ ዳስ ክሰርሑ፡ ካብ ጸዓዘጋ ናብ በለዛ ተምሃሮ ሒዞም ኣቐዲሞም ሓሊፎም ክጸንሑ ተመደቡ። ጊዜ ጉባኤ ኣተወ። መራሕቲ መደበራት ሚስዮን ምስ ተወከልቲ ማሕበራት፡ ካብ፣ መታሕት፡ ጋሽባርካ፡ ቈላ ሰራየ፡ ከበሳ፡ በብወገኖም፣ ናብ መደበር ሚስዮን፣ ገለ በባቕል፡ ዝተረፉ በእጋር፡ ናብ በለዛ፡ ክቅልቀሉ ተራእዩ። ቀሺ ማርቆስ ንሃገር ሽወደን ጸብጻብ ይልእኩ፤

"ጻዕዳ ነጻላ፡ ኣብ ማእከሉ ቀይሕ ዚሕብሩ ገፌሕ እድያት እተኣልሞ ተወንዚፎም። ገለ በቲ እተኸድንዎ ጻዕዳ ስሬታትን ካሚቻታትን ኣንጸባሪቖም፡ ናይቶም ዳሕሮት ስፋይ ሃገር ሽወደን፡ ካብ ፈተውትን ደቂ ማሕበራትን እተላኮም፡ ክኸውን ከሎ፡ ሓደ ክልተ ድማ፣ ክዳን ኤውሮጳውያን ለቢሶም፡ ወረ፡ ጸሊም ክዳን እተኸድኑ'ውን ነበሩ፡ እቶም ዳሕሮት ጸዓዱ ካህናት ክኾኑ ከሎዉ፡ እቶም ቀዳ



ሞት ኣብ ኤውሮጳ እተማህሩ ኣፍሪቃውያን፡ ናብ በለዛ ገጾም ክድይቡ ተራእዩ..... ኣብዚ ዕጽፊ በዓላት፣ በዓል ዳስን በዓል ሚስዮንን፡ ነብዕል ኣሎና። እዚ ነተን ዝርእይኦ ዘሎዋ ኣዒንትና፡ ብሓቂ ዓብዪ ተኣምራት እዩ" (በለዛ ግንቦት 1893)።

6. ኣብ ሃገር ሽወደን ንዕረፍቲ ኣብ ዚርከቡሉ ዚነበሩ እዋናት፣ ቃል ኣምላኽ ከስምዑ፡ ብዛዕባ ስራሕ ሚስዮን ክዘንትዉ፡ ብፈተውቲ ሚስዮን ተዓዲሞም ኣብ እተፈላለያ ስፍራታት ሃገር ሽወደን ክበጽሑ ንረኽቦም። ስብከት ቀሺ ሰሚዓ፣ ከም መዘከርታ ኣብ ዕለታዊ ዓውደ ኣዋርሓ ትጽሕፍ፤

"ምሸት ቀሺ ግርማይ ኣብቲ ጸሎት ዝካየዶ ቤት ትምህርቲ ሰቢኹ፡ ክልቲኡ ኣዳርሻት ብሰማዕቲ መሊኡ ግጥም ክሳዕ ዚብል ኮነ። ናይ እዛ ምሸት እዚኣ ስብከት ብሓቂ ልቢ ዚመስጥ ነበረ" (1 ሓምለ 1890 ሰዓት 7 ድ. ቀ.)።

7. 1904 ስብከት ቀሺ ማርቆስ ግርማይ ዚሰምዐ መንእሰይ ሽወደን ስምዒቱ ይጽሕፍ፤

"ዚሓለፈ ሰንበት ሚስዮናዊ ወዲ ኣፍሪቃ፣ ግርማይ እተባህለ ሓበሻ፡ ክሰብኽ ከሎ ንቐድማይ ጊዜ ሰሚዐ። ኣረማዊ ክርስትያን ዚነበረ ክሰብኽ ንምስማዕ ኣዝዩ ዘሐጕስ፡ ኵሉ ጊዜ ዘጋጥም ከኣ ኣይኮነን።...መጽሓፍ ቅዱስ፡ ትምህርቲ ክርስትና፡ መጽሓፍ መዝሙር ብዓብዪ ሓጐስን ትግሃትን

> ይንበብ ከም ዘሎ፡ ግሩም ጌሩ ኣዘንትዩ" (መጺሐት ስቲፍት የተቦሪ 1988-89 ገጽ 120)።

# ሓሙሻይ ምዕራፍ

## ቀሺ ማርቆስን፡ እመቤት ረጊናን ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎት ሉ.ሽ.ሚ. 1911-1924

ቀሺ ማርቆስ፡ ነታ ዘዕበየቶምን ዘምሃረቶምን፡ ን20 ዓመታት ዚኣክል ከኣ ኣገልግለቶም ዚወፈዩላ ሚስዮን፡ ገዲፎም፡ ኣብቲ ናብ፣ ሉ.ሽ.ሚ. እተጸግዕሉ እዋን፡ ዚስዕብ ጸሓፉ፤

> "ኣብ ዓለም ዚኃነፈና ኵሉ፣ ቃራና መገዲ፡ መራሒ ኮኾብ ዘለዎ፡ ጸጋ ኣምላኽ ከኣ ዘጽለሎ፡ ሓዲሽ ሓላፍነትን መዝነትን ዚዓሰሎ እዩ"።

ሓዲሽ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳድ፡ ናብ ዝዕቆቡላ ሚስዮን ከኣ ምስ ከዱ፡ ነቲ ንወ.ሽ.ሚ. ክገድፉ ዘግበሮም ምኽንያት፡ ንመራሒ ሉ.ሽ.ሚ.፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን፡ ዝስዕብ መግለጺ፡ ኣቕረቡሉ፤

> ጉባኤ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኣብ ደገ ክድርብየኒ ከም ዚሓሰበ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ድማ ካብ ሚስዮን ክሳናበት ከም ዚጸዓረ፡ ተረዲኤዮ እኳ እንተ ነበ



> ርኩ፣ ሰላም ምስ ሰኣንኩ፡ ለይትን መዓልትን ከኣ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ወ.ሽ.ሚ. ክሳናበት ግድን ኰነኒ (መልእኽቲ፣ 26 ጥሪ 1911)።

### መእተዊ

1908፡ 1909፡ 1910 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዛንታ ቤተ-ክርስትያን ሽወደን ሓያሎ ለውጢ ዘምጽኣ ዓመታት፡ ተባሂለን፡ ይፍለጣን ይዝከራን። እቲ ሽው እተበገሰ ለውጢ ኣብ ማእከል 1911 ዓ.ም. ብሓቂ ተገልጸ።

እዚ ክንብል ከሎና፡ ኣብዘን ዓመታት እዚኣተን፣ ኣብ ሃገር ሽወደን፡ ክልተ ሓደስቲ ማሕበራት ሚስዮን ክምስረታ ንርኢ። ክልትኤን ድማ ብውልቀ ሰባት ተመስሪተን ዝምርሓ እየን።

ቀዳመይቲ ማሕበር፣ ሌቪ ጴጥሮስ እተጸውዐ፡ ነታ 1907 ዓ.ም.ፈ. ኣብ እስቶኮልም ተመስረታ ዚጸንሐት፣ ማሕበር ፊላደልፍያ (ጴንጠቆስት)፡ መራሒኣ ኰይኑ ክብገስ ከሎ፡ እቲ ካልኣይቲ፣ ብኣክሰል ቤ.(ቤንሃርድ) ስቨንሶን እትምራሕ፣ ንጻል ወንጌላዊት ሽወደን ሚስዮን (ወ.ሽ.ሚ.)፡ ትኸውን ኣላ። ሉተራዊት ሽወደን ሚስዮን (ሉ.ሽ.ሚ.) ተባሂላ ድማ፡ ናታ ማሕበር ኣቖመት።

እዚ እነልዕሎ ዘሎና ሓዲሽ መራሒ፣ ከም መምህር እተመረቐ፡ ጸኒሑ፣ ሰባኺ ቤትሊሄም ቤት ክርስትያን ስቶኮልም፡ ኰይኑ፡ ከገልግል ጸንሐ። እታ ካብ ወ.ሽ.ሚ. ተነጺላ ናታ ማሕበር እትምስርት ዘላ፣ ወ.ሽ.ሚ./ቤቨ (ሉተራዊት ሽ. ሚስዮን/ፈተውቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ክትብሃል ጸኒ

*ሓ- ኣብ መወዳእታ፡ ብሽወደን፡ ከም፣ ቢበል ትሩግና ሸነር (ቤሸ)፡ ተፈልጠት።* እቲ ንፍልጠቱ ከዕሙቖ ዚደሊ፡ ቀዳማይ ክፋል *መጽሓፍ ደራሲ፣ መሰረት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን ኣብ ኤርትራ-ሕብረት ስራሕ ደቀባት ኤርትራን ሽወደንን 1911-1932 (2008) ገጽ 52-60፡ 193ቀቀ፡* ክርኢ፡ ይሕበር።

## ሓንቲ ማሕበር፡ በቲ ንመምርሒ ኢላ እተጽድቖ ሕግን ስምን ትፍለጥን ትግለጽን

ሕጊታት ሉ.ሽ.ሚ. (ቤሸ)፣ ብዕለት 14-17 ሰነ 1911 ተሓንጺጹ ጸደቐ። ዓንቀጽ 10 ከም ዘመልክቶ፣

*1. እዛ ማሕበር ሚስዮን እዚኣ ን11 ሰነ 1909 እተመስረተትሉ ዕለት ጌራ ትወስዶ። ቤት ክርስትያን ክርስቶስ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ንብዙሕ ዓመታት፣ ሓቂ፡ ጕድለት ዘየብሉ፡ ስልጣኑ ዘየጠራጥር፡ ኢላ፡ እተቐበለቶ፡ ብእምነት ሃይማኖት ክርስትያን ተኣሚና፡ ንምስፍሕፋሕ መንግስቲ ክርስቶስ እትሰርሕ ከምኡ'ውን ንዝተጓነፋ ክሕደትን ዘይምእማንን ትቃለሶ፤*

*2. /.../ሊ. ልኡኻት ምስዳድ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ሃገር ኣረማውያን ምስቶም ንምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ተኣማሚኖም፡ ቅኑዕ እምነት ዝኽተሉ ልኡኻት ወንጌል፡ ምትሕብባር።*

ዕላማ ስራሕ ኣብ ዓንቀጽ 10፡ ክፍሊ 2፡ ከማኡ'ውን ኣብ 3ን 5ን ይግለጽ። ንኣብነት፤



*3. ብምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ዝኣመኑ፡ ምሉእን ጌጋን ከም ዘይብሉ ጌሮም ንዝቐበልዎ፡ ስሊኡ ምስንጕን ጽልእን ዝረኽቡ፡ ምሕጋዝ።*

*4. ከም ውድብ ሚስዮን፡ ብእተፈላለያ እኩባት (ጉጅለታት) ኣካላት ልኡኻት ዚኾኑ፡ ከምኡ'ውን ግላውያን ፈተውቲ ሚስዮን ዝቐመት፡ ስፍርኣ ኣብ ስቶኮልም ይኸውን።*

ዋና ጸሓፊ ሉ.ሽ.ሚ ቤሸ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ከዘንቱ ከሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዚነበረ ስራሕ፤ "እናማዕበለ ክኸይድ ከሎ፡ ከምቲ ዚበሎ፡ እቲ ንሃገር ኣረማውያን ዘመልክት ስራሕ ሚስዮን ግን፣ ኣብ ደረጃ ጸሎት ነበረ (ቀዳማይ ርክብ ሚስዮናውያን ምስ ኣመንቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ- ክርስትያን ስለ ዚነበረ፡ ብዛዕባ፤ "ሃገር ስራሕ ሚስዮን" ወይ፤ "ስፍራ ሚስዮን"፡ ከተልዕል ከላ፤ "ሃገር ኣረማውያን"፡ ዚብል፡ ቃል ከተዘውትር፡ ቅኑዕ ኣይኰነን)።

ኣቐዲምና ኣልዒልናዮ ከም ዚጸናሕና፡ ሓደስቲ ሓለፍቲ ሉ.ሽ.ሚ.፣ ስራሕ ሚስዮን ክኸፍቱ ሓሲቦምን መዲቦምን እኳ ጸኒሖም እንተ ነበሩ፡ ዝስዕባ ሰለስተ ጸገማት ኣቐዲሞም ክፈትሑ ናይ ግድን ነበረ፤

1. ሚስዮን እትሰርሓሉ ስፍራ ምምራጽን ምንዳይን፡
2. ገንዘብ ምድላው፡
3. ብቑዓት ልኡኻት ወንጌል-ሚስዮናውያን-፡ ረኺብካ ምስዳድ ወይ ምልኣኽ።

እቲ ኣብዚ ዘገድስ፡ እቲ ንጕዳይ ቀሺ ማርቆስን ብዓልቲ ቤቶም፡ እመቤት ረጊና ማርቆስን ዘመልክት፣ ኣብ ቁጽሪ ሰለስተ ዘሎ'ዩ።

*ነዘን ኣብ ላዕሊ እተጠቕሳ ነጥብታት ዘልዓልአ ሓሳባት ዘኪሩ፡ ዋና ጸሓፊ ሉ.ሽ.ሚ.፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን፡ ነተን ክስዓራ ዘሎወን ጸገማት፡ ከምዚ ኢሉ ይገልጸን፤*

> እቲ ኣምላኽ ክኽፍተልና ዚሓሰቦ ስፍራ ሚስዮን፡ ኣበይ ምዃኑ ኣፋፉኖት እኳ እንተ ዘይነበረና፡ ስም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ልቢ ደቂ ማሕበር ሰፊሩ ከም ዚነበረ፡ ነቲ ድሮ ተፈሊጡን ተጸልዩሉን ዚጸንሔ ገዲፍካ፡ ናብ ካልእ ሃገር ገጽካ ምጥማት፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ቅኑዕ ኰይኑ ኣይተረኽበን።

**ቀጺሉ፤**

> ብዙሓት ካብቶም ናትና፣ ነቲ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዚጸንሐ ስራሕ ሚስዮን እሞ፣ ካብ ልቢ ተላሊናዮ ዚጸናሕና ኣፍሪቃውያን ገዲፍና፡ ሕጂ ናብ ካልእ ገጽና ክንጥምት፡ ቅኑዕ ኰይኑ ኣይረኽብናዮን። "ኢትዮጵያን ሃገር ጋላን"፡ ዚብል ዕላማ ምግዳፍ፡ ከም ካብ ልቢ ሓኺኽካ ምድርባዩ ኰይኑ ይስማዕ። ኣብ ጊዜ ጻዕርን ብኽያትን ተኻፈልቱ ካብ ጸንሑ፡ ሕጂ ኸኣ፣ ኣብ ሓጐስ ቆውዒ፡ ኣብ ምዕጻድ፡ ኽካፈሉ፡ ይግባእ።

*መራሕቲ ቤሽ ብዛዕባ ስፍራ ሚስዮን ዚመጸ፡ ቃልሲ ሓሳብ ከም ዚነበሮም፡ ኣብቲ ወርሓዊ መልእኽታ ነንብቦ። እቲ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዚነበሮም ፍቕሪ ዚጸንሐ፡ ናይ ቀደምን ዓሚቝን ከም ዚነበረ እኳ እንተ ተገልጸ፡ ጥርጥር ከም ዚነበሮ ድማ ንግንዘብ። እቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ምስሕሓብ ዘምጽአ፡ ቀጺሉ ኣብ ስፍራ ሚስዮን*



*ሓዲሽ ምስሕሓብን ምግጫውን ከየምጽእ፡ ኣፍርሐ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኾነ ኤርትራ ክኽፍትዎ ዚሓሰቡ ስራሕ ሚስዮን፡ በዚ ዚስዕብ ይገልጽዎ፤*

> ይኹን እምበር፡ ሃገር ሓበሻን ጋላን፡ ከምቲ ንወ.ሽ.ሚ. ዚብጽሓ፣ ንዓና እውን ይብጽሓና'ዩ። /.../ ስለዚ፡ ንኣምላኽ ምስጋናና ብትሕትና እናቕረብና፣ ዚነበረና ናይ ፍልልይ ሓሳብ ረሲዕና፡ ነቲ ዝጽበየና ዘሎ ዓቢ ስራሕ፡ ተመልኪትና፡ ንቕድሚት ንጥምት፤ *"ሃገር ሓበሻን ጋላን ንክርስቶስ"!*

## ስራሕተኛታት ምንዳይን ምቝጻርን

*እቲ ዘገርም፡ መራሕቲ ቤሽ ልኡኻት ወንጌል ሕጹያት ዝኾንዎም ኣብ ሃሰስ ምባል ምስ በጽሑ፡ ኣቐዲሞም ናብ ወ.ሽ.ሚ. ገጾም ቁሊሕ ካብ ምባል ኣይተረፎምን። ኣብቲ ብ19 ሰነ 1911 ኣስፈጸምቲ ሽማግሌታት ዘካየድዎ ኣኼባ እንተ ተመልከትና፡ ኣብ፣ ዓንቀጽ 3፡ ነቲ ናይ ወጻኢ ስራሕ ሚስዮን ከዘንትውሉ ከሎዉ ይርኤ። ኣብዚ ዘተያ'ዚ፡ ዋና ጸሓፊኦም፣ ክልተ ሓሳባት የቕርብ፣*

1. *ወጻኢ ስራሕ ሚስዮን ክጅምሩ፣ ወ.ሽ.ሚ. ካብ ልኡኻታ ዘድልዩዋ ሰባት ከተካፍሎም፡ ምስኣርክብ፡ ምግባር።*
2. *ዚክኣል እንተ ኾይኑ፡ ካብ ልኡኻታ፣ ካርል ሰደር ኪብስትን ኦነሲሞስ ነሲብን ክወሃብዎም፡ ንመራሕቲ ወ.ሽ.ሚ. ክሓቱ።*

-ሰደርክቪስት 1893 ዓ.ም.ፈ. ናብ ኤርትራ ተላኢኹ ምስ ጸንሐ፡ 1905 ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ መገዱ ኣቕንዐ፡ ከም ልኡኽ ወ.ሽ.ሚ ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስራሕ ወንጌ ላዊት ሚስዮን ንቐዳማይ ጊዜ ጀመረ፥ ብጻዩ፣ ኦነሲሞስ ነሲብ፡ ወዲ ኦሮሞ፡ ቅድሚ ቀሺ ማርቆስ ኣብ ሃገር ሸወ ደን ተማሂሩ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ቋንቋ ኦሮሞ ክትርጉም ኣብ ኣስመራ ምስ ጸንሐ፡ ዕድል ረኺቡ፣ ናብ ዓዱን ህዝ ቡን እተመልሰ እዩ።

ዋና ጸሓፊ፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተ ባህለ ሓሳባት ናብ ብጾቱ ኣቕረቦ። ብድሕር'ዚ መራሕቲ ቤሽ፣ ሀ) ኣብ ኤርትራ፣ ሉ.ሽ.ሚ.፡ እተጸውዐ፡ ባዕላቶም ዚውንንዎ ስራሕ ሚስዮን ክጅምሩ፡ ለ) ነዞም ኣብ ላዕሊ ስሞም እተረቚሐ ክልተ ኣገልገልቲ ወ.ሽ.ሚ. ክቈጽሩ ኸኣ ክፈቕድሎም። ሓሳብ መራሕቲ ሉ.ሽ.ሚ. ንወ.ሽ.ሚ. ከቕርቡ፣ ኣቦ መንበርን ጸሓፍን፡ ተመደቡ።

መራሕቲ ሉ.ሽ.ሚ.፡ ንግዳማዊ ስራሕ ሚስዮን፡ ኣበይ ከም ዝጅምርዎ ንምምራጹ ሽግር ኣየምጸኣሎምን። ምስ ወ.ሽ.ሚ. ሓዲሽ ምግጫው ከይልዓል ፍርሓት እኳ እንተ ኣርኣዩ፡ ከም ወ.ሽ.ሚ.፣ *ጋላ ወይ ሞት፡* ዚብል፡ ዕላማ ሒዞም እዮም ዚብገሱ ዘለዉ። ወ.ሽ.ሚ. ኣብ ስራሖም ዕን ቅፋት ከይተምጽኣሎም ይፍራሕ ስለ ዚነበረ፡ ከምቲ ዚብ ልዎ፡ መገዶም ናብ ኣምላኽ ዝመርሖም ከቕንዑ፡ ጸለቶም ናብ ሰማያዊ ኣቡኦም ምቕራብ፡ ቀጸሉ እምበር ኣየቛ ረጹን።

ሉ.ሽ.ሚ. ኣብ "ጽናሕ፡ ሓበሬታ ኣምላኽ ድለ"፡ ማለት፡ ኣብ፣ ምጽባይ፡ ኣተወት። መራሕቲ ሉ.ሽ.ሚ. ንዘቕረብዎ ሕቶ ካብ መራሕቲ ወ.ሽ.ሚ. መልሲ ገና ከይረኸቡሉን



(ኣቦ መንበርን ዋና ጸሓፍን ናብ መራሕቲ ወ.ሽ.ሚ. ዘቕረ ብዎ ሕቶ ምብጽሑን ዘይምብጽሑን ከየረጋገጹ) ዝሰርሕሉ ሃገር ገና ከይመደቡን፡ ብቑዓት ልኡኻት ከኣ ቅድሚ ምር ካብን ምቝጻርን፡ ግድሎም ብዘይተሓስበ መገዲ መፍ ትሒ ተረኺበሉ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን ነቲ ሓዲሽ ኲነታት፡ ዚስዕብ መግለጺ ይህበሉ፤

> መራሕቲ ተምበርኪኾም ናይ ሓበሬታ መገዲ ኰነ ናይ ልቦም ምህለላ ናብ ኣምላኽ እናኣቕረቡ ከ ለዉ፡ ሓሳቦም ናብ ካልእ ሃገር እኳ እንተ ነበረ፡ ሓሳቦም ቅኑዕ ከም ዘይነበረ፡ እቲ ካብ ኣምላኽ እተ ዋህቦም መልሲ ኸኣ፡ ካብቲ ተሓሲቡ ዚጸንሐ ዝበ ለጸ ኰይኑ ተረኽበ።

- ኣብ መወዳእታ ሓጋይ፣ 1911 ዓ.ም.ፈ.፡ ናብ፣ ኣቦ መን በር ላምበርት ይፕሰን፡ ከተማ ኤንገልሆልም፡ ብዘይተሓስበ፡ ክልተ ልኡኻት ሚስዮን ዚለኣኹዋ መልእኽቲ በጽሓቶም። እታ መልእኽቲ፣ ብቀሺ ማርቆስን ብዓልቲ ቤቶም፡ እመ ቤት ረጊናን፡ ኣስመራ 20 ሰነ 1911፡ ዚብል፡ ስፍራን ዕለ ትን ዝሓዘት፡ ነበረት።

እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ብጽሑፍ ክልተ ሕቶታት ኣቕ ረቡ፣

1. ፈተውቲ መጽሓፍ ቅዱስ (ፈ.መ.ቅ.) ኣብ ኣፍሪቃ ስራሕ ሚስዮን ክኸፍቱ ሓሳብ 'ንተ ኣልዩዎም፡
2. ፍቓዶም እንተ ዀይኑ፡ ክጥቀሙሎም ድልየቶም እንተ ዀነ፧

ድሕሪ መልእክቲ ቀሺ ማርቆስ፡ ኣብ መጀመርታ መስከረም፡ መራሕቲ ሸወደናዊት ሉተራዊት ሚስዮን/ፌተውቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንኣኼባ ክቀራረቡ ከሎዉ፡ 22 ነሓሰ እተ ጻሕፈት፡ ሕጂ ካብ በለዛ እሞ፣ ካብ ሚስዮናዊ ኒስትሮም፡ ካልኣይቲ መልእኽቲ፡ ንኣቦ መንበር ኣብ ኢዱ ተዋህበቶ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ እቲ መራሕቲ ሉ.ሸወደናዊት ሚ. ኪሓስብሉ ዚጸንሑ፡ ማለት፡ ኣብ፣ መሳርሕቲ ምንዳይን፡ ነቲ፣ ሚስዮን እትሰርሓሉ ቦታ ገና እናሓሰብሉ ከሎዉ፡ እዚ፣ ብዘይሓሰብዎ መገዲ፡ ተፈትሓሎም። - እተን ካብ ኤርትራ እተላእካ መልእኽቲታት፡ ኣብቲ ብዕለት 26/27 መስከረም 1911 ኣብ ስቶኮሎም ዝወዓለ ቀዳማይ ኣኼባ መራሕቲ ሉ.ሚ. ተነባን ተሓስበለንን። ሸዑ'ውን፡ "ሓፈሻዊ ሰላምታ ዚሓዘት መልእኽቲ፤ "ሚስዮናዊ ሰደርክቪስት ዚለ ኣኻ፡ ኣብቲ ኣኼባ ቀሪባ ተነበት (ሰደርክቪስትን ስቬን ሶንን ከም ኣዕሩኽ መጠን፡ ክሳዕ ዕለተ ሞት ሰደርክቪስት መልእኽቲታት ካብ ምጽሕሓፍ ኣየቛረጹን)። ኣኼባ፣ ንቀሺ ማርቆስን ካርል ኒስትሮምን ካብ 01.01.1912 ስርሖም ምስ ሉ.ሽ.ሚ. ክጅምሩ፡ ኣብ ዘለውዎ ሃገር ከም ናቶም ልኡኻት ከገልግሉ ብደዉ ጸውዮም።

ጥቅምቲ 27፡ ክታም ሚ.ንስትሮም፡ ሕዳር 2 ድማ ናይ ቀሺ ግርማይ ዚሓዛ መልእኽቲታት፡ ነቲ፤ "እተላእከሎም መጸዋዕታ ከም እተቐበልዎ"፡ ዘመልክታ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 28ን 29ን ዚወዓለ ናይ መራሕቲ ካልኣይ ኣኼባ ቀሪበን ተነባ፡ ውሳኔ'ውን ተወስደለን።

ብድሕሪ እዚ፡ እዞም ልኡኻት ወንጌል እዚኣቶም፡ ብ ሉ.ሽ.ሚ. ከም እተቖጽሩ ምስ ኣረጋገጹ፡ ናይ ምስንባት ወረቓቕቶም ናብ ወ.ሽ.ሚ. ኣቕረቡ፥ ክልቲኦም ከኣ፡ ብ1.



ጥሪ 1912፡ ከም ልኡኻት ወንጌል ሉ.ሽ.ሚ.፡ ናይ ኤርትራ ስርሖም ቀጸሉ። በዚ ኸምዚ ዝኣምሰለ መገዲ፡ እተን ኣቐዲመን ኣብ ኤርትራ ክሰርሓ ዚጸንሓ እተፈላለያ ማሕበራት ሚስዮናት፡ ሓንቲ ሓዳስ ማሕበር ሚስዮን ትውሰኸን ኣላ።

# ሻዱሻይ ምዕራፍ

## ኣብ ህይወት ቀሺ ማርቆስ፣ ሓዲሽ ምዕራፍ፡ ሓዲሽ ኣገልግሎት፡ ስምዒት ናጽነት ይስዕብ

ሽ.ሉ.ሚ. ወይ ፈ.መ.ቅ.፡ ኣብ ሃገሮም፡ ማለት፣ ኣብ ሃገር ሽወደን፤ "ጉጅለታት"፡ እምበር፣ "ማሕበራት"፡ የብላን። ብሓጺሩ፣ እዚ ከምዚ ዚኣምሰለ መጸውዒ፡ ብሉ.ሽ.ሚ. ዝውቱር ኣይኮነን። ኣብዚ ጊዜ'ዚ እንተ ኾነ'ውን፤ "ጉጅለታት"፡ ዚብል፡ መጸውዒ፡ ከተዘውትር ትርከብ።

ናብቲ ኣብ ኤርትራ ዝጀመርዎ ስራሕ እንተ መጻእና፡ ቤት ክርስትያን ኣብ መሬት ኤርትራ ንምምስራት ዕላማ ከም ዘሕደሩ ኢና እንግንዘብ። ቀሺ ማርቆስ እንተ ኾነ'ውን፡ ነቶም ኣብ ዓድታት ወይ ኣብ መደበር ሚስዮን ንጸሎት ክእከቡ ዚጀመሩ ቀዳሞት ኣመንቲ፤ "ማሕበር"፡ ወይ፤ "ማሕበራት" (ንክርስቶስ እተፈልዩ ኣመንቲ፡ ፍሉያት ኣመንቲ፡ ወይ፡ ሰዓብቲ ክርስቶስ)፡ ዚብል፡ ናይ ጠቕላላ ስም፡ ከም መጸውዒ ይጥቀሙ።





ቀሺ ማርቆስ፡ ንዓዱም፡ ኳዜን፡ መደበር ሚስዮን ጌሮም፡ ካብኡ እናተዋፈሩ፡ ሓዲሽ ስርሖም ጀመሩ። ዚመረጽዎ መደበር ሚስዮን፡ ኣብቲ ንኣስመራ ገጹ ዘርኢ ዝባን ዓዲ ከም ዚነበረ፡ ደራሲ ይዝክር።

ከምቲ ዓቕሞም ዘፍቀደሎም፣ ርእሶም ዘጸግዕሉ መረብዓት፡ ፍሉይ ክሽነ፡ ህንጻታት ቤት ትምህርቲ ሰርሑ። እመ ቤት ረጊና ብወገኖን፣ ኣብቲ ቅድሚ መደበሮም፣ ኣሕምልቲ፡ ድንሽ፡ ዕንባባታት ዝዘርኣሉን ዝተኸላሉን፡ ኣዕዋፍ ገዛ ዘፍርያሉ፡ ናእሽቱ ግራውቲ ኣዳለዋ። ኣብዚ ሓዲሽ መደበር ስርሖም ከኣ ን11 ዓመት ተቐመጡን ሰርሑን።

ቀሺ ማርቆስ፣ ንዓዱም መደበር ሚስዮን ጌሮም፡ ካብዚ ክዋፈሩ ምስ ጀመሩ፡ መሳርሕቶም፡ ሚስዮናዊ ኒስትሮም፡ ንኣክሰል ቤ.ስቨንሶን፤ "ንገዛእ ርእሰይ፡ ስራሕ ሚስዮን ክሰርሓሉ ዚክኣል፣ ኣብ ደቡብ እምበር (ኣክሎጉዛይ!)፡ ኣብ ምዕራብ፡ ዚብል ሓሳብ ኣይነበረን"፡ ብምባል፡ ርእይትኡ የቕርብ። ሚ. ኒስትሮም ነዚ ርእይቶ'ዚ ከቕርብ ከሎ፣ ክልቲኦም መሳርሕቲ፡ እተፈላለየ ሓሳባት ወይ፡ ኳዜን መደብ ክልቲኦም ከም ዘይነበረ ጌርና ኢና ክንትርጉሞ እንኽእል። ይኹን እምበር፡ እቲ፣ ናብ ኳዜን ምግዓዝ፡ ንእመቤት ረጊና ቅሳነት ሓሳብ ከም ዚሃበን እሞ፡ ንስምዒተን፤ "ከም ዑፍ ናጽነት ተሰምዓኒ"፡ ኢለን፡ ይገልጻልና።

## ሓላፍነት ቀሺ ማርቆስ

ሓዲሽ መዝነት ቀሺ ማርቆስ፣ ዓብዪ፡ ስፍራ ስርሖም ድማ ሰፊሕ፣ ስብከት፡ ምጥማቕ፡ ቅዱስ ቍርባን ምስራዕ፡ ተሃደ ስቲ ምምሃር፡ ቃል ኪዳን ምእሳር፡ ደቂ ማሕበር ምብጻሕ፡ ንወንጌላውያን ኣስተምህሮ ምሃብ፡ ካህናት ምስልጣን፡ ዚሞቱ ሓመድ ኣዳም ምልባስ...ወዘተ፡ እዚ ኹሉ ናቶም ሓላፍነት ነበረ። እቲ ሓዲሽ ናብራን ብዙሕ መገሻን፡ ኣብ መወዳእታ፣ ድኻም ከም ዘስዓበ፡ ንሶም ኰኑ በዓልቲ ቤቶም፡ ሓሓሊፎም የልዕልዎ።

ምስ ሰበስልጣናት ዚነበሮም ርክብ እንፈልጠ ነገር የብ ልናን። ምስቶም ካልኦት ሚስዮናውያን ብጾቶም፡ ንኣ.፣ ሚ. ኒስትሮም፡ እንተኣመዛዘንካዮ ግን፣ ውሱን ከም ዚነበረ እዩ ዝግመት። ምኽንያቱ፡ እንዳ ኒስትሮም ነቲ ምስ ደቂ ጣልያን ዚነበሮም ርክብ ከልዕልዎ ክንረኽቦም ከሎና፡ እዚ ካብ ኣፍ ቀሺ ማርቆስ ክወጽእ ኣይስማዕን።

ኣብ ርእሲ እቲ ብዙሕን መገሻ ዚመልኦ ስርሖም፡ ካብ ንእስነቶም ጀሚሩ፡ በብግዜኡ ዘሳቕዮም፣ ዕንቅፋት እግሪ (ብዕንቅፋት እተላዕለ) ነበሮም። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነዚ፣ ሕማም ሽኮር፡ ተወሰኸ።

## ውሽጣዊ ስራሕ፡ ቀዳሞት ትውልዲ ሚስዮን

እቲ ብቀሺ ማርቆስ ክቍጻር እንረኽቦ ቀዳማይ ወንጌላዊ፣ ሃብተ ማርያም፡ ትውልዱ ኦሮሞ፡ እዩ። ብድሕሪኡ፤ "ኣየለ



(ንሱ'ውን ካብ ኦሮሞ)፡ ነዚኣቶም፣ ጐይትኦም ጋብር (ደቀ ምሓረ)፡ ቀላቲ ሓይላይ (ዓደ ኮሎም)፡ ፍረንኪኤል ዳውራይ (ሽማንጉስ )፡ ወዘተ...፡ተወሰኹዎም።

ቀሺ ማርቆስ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘልዓልናዮም መሳርሕ ቶም፤ "እሙናት መምህራን ወ.ሽ.ሚ. ከም ዚነበሩ ጌሮም"፡ ይምስክርሎም። ኣብዚ ክንርድኦ እንኽእል፡ ቀሺ ማርቆስ ኣቓዲሞም ተላልዮሞምን ፈሊጦሞምን ዚጸንሑ እሞ፡ ዚኣ መንዎም፡ ካብ ወ.ሚስዮን ዚሰዓብዎም ይቼጽሩ ከም ዘሎዉ ጌርና ክንርድኦ ንኽእል።

ዕላማ ቀሺ ማርቆስ ኮነ ሚ. ኒስትሮም፣ እቲ መምህር ወይ ወንጌላዊ ዝቼጸር፡ ካብ ዓዱ እናተዋፈረ ሚስዮኑ ከገልግል፡ ዚብል፡ ነበረ። ከም ኣፍሪቃውያን መጠን ድማ፡ ዚበዝሑ ኤርትራውያን፣ ሓረስቶት፡ ቀንዲ ዕለታዊ መግ ቦም ከኣ ካብቲ ሕርሻኦም ዚሃቦም፡ ዚጽበዩ ዚነበሩ እዮም። ንምሳሌ፣ መምህር ቀላቲ ሓይላይ፡ ብንስትሮም ክቼጸሩ ንድባርዋ ከዱ። ዓዶም፣ ዓደ ኮሎም፡ ስለ ዚነበረ ግን፡ ናብ ቀሺ ማርቆስ ክኸዱ ተገብረ።

ጐይትኦም ጋብር፡ ኣብ ኣካባቢ 1885፡ ኣብ ደቀምሓረ፡ ሓማሴን፡ ተወልዱ። ድያቆን ኣርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ምስ ነበሩ ኢዮም፡ ድሓር፡ ናብ ሚስዮን ዝመጹ ዘሎዉ። ንብስራት ወንጌል፣ ብመንፈሳዊ መሪሕነት መም ህር ወ.ሽ.ሚ.፡ ቀሺ ተወልደ መድህን (ወዲ ዓድዋ)፡ ከም እተቐበሉዎ፡ ሓበሬታ ንረክብ። ስለዚ፡ ብወ.ሽ.ሚ ጌሮም ናብ ሉ.ሽ.ሚ. ከም እተጸምበሩ ኢና እንሰምዕ።

መምህር ፍረንኪኤል (ዳውራይ)፡ ሽማንጉስ ላዕላይ፡ ዮሃንስ ግርማይ -ዋርድያ ወ.ሽ.ሚ.፡ ኣብ ኣስመራ (ንቀሺ ማርቆስ በብኦም ሓዎም)፡ እዚኣቶም'ውን ብወ.ሽ.ሚ. ጌ

ሮም ናብ ሉ.ሽ.ሚ. ተሓወሱ። ዮሃንስ፡ ጸኒሑ፡ ብስራሕ ሚኽንያት፡ ናብ ወ.ሽ.ሚ. ተመልሰ። ሓው ቀሺ ማርቆስ፡ ሓረስታይን መምህርን፡ ኣቦይ ያእቆብ ግርማይ፡ ኳዜን፡ -ደራሲ፡ ብእኦም ኣብቲ መደበር ሚስዮን ቀሺ ማርቆስ፡ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን፡ ፊደል ሀ ሁ... ቈጸረ፡ ንመምህሩ ኣቦይ ያእቆብ ኸኣ፡ ብጽቡቕ ይዝክሮም።

*ግዳማዊ ስራሕ*

እቲ ቀሺ ማርቆስን ሚ. ኒስትሮምን ክሰርሕሉ ዚመደብዎ ወገናት እተፈላለየ ከም ዚነበረ ንርኢ ኣሎና። ጐይታና ኒስትሮም ሓይሊ ርክቦም ምስ ትግራይ፡ ምዕራብ ሸዋ፡ ቤገምድር ክኸውን ከሎ (መሰረት ሉተራዊት ቤተ ክርስትያን ኣብ ኤርትራ...(2008) ርኤ)፡ ቀሺ ማርቆስ ግን፡ ናብ፣ ውሽጢ ሃገር ኢትዮጵያ፡ ከድህቡ ከሎዉ ንረኽቦም።

በዚ እተላዕለ፡ ወንጌላውያን ቀሺ ማርቆስ፣ *ሃብተ ማርያምን ኣየለን*፡ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣእጋሮም ኣዲስ ኣበባ ካብ ዚረግጹ፡ ክልተ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። ኣብ ጊዜ ምፍናዎም፡ እተገብረሎም በዓል ብምዝካር፡ ቀሺ ማርቆስ፡ ዚስዕብ ጸብ ጸብ ናብ ሃገር ሽወደን ይልእኩ፤

> ኣብቲ መዓልታዊ ምፍናዎም ኣምላኽ ንዓይን ብጾትን ዚሃበና፡ ክንርስዓ ዘይግብኣና፡ ዓባይ መዓልቲ እያ። ንግሆ ቡንና ሰቲና ምስ ወዳእና፡ ካብ፣ "ብርሃን መገዲ"፡ መዓልታዊ ቃል ንጸሎት መምርሒ ዚኾነና ኣንበብኩ። ልቢ ሃብተማርያም በቲ ዚሰምዓቶ ቃል ተተንኪፉ፡ እቲ ዘንበብኩዎ፣



> መዓልታዊ ጥቕሲ እንተ ነበረ፡ ሓተተኒ። እወ! ምስ በልኩዎ፤ ኣብ ምስትንታን ምግራምን ከም ዚኣተወ፡ ሓሳቡ ኣካፈለኒ። እዚስ ዘገርምዶ ኣይኰነን፧ ዚወሃበና ተስፋታት፡ እቲ ካልኣይ ካብቲ ቀዳማይ ዓዚዙ ኢኻ እትረኽቦ፡ ከኣ፡ በለ።
>
> ቀጺሎም፤ ብጊዜኡ፡ ሚስዮናውያን ክሰርሕሉ ዚኽእሉ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ሚስዮን መሬት ክትገዝእ ጽቡቕ ከም ዚኾነ፡ ኣዘኻኺሮም፡ ነቶም ዚለኣኽኩዎም፤ "ናተይ ልኡኻት ወንጌል"፡ ዚበልዎም፤ "ፈተውቲ ሚስዮን ኣብ ጸሎትኩም ከይትርስዕዎም"፡ ብምባል፡ ደጊሞም ኣዘኻኽሩ።

ኣብዛ መልእኽቲ እዚኣ፡ *ሃብተ ማርያም*፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ብቑዕ ልኡኽ ሚስዮን ኰይኑ ክርከብ፡ ተስፋኦም ኣብኡ ይገብሩ። እዚ ሃብተ ማርያም እተባህለ፣ ሓርኮትኮት በሃሊ፡ ብዓል ጽውዓ፡ ከምኡ እውን፣ ውሽጢ ሃገር ከይዱ ክሰርሕ ናይ ብዙሕ ዓመታት ድልየት ከም ዚጸንሖ፡ ይነግርሉ።

ኣብታ 21.2.1914 እትብል መልእኽቶም፤ "ሎም ዘበን ከይተረፈ፡ ቀሺ ምሳና ቀንዩ"፡ ኢሉን፡ ብዛዕባ *ቀሺ ገብረ ስላሰ ገብረጻድቕ* (ጣላ)፡ እሞ ነቲ ኣብ ኳዜን ምቕናዮም፡ እመቤት ረጊና፡ ሓበሬታ ይህባ።

ቀሺ ገብረ ስላሰ፡ ኣብ ኳዜን መቐነይኦም፣ ትምህርቲ ትህድስቲ ኪወስዱ እዮ። እመቤት ረጊና ከም ተቐጻሊ፤ "ናይ ወንጌል መጸዋዕታኡ ብቕንዕና ዘኽብር፡ ብጊዜኡ ንመንግስቲ ኣምላኽ በረኸት ክኸውን ዚኽእል፡ ኢልና፡ እንኣምኖ ሰብ እዩ"፡ እናበላ፡ ይንእድኦምን ምስ ፈተውቲ ማሕበር የላልይኦምን። -ሚስዮናዊ ኒስትሮም፡ ፍልጠት ቀሺ ገብረ ስላሰ ስለ ዚነበሮ ይኸውን፤ "ኣብታ

ውርይቲ ገዳም ብዜን ተማሂሩ፡ ብኣረኣእያ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ምሉእ፡ ብትምህርቱ ድማ ብሱል” ብምባል፡ ሓበሬታ፡ ይህብ፡

ኣየለ፡ ብጻይ ወንጌላዊ ሃብተ ማርያም፡ ከመይ ዘኣምሰለ ሰብ ከም ዚነበረን ብዛዕባ እምነቱን ኣጽጋቢ ሓበሬታ ብዙሕ የብልናን። ግን፡ ኣብ ሰዓቢ ክፍልና፡ ብኻልእ መገዲ ከነልዕሎ ዕድል ይወሃበና ይኸውን። ይኹን እምበር፡ መራሒቲ ሚስዮን፣ ቡቲ መገሻ ናይ ሃብተ ማርያምን ኣየ ለን ከም እተሓጎሱ፡ እቲ ናይ 1913 ዓመታዊ ጸብጻብ ከቕርቡ ከሎዉ፡ ዚስዕብ ጸሓፉ፤

> መንእሰያት ሃብተ ማርያምን ኣየለን፡ ናብ ርእሲ ከተማ ሃጸይ ሓበሻ ከም ዚበጽሑ ምስ ሰማዕና፡ ወሰን ዜብሉ ሓጎስ ተሰመዓና። ዓሚ ከምዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ኣኼባና ሰላምትኦም ካብ ውሽጢ ኢት ዮጵያ ምስ በጽሓና እተሰምዓና ሓጎስ መዘና ኣይነበሮን። ክሳዕ ሕጂ እንተ ኾነ'ውን፡ ባህ ዘብለና ወረ እንተ ዘይኰይኑ፡ ዘጕሂ ወይ ተስፋ ዘቝርጽ ወረ ኣይበጽሓናን። እተወስደ መደብ መገዱ ብሓቂ ሒዙ ክቕጽል፡ ክሳዕ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ትዓጽዩ ዚነበረ መዓጹ ኸኣ ሃህ ኢሉ ተኸፊቱ ንረኽቦ ኣሎና።

ተወሳኺ ኣፍልጠ ወንጌላውያን ቀሺ ማርቆስ እንረኽቦ እንተ ኣሎ፣ ሃብተ ማርያምን ኣየለን ቅድሚ ንሉ.ሽ.ሚ. ምሕዋሶም፡ እቲ ቅድም ርክቦም ምስ ወ.ሽ.ሚ. ከም ዚነበረ፣ ካብ መጽሓፍ ቀሺ ኣሬን (1974) እንካፈሎ ኣሎ።



ሃብተ ማርያም፡ ስም ኣቦኡ፣ ካሳ፥ ዓዱ፣ ኣማያ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ለቀምቲ፡ ነበረ። መተዓበይቲ ኦነሲሞስ ከም ዚነበረ'ውን ሓበሬታ ንረክብ። ኣየለ ይመር (1915-1926)፡ ኣብ ዓዲ ጫጋታ፡ ወረዳ ቦራራ፡ ዎሎ፡ ተወሊዱ፡ ኣስላማይ ምስ ነበረ፡ ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ተጠመቐ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፣ 1901፡ ክነግዱ ኢሎም፡ ናብ ኣስመራ መጹ። ኣብ ኣስመራ ምስ ኦነሲሞስ ተራኺቦም፡ ትምህርቲ ክርስትና ተቐቢሎም፡ 1903 ንወ.ሽ.ሚ. ተጸምበሩዋ።

ሃብተ ማርያምን ኣየልን፣ ኣፍልጠ እቲ ናብ ኢትዮጵያ ዚወስድ መገዲ ንግዲ ስለ ዚጸንሖም፡ ወ.ሽ.ሚ.፡ ከም፣ መራሒቲ መገዲ፡ ክትጥቀመሎም፡ ከኣለት።

1. ብ1 ታሕሳስ 1903 ንኦነሲሞስ ነሲብ ምስ ልድያ ብዓልቲ ቤቱ፡ ደቆም፣ በርናባስ፡ ዲና፡ ታማር፡ ክሳዕ ወለጋ ኣሰነዩ። እተዋህቦም ሓደራ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብጺሖም ኸኣ ናብ ኣስመራ ተመልሱ።

2. ብ17 ጥሪ 1905፡ ንኽልተ ኤርትራውያን ልኡኻት ወንጌል፣ ገብረ የሱስ ተስፋይ (1877-1925)፡ በዓልቲ ቤቶም፡ ወ/ሮ ውባ ዘነበ (1879-1909)፥ ገብረ ስላሰ ተስፋ ጋብር (1881-1932)፡ ሕምብርቲ፡ በዓልቲ ቤቶም፡ ወ/ሮ ሰንደቕ ገብረ ማርያም (1887-1931)፡ ወለጋ ኣብጽሑ።

እተዋህቦም ሓላፍነት ኣብ መደቡ ኣብጺሖም፡ ከምቲ መጽሓፍ ቀሺ ጉስታቭ ኣሬን ዚብሎ፣ ሃብተ ማርያም ኣብ ሳዲጉማ፡ መምህር ኰይኑ ክሳዕ 1907፥ ኣየለ ድማ፡ ምስ በዓልቲ ቤቱ፡ ፌቨን፡ ሃገረ ጅማ፡ ኣብ፣ ቦጂ፡ ቤት ትምህርቲ ከፊቱ፡ ኣብኡ ስርሑ ጀመረ።

ድሕሪ ሞት ሃፀይ ምኒሊክ፣ ልጅ እያሱ፡ ተንስኤ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ናይ ፖለቲካ ዕግርግር'ውን ሰዓበ። ኣቡነ ማቴዎስ፡ በቲ ዅነታት ሃገር ተገዲዶም፡ ከም ሓላፊ ቤተ ክርስትያን ኢትዮጵያ፡ ሃገርን ህዝብን ሰላም ንኽረክብ፡ ኣብ ምእሳር ሰባት በጽሑ። ነዚ ክገብሩ 1911 ንቶም ኣብ ወለጋ ዚነበሩ እሞ፡ ከም፣ ጸረ-ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስት ያን፡ እተጠርጠሩ፡ ሰበኽቲ ወንጌል፣ ክምዝገቡ፡ ተታሒዞም ፍርዶም ክቕበሉ፡ ትእዛዝ ኣመሓላለፉ።

ቀሺ ጉስታብ ኣሬን ቀጺሎም ክጽሕፉ ከሎዉ፣ ካብ ቶም መራሕቲ ምንቅስቓስ ወንጌል፡ መዕቀቢ እንተ ረኸቡ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ሃደሙ። ካብኡ፡ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ጥሪ 1911 ኣቢሉ፡ መገዶም ናብ ኤርትራ ኣቕንዐ። ኣየለ ኣብ መንጎ 1911-1919 ስርሑ ኣቋረጸ፡ ካብኡ ንነጀዎም ከኣ ድሃይ ኣጥፍአ።

ኣብዚ፡ ቀሺ ኣሬን ዘይተንከፉዎ ክልተ ነገራት ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ፣

1. ሃብተ ማርያምን ኣየለን ካብቶም መራሕቲ ምንቅስቓስ ወንጌል እሞ፡ ካብ፣ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስ ትያን ኢትዮጵያ ከምልጡ ድዮም ናብ ኤርትራ፡ ኣስመራ፡ ዚኸዱ፡ ወይስ ብኻልእ ምኽንያት፧

2. ወንጌላውያን ቀሺ ማርቆስ፡ ከም መሰነይቲ ወንጌላውያን "ወለጋ"፡ ንኢትዮጵያ ክልተ ጊዜ ከም እተመ ላለሱ፡ ቀሺ ማርቆስ እንተ ኾኑ፡ ንእግረ መገዶም፡ ካብ ሽወደን ብኢትዮጵያ ንኽሓልፉ ሓሳብ ከም ዚጸንሖም ርኢና። ካብ ቀሺ ኣንደሽ ስቬንስዮንን ጣልያንን ርሒቖም፡ ኣብታ ነጻ ሃገር ኢትዮጵያ ክሰርሑ ሓሳብ ስለ ዚነበሮም እሞ፡ ዅነታት ከጽንዑ ሰለ ዝደለዩ ድዩ፧ ወይሲ ነቲ ግዳ



ማዊ ስራሕ፤ "ስራሕ ወንጌል ዶብ ምስጋር"፡ ከም ናቶም ወሲዶም፡ ከም ልኡኻት ሚስዮን ኢና እንርእዮም ዘሎና፧ ንሃብተ ማርያምን ኣየለን ከም፤ "ኣምባሳደራት"፡ ወይ፡ ከም፤ "ጸረግቲ መገዲ ወንጌል"፡ ክንሪኦምኸ ንደፍ ርዶ፧ (ሃብተማርያም ከፉት መገዲ ወንጌል ተባሂሉ ከም ዘሎ፡ ኣንባቢ፣ ቀዳማይ መጽሓፍ ክርኢ፡ ይሕበር)።

ዛንታ ቤት ክርስትያን ክንጽሕፍ ምስ ተበገስና፡ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዚቐርባ ሕቶታት እዚኣተን ኰነ ከምኣን ዚኣም ሰላ ካልኦት ተወሰኽቲ ሕቶታት፡ መልሲ ክንረክብ፡ 1998፡ ካብ፣ ኤርትራ ንኢትዮጵያ፡ ሰጊርና መጽናዕቲ ክነካይድ፡ መደብ ነበረና፡ ግን፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ ትግራይን ኤር ትራን እተላዕለ ሃንደበታዊ ውግእ፡ መደብ ኣይቀንዐን-።

እምበር፡ ቀሺ ማርቆስ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ልኡ ኻት ወንጌል ክሰዱ ሓሳብ ከም ዚጸንሖም፡ ሓሳቦም'ውን ከም እተፈጸመ፡ እዚ፣ ብመራሕቲ ሚስዮን ከይተረፉ ደገፍ ከም ዚረኸበን ተረጋገጸን፡ ተመልኪትና ኢና።

ቀሺ ማርቆስ ስለምንታይ ናብ ኢትዮጵያ ገጾም ኣድ ሃቡ፧ ሉ.ሽ.ሚ. ኣብ ጊዜ ጸበብኦም ዘይተመስረተት እንተ ዘይትነብርከ፡ ኣበይ ምስ ተዓቝቡ፧ ካብ ወጻኢ ስፍራ ሚስ ዮን፣ ህንጻ ዝሰርሕሉ መሬት ክወሃቦም፣ ገንዘብ፡ ሓቲቶም ግና፡ ከም ዘይቀንየም፡ ተገንዚብና ኣሎና። እቲ ጻዕሮም፡ እተፈላለየ መግለጺ ወይ ርእይቶ ይሃልዎ እምበር፡ ጸኒሑ፡ እቲ ስራሕ ናይ ሉ.ሽ.ሚ. (ፈተውቲ መጽሓፍ ቅዱስ) ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝሰገረ፡ ብሓጺሩ ክንትንክፎ ኢና።

# ሻቡዓይ ምዕራፍ

## ሓጐስ ስራሕን ቀዳምይ ምህርትን (እቶትን)

እመቤት ኣና ሆልምበሪ፤ "ማሕበር ትባዛሕ!"፡ ዚበልኦ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ማይ ዝብኦ፡ ድባርዋ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት ቀዳመ-ሰንበት ዕለት 30/31 1914 ዓ.ም.ፈ.፡ ቅነ ምራድ መንፈስ ቅዱስ፡ ዚወዓለ በዓል ትህድስቲ፡ ጸብጻብ ከቕርባ ከሎዋ ረኺብናየን ኣሎና (መሰረት ሉተራዊት ቤተ ክርስትያን፡ (2008) ገጽ 50 ተመልከት)።

እቲ ናብ ሃገር ሽወደን ዚለኣኸኦ ጸብጻብ፣ ድባርዋ 5 ሰነ 1914፡ ዚብል ነበረ። ማሕበር ተባዚሓ ጥራይ ዘይኰነስ፡ እቲ ዚሃብኦ ጸብጻብ፡ እቲ ኣብ ስፍራ ምሲዮን እተጀመረ ስራሕ፣ ጻማ ዚነበሮን ዘሐጐስን፡ ከም ዚነበረ፡ ይገልጽ። እታ ዓመት እቲኣ፡ ማለት፣ 1914 ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብቲ ሓጺር ዛንታ ሉ.ሽ.ሚ.፡ ሓያሎ ሰባት እተሃደሱላ፡ ኣብ መንጉኦም ድማ መምሃራንን ካህናትን እተረኽቡላ እሞ፡ እዚኣቶም፣ ብሚስዮን ተቖጺሮም፡ ነናብ ዓዶም እተፋነዉላ ዓመት ከም ዚነበረት፡ ትፍለጥን ትዝከርን። ኣውራጃ ትግራይ እንተ ኾነ፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ፡ ንስራሕ ሚስዮን ክፍትቲ ከም ዚነበረት ይሰምዖ። እቶም ቀዳሞት ኣብ ድባርዋ ዚቌረቡ ሰባት፡ ከምቲ መዝገብ ቀሺ ማርቆስ ዘቕርበልና፡ ኣብ ሰሙኑ፡ ኣብ ኳዜን ከይተረፈ ተመሳሳሊ ቂ.ቊርባን ተሰርዐ።



*ቀዳሞት ቌረብቲ ማይ ዝብኦ፡ ድባርዋ፡ መዝገብ ቅዱስ ቊርባን ቀሺ ማርቆስ፡ 14 ግንቦት 1913 ዘቕርቦ ጸብጻብ፣*

| | |
|---|---|
| 1.ካርል ኒስትሮም፡ ልኡኽ | 11.ተወልደ ብርሃን መድህን |
| 2.ኣግነስ ኒስትሮም | 12.ተስፋ ሚካል |
| 3.ኣና ሆልምበርግ፡ መም. | 13.ተስፋ |
| 4.ኒልስ ካርልሶን፡ በ.መጥሓን | 14.ማርታ |
| 5.ቀሺ ገብረ ስላሰ (ገ.ጻ.) | 15.ይመስገን |
| 6.ነጪ፡ ብዓልቲ ቤቶም | 16.ወልደ ጊዮርጊስ |
| 7.ወለተ ሚ. | 17.ገብረ ማርያም ገብረ |
| 8.ብርኽቲ | 18.ገብረየሱስ |
| 9.ወልደ ገብርኤል፡ ወ.ጌላዊ | 19.ሃና፡ ሰበይቱ |
| 10.በየነች፡ ሰበይቱ | 20.ሓነጻ፡ መበለት |

*30 ግንቦት 1914፡ ድሮ ምራድ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ማይ ዝብኦ፡ ድባርዋ፡ ተሃዲሶም ንጽብሓይቱ፡ ብ31 ግንቦት፡ ቅዱስ ቊርባን እተኻፈሉ። ደብተር ቀሺ ማርቆስ የመዝግብ፣*

| |
|---|
| *ሃለቃ ተኽለ ማርያም፡ ደቁ ጽንዓ* |
| *ሃለቃ ማና፡ ጭዓት* |
| *ቀሺ ዓንደ መስቀል፡ ዓዲ ደቀ ተኹላ* |
| *መምህር ሃበተ ማርያም፡ ኣማድር* |
| *ልጅ ገብረ ኪዳን፡ መቐሌ* |
| *ገብረ መድህን፡ በራቒት* |
| *ሃራልድ ኒስስሮም፡ ድባርዋ* |
| *ካሕሳይ ማሉ፡ ደቂ ጹንዓ* |
| *እክተም ዓንደ መስቀል፡ ዓዲ ደቀ ተኹላ* |
| *በየና ማና፡ ጨዓት* |
| *ማህሌት ወልደ ጊዮርጊስ፡ ዓዲ ጽንዓይ* |
| *ወለተ የሱስ ወልደ ዮሃንስ፡ ሸማንጉስ ላዕላይ* |
| *ኣስገደት ዳምር፡ ደቂ መሓሬ* |
| *ብሪ ክፍሌ፡ ሕምብርቲ* |
| *ቅድስቲ፡* |

*ዝሰዕቡ 15 ህዱሳት፡ መዓልቲ ምራድ መንፍስ፡ ዕለት 31 ግንቦት 1914 ምስ ዚስዕቡ 12 ደቂ ማሕበር ሓቢሮም ቅዱስ ቁርባን እተቐበሉ፣*

*ካርል ኒስትሮም፡ መልእኽተኛ ወንጌል፡ ድባርዋ*
*ኣግነስ፡ ሰበይቱ*
*ኒልስ ካልርሶን፡ በዓል ጥሓኒት፡ ኣስመራ*
*ኣና ጀንሶን፡ መም.፡ ድባርዋ-ማይ ዝብኦ*
*ኣና ሆልምበሪ፡ መም.፡ ድባርዋ*
*ማርቆስ ግርማይ፡ ቀሺ፡ ኳዜን*
*ገብረ ጊዮርጊስ*
*ተወልደ ብርሃን ኣውዓሎም (መድህን፥)፡ ድባርዋ*
*ኣበራ፡ ትግራይ*
*መድሃኔ፡ ድባርዋ*
*ገብረ ማርያም ገብረ፡ ዓዲ ሽረፈቶ*
*ክፍለ ጭሩም፡ ሕምብርቲ*

*መርኣዩ፣ ቀዳሞት ቈረብቲ ኳዜን 5 ጥቅምቲ 1913*

ረጂና ግርማይ
ኣውዓሎም፡ ሰበይቱ፡ ተኽኣ
ያእቆብ ግርማይ፡ ሰበይቱ፡ ወለተ ልኡል
ዮሃንስ ግርማይ፡ ሰበይቱ፡ ደስታ
ትርንጎ ግርማይ
ወልደ ሚካኤል ብ4 ጥቅምቲ ተሓዲሱ፡ ጽባሒቱ ቈረበ፡ ቀላቲ ሓይላይ፡ ዓደ ኣኮሎም (ምስ ወልደ ሚካኤል ሓቢሩ ተሓዲሱ ዝቈረበ እንተ ኰይኑ፡ ፍሉጥ ኣይኮነን)።

እዞም ክህደሱ እንረኽቦም ዘሎና፡ ኣብ፣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ተወሊዶም፡ ብሕጻውንቶም እተጠምቁ እዮም። ሓዲሽ መገዶም ቀሊል ኣይነበረን። ብስራት



ወንጌል ምስ ተቐበሉ፡ እተወ ልዱላን ዚዓበዩላን ቤተ ክርስትያን ገዲፎም፡ ናብ ሃይማኖት ከኒሻ ክጽምበሩ ከሎዉ፡ ሓያሎ ካብኣቶም፡ ኣንስቲ ኰነ ሰብኡት፡ ኣብ ሓዳሮም ሽግር ከይተጓነፎም ኣይተረፈን። ከምዚ መበሊና፣ ኣንስቲ ንሰብኡተን ወይ፡ ሰብኡት ንኣንስቶም፡ ገዲፎም፡ ምስ ሓደስቲ ደቂ ሃይማኖቶም ኣብ ምውሳብ ዚኣተዉ ንረክብ።

እቲ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ማይ ዝብኦ-ድባርዋ፡ ቅድም ብመም ኣና ሆልምበሪ፡ ድሓር ብመም ኣና-ሌና ጀንሶን፡ ኣብ መዓልቲ ምራድ መንፈስ ቅዱስ 1914፡ ዚወዓለ በዓል ዚቐረበ ጸብጻብ፣ ሓደ ብሓደ ስለ ዝገለጽኦ፡ ብሓቂ ዘሐጕስ በዓል ብምንባሩ፡ ነቲ እዞም ሓደስቲ ደቂ ማሕበር እዚኣቶም ሽዑ ዘርኣይዎ መንፈሳዊ ስምዒት ኰነ ሓጐስ፣ ብማዕዶ ሃንገፍ ክብለካ ዚኽእል'ዩ (መሰረት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን.. (2008)፡ ገጽ 88-92 ርኤ)። -ዓመታት 1912-1915፡ ብሓቂ ጻማ እተረኽበን ዓ/መታት ነበራ፡

ካብዚ ሓጺር ጊዜ ዛንታ ሚስዮን እቲ ጀሚሩ፣ መሰረት እምነ *ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ* ወደቐ፡ እንተ በልና፡ ካብ ሓቂ ኣይወጻእናን። ከመይሲ፡ ቀሺ ማርቆስ፡ ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚርም፡ መሳርሕቶም'ውን ከይተረፉ፡ ብዛዕባ እቶም ሓደስቲ ቈረብቲ ወይ ሰዓብቶም፡ ከልዕሉ ከሎዉ፣ "ማሕበር"፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ፣ "ማሕበራት"፡ ዚብል፡ መጸውዒ ክጥቀሙ ንረኽቦም።

## ስራሕ ሚስዮናውያንን ዓይነቱን

"ስራሕ ሚስዮናዊ ብዙሕ እዩ"፡ ከም ዚብሃል፣ ኣእዳው ሚስዮናዊ፡ ዘይኣትዉኦ ስፍራ የብለንን። ስለዚ፣ ሚስዮናዊ

ዝብሃል፣ ንቲ የሱስ ኣብ ማቴዎስ 28፡18-20 ዚእዝዞ ተመ
ሪሑ ክምህር፡ ቃል ኣምላኽ ከስምዕ፡ እናተዘዋወረ ዓድታ
ትን ደቂ ማሕበርን ክበጽሕ፡ ኣብ ጓህን ሓዘንን ውልቀ
ሰባት ተረኺቡ ክጸናንዕ፡ ኣብ ሓጐስ ክካፈል፡ ብሕልፊ
ድማ፣ ኣጋይሽ ምቕባል፡ ወዘተ...፡ ስርሑ ወይ ቀንዲ
ግብኡ እዩ።

ስራሕ ወይ መዝነት ቀሺ ማርቆስ፡ ናብ እመቤት ረጊና
እንተ መጻእና'ውን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ስራሕ ክህነቶም፡ መን
ፈሳዊ ሓላፍነቶም፣ መምህራን፡ ወንጌላውያን፡ ምስልጣን፡
ንደቂ ማሕበር ኣብ ዓድታቶም ኬድካ ምብጻሕን ምትብባ
ዕን ቅዱስ ቁርባን ምስራዕን፡ ወዘተ...ነበሮ። ኣብ ርእሲ እዚ
ድማ፡ ኣብቲ ጸቢብ ስፍርኦም፡ ከምቲ ክእለቶም ዘፍቀደ
ሎም፣ ሓደርቲ ተመሃሮ፡ ንኣብነት፡ ትምህርቲ ትህድስቲ
ዝምሃሩ ምቕባል፡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነቶም ከም ዚነበረ፡
ስም ቀሺ ገብረ ስላሰ፡ ክለዓል ከሎ፡ ተዓኒፉና፡ ኣሎ።

መደበር ሚስዮናት፡ ከምቲ ዓቕሙ ዘፍቀደሉ፣ ስጋዊ፡
መንፈሳዊ ድሌት ጋሻ ክጽግን፡ ንዚጠመየ፣ መግቢ፡ ንዝደ
ኸመ፣ ዝድቅሰሉ ዓራት ወይ ንእዲ ከንጽፍ፡ ዚድረቦ ኮቦ
ርታ ክቕርብ፡ ይጽበ። እዚ ዓይነት ድያቆናዊ ስራሕ'ዚ፣
ምስ እተፈላለዩ ሰባት ንኽራኸቡ ዕድል ይፈጥረሎም።

እመቤት ረጊና፡ ከምተን ካልኦት ብጾተን፡ ንኣብ.፣ እመ
ቤት ኣጉስታ ሀንሪክሶን ዚምስክርኦ፤ "ኣጋይሽ ንእግረ መገ
ዶም ካብ ርሑቕን ቀረባን የላግሱና"፡ እናበላ፡ ደጋጊመን
ከልዕላ ንረኽበን።

ምቕባል ኣጋይሽ ፍቕሪ ሰብ ይሓትት፡ ድኻም
ዚመልእ'ውን እዩ።



እመቤት ረጊና፡ ናብ ፈተውቲ ሚስዮን ዚስዕብ ይጽሕፋ፤

ጸልማት ምሸት፡ ማይ ኪፍ ክብል ኣብ ዚወዓለሉ፡
ስራሕ ዚመልኦ መዓልቲ፡ እሞ በዓል ቤተይ ብስ
ራሕ ምኽንያት ኣብ መገሻ ከሎ፡ ዚነበረኒ ድራር
በሊዐ፡ ክድቅስ ክቀራረብ ከሎኹ፣ ኳሕ ኳሕታ
ማዕጾ ሰማዕኩ። መብራህቲ ሒዘ፡ ዝኳሕኰሐ
ክርኢ፡ ተሸጊሩ ዚጸንሐ ማዕጾ ከፈትኩ። ክዳና
ዚጠልቀየ፡ ቈልዓ ኣብ ዝባና ዚሓዘለት፡ ካልኣይ
ቈልዓ ድማ ብኢዳ ዚሓዘት ኣደ እያ። ኣብ
መገሻኣ መሬት ስለ ዚመሰያ፣ መሕደሪ እርከብ
እኸውን እየ፡ ኢላ፡ ናብ መደበር ሚስዮን ኣላገ
ሰት። እንታይ እሞ ክገብር፣ ናብ ብርሃንን ምቕ
ትን ክትኣቱ ኣፍቀድኩላ። ንመቐየሪ ዚኾኖም
ክዳውንቲ እንተ ረኺብኩ፣ ኣብ ምንዳይ ኣቶኹ፡
ኣብ መወዳእታ፡ ቅድሚ ዓራት ምንጻፍ ድማ፡
ዝበልዕዎ እንተ ረኺብኩ፡ ኣብ ሃሰስን ገልጠም
ጠም ምባልን ኣቶኹ።

ሚስዮናዊ ኒስትሮም ብወገኑ፤

ድሕሪ ሕክምና፣ ምቕባል ኣጋይሽ፡ እቲ ንስራሕ
ወንጌል ዘቀላጥፍ፣ ካልኣይ መዝነት ሚስዮን እዩ፡
በሃሊ፡ እዩ።

# ሻሙናይ ምዕራፍ

## ቀዳማይ ውግእ ዓለም፡ ሳዕቤን

ኣ ሰ-ኣሰር ቀዳማይ ውግእ ዓለም (1914-1918) ዝስዓበ እዋን፡ ብጠቕላላ ክርእ ከሎ፡ ኣብ፣ ስራሕ ሚስዮን፡ ብሕልፊ ኣብቲ መጀመርታ ዓመታት፡ ሕጽረት ገንዘብ፡ ምቍራጽ ርክባት፡ ኣስዓበ። በቲ ናይ ብዙሕ ዓመታት እሞ፡ ተደጋጋሚ ጥሜት፡ ደርቂ፡ ሕማም ተላገብ፡ ኣብ ኤርትራ ከይተረፈ፡ ብዙሕ ሰብ ኣብ ሽግርን ጸበባን ከም ዚኣተወ፡ ዛንታ ሚስዮን፡ ይሕብር። በቲ ካል ኣይ ወገን ክንርኢ ከሎና ግን፡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ፡ ንኣብነት ኣብ ትግራይ፣ ምስፍሕፋሕ ስራሕ ሚስዮን ተራእየ (መሰረት ሉተራዊት ቤተ ክርስትያን (2008) ገጽ 102ቀቀ. ርኤ)።

1 ታሕሳስ 1915 ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ማይ ዝብኦ -ድባርዋ- ዚነበሩ ሚስዮናውያን ደቂ ተባዕትዮ፣ ካብ ኤርትራ ክወጹ፡ ካብ መንግስቲ ጣልያን ትእዛዝ መጸም። መደበር ሚስዮን ማይ ዝብኦ ክዕጾ ናይ ግድን ኰነ፡ ስራሕ ሚስዮን ሽዑ ናብ፣ ኣስመራን ኳዜንን ዓዲ ቆንጺን፡ ተኣከበ። ሚ. ኒስትሮም ምስ ስድርኦም ናብ፣ ዓድዋ፡ ትግራይ፡ ተሳገሩ፡ እቲ ስራሕ ወንጌል ከኣ ኣብኡ ቀጸለ።



ቀሺ ማርቆስ ወዲ ሃገር ብምንባሮም፡ በቲ ነቶም ደቂ ተባዕትዮ ሚስዮናውያን ዚበጽሖም ስጕምቲ ጣልያን ኣይተተንከፉን። ምስተን ብድሕሪት ዚተረፉ ደቀ'ንስትዮ ሚስዮናውያን፡ ንኣብነት፣ እመቤት ኣጉስታ ሀንሪክሶን፡ ናብ ኣስመራን ዓዲ ቆንጺን እናተዘዋወርካ ዚስራሕ ዚነበረ፡ ወዘተ…፡ ከም ቀደሙ ቀጸለ።

### ምቁራጽ መገዲን ርክባትን፡ ዘይምትእምማን፡ ጕድለት ጥዕና

እመቤት ኣና ሆልምበሪ ንኸኑታት ቀሺ ማርቆስ ይገልጻ፤

> ማርቆስ ገንዘብ ይስእን፡ እምነት ሰብ ድማ ይጐድሎ ኣሎ፡ ካብ ስራሕ ከሰናብቱኒ እዮም፡ ኢሉ፡ ይፈርሕ።

ጸኒሐን፡ ኣብቲ ናብ ስቶኮልም፡ ከም ሓውሲ ጸብጻብ ስራሕ እተሰደ መልእኽተን፤

> "ነቲ ዒላ ብልዓዮ"፡ ምስተባህለ፡ ካብኡ ንነጆው፡ ካብዘይ እንርእዮ ሓያሎ ኲይኑ።

ኣብ ቀጻሊ መልእኽተን ድማ፤

> ንማርቆስ ካብዘይ እንርእዮ መንፈቕ ሓሊፉ።

መልእኽቲ እመቤት ኣና ሆልምበሪ፡ ዅነታት ቀሺ ማርቆስ ይግለጸ እምበር፡ በቲ ካልኣይ ወገን ግን፣ ብዝክኣለን መጠን፣ ነቲ ኣብ መንጎ ዋና ጸሓፍን ሰብ ኳዜንን፡ እተላዕለ ናይ፣ ዘይምትእምማን፡ ዘይምርድዳእ መንፈስ፡ ከህድኣ፡ ብመልእኽቲ ብዙሕ ይጽዕራ።

ከምቲ ድሓር እተገልጸልና፡ ቀሺ ማርቆስ ካብ እመቤት ኣና ሆልምበሪ፡ ኣስመራ፡ 1800 ፈረንካ ክልቅሑ ተገደዱ። ከምቲ ሓሳብ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ስቶኮልም፡ ግን፣ 850 ፈረንካ ድኣ እምበር፡ ካብኡ ክበዝሕ ኣይነበሮን። - እመቤት ኣና ገንዘብ ከለቅሓ ከሎዋ፣ ካብ መራሒኤን ሓበሬታ ኣይሓተታን። ጸኒሕና ነዚ መብርሂ ክንረኽበሉ ኢና -። እቲ መደበን፡ ከምቲ ዕላማ ዋና ጸሓፊ እኳ እንተ ነበረ፡ እታ፤ "ነቲ ዒላ ብልዓዮ"፡ ዚብል፡ እተጻሕፉ እሞ፡ ንቀሺ ማርቆስ እትምልከት መልእኽቲ፡ ናብ ቀሺ ማርቆስ ዚበጽሐት ኣይትመስልን።

ከምቲ እተረደእዎ፡ እቲ እተለቅሕዎ ገንዘብ፡ ንሓደ፣ ርብዒ ዓመት፡ እተመደበ፡ ድሓር ድማ፣ ንደሞዝ፡ እተባህለ'ውን፡ ነበረ። ብጀካ'ዚ፡ ካልእ ዚበጽሖም ገንዘብ ኣይነበረን።

እመቤት ኣና ሆልምበሪ፡ ዚገበርኦ ጌጋ ተረዲኤን፡ መልሲ ክጽሕፋ ተቐዳደማ፤

> ኹሉ ክቃናዕ ተስፋ እገብር /.../ ንዓኻ ከይሓተትኩ ንቀሺ ገንዘብ ከለቅሖ ከሎኹ፡ ብዙሕ ተጋግየ። ዚሰደድካልና ገንዘብ፡ ነተን ኣብ ኣስመራ እንርከብ ጥራይ እተሰደ ብምዃኑ ኣይፈለጥኩን። እቲ ንሰለስቲና እተሰደልና (ንኣና ሆልምበሪ፡ ኣጉስታ ሀንሪክሶን፡ ኤዲት ካርስሆልም) ተወሳኺ ገንዘብ፡ ኣብ ምንታይ ከም እነውዕሎ ኣይንፈልጥን -



> ካብ ዓቕምና ንላዕሊ እዩ፡ /.../። ጌጋ ክገብር ከሎኹ፡ ኣብ ክንዲ ሱቕ ምባል፡ ሓደራ፣ ጌጋይ፡ ኣርመኒ!

ኣብዘን መንጎ ዓመታት እዚኣተን፣ ብምኽንያት ውግእ፡ መራኽቢ መገድታት ተዓጽዩ፡ መልእኽትታት ከኣ ኣብ መገዲ ይጠፍእ ከም ዚነበረ፡ ሓበሬታ ንረክብ ኢና። እዚ ኹነታት እዚ፡ ከምቲ ኣቐዲምና እተገንዘብናዮ፡ ኣብ መንጎ ልኡኻት ሚስዮንን መራሕቲ ሚስዮንን ክሳብ ኣብ ናይ ዘይምርድዳእ መንፈስ ኣብጽሐ። ሓንቲ ካብተን ኣብ መገዲ ዚጠፍአ መልእኽትታት፡ እታ ናብ ቀሺ ማርቆስ እተላእኸት፤ "ነቲ ዒላ ብልዓዮ"፡ ዚብል፡ ትሕዝቶ ዚነበራ መልእኽቲ ነበረት። ምኽንያቱ፣ ቀሺ ማርቆስ እቲ ብመራሒ ሚስዮን እተባህሎም፣ ብወረ ወረ ምስ በጽሖም፡ እመቤት ረጊና፤ "ሕጅስ ጸይሩና ዘሎ መሬት ኣብ ምብራዕ በጺሑ"፡ ክሳዕ ኣብ ምባል በጽሓ (እንጠቕሳ ዘሎና፣ እታ ንቀሺ እተባህለት መልእኽቲ፡ ኣብቲ ኣብ ስቶኮልም፤ "ናይ ሓባር መልእኽቲታት" ኰነ፡ ኣብ መዝገብ ሰነዳት፡ ናይ ከተማ ሉንድ (ናይ ኣክሰል ቤ ስቬንሶን ግላዊ ኣርካይቭ)፡ ግልባጭ እንተ ረኺብናላ ደሊና፡ ግን፡ ኣይተረኽበትን።

መራሒ ሚስዮን፤ "ነቲ ዒላ ብልዓዮ"፤ "ይብልዓዮ"፡ ዘበሎ ምኽንያትሲ፡ እንታ እዩ፧ እታ መልእኽቲ ናብቲ እተጻሕፈቶ ሰብ ኣይትብጻሕ እምበር፡ ወረ ትሕዝቶኣ ኣብ መንጎ መሳርሕቶም ተዘርጊሑ፡ መዛረቢት ከኣ ከም ዚኾነት፡ ዘጠራጥር ኣይነበረን። ጸሓፊ መልእኽቲ፡ ዋና ጸሓፊ ሚስዮን ድማ፡ በቲ ዚጸሓፎ ተጣዒሱ፡ ንእመቤት ኣና ሆልምበሪ ክገልጸለን ክፍትን ከሎ፡ ኣብ እትስዕብ መልእኽቱ፡ ንረኽቦ።

ኣብ መንጎ 15 ሓምለን 15 ነሓሰን 1915፣ ካብ እመ
ቤታት፣ ኣና፡ ኣጉስታ፡ ኤዲት፡ ሓያሎ ናይ ሰላምታ መል
እኽቲታት ንኣክሰል ቤ ስቬንሶን ኪበጽሖ ከሎ፡ ንሱ፡ ኣብቲ
እዋን እቲ፡ እናተዘዋወረ ስራሕ ይበጽሕ ስለ ዚነበረ፡ ነተን
ኣብ ኣስመራ ዚርከባ ሚስዮናውያን ኣብ መገሻ ከሎ፡ ዚጽ
ሕፈለን ዚነበረ መልእኽቲታት፣ እንታይ ትሕዝቶ ከም
ዚነበረን። ንመረድኢ ሓንቲ ካብኣተን ንጠቅስ፤

> ኣብዚ ዘሎና ብዛዕባኻትኩም ብዙሕ ጊዜ ንሻቐል።
> ከይደኸምክን በብእዋኑ ብምጽሓፍክን፡ ብልቢ
> ነመስግነክን። ናብ ወርሓዊ መልእኽቲ ሚስዮን
> ምጽሓፍ ኣይትረስዓ። እትጽሕፍኦ እንተ ዘይረኸ
> ብክን’ውን፡ ኣብ ክንዲ ጸብጻብ ስራሕ ሚስዮን
> ምሃብ፡ ብዛዕባ ክቡር መድሓኒናን እቲ ሰናይ ግብ
> ሩን ጸግኡን እንተ ጸሓፍክን፡ ኣዝዩ በረኸት ዘሎ
> ም’ዩ። ሕጂ ዘረባይ ከየብዝሕ፡ ድማ ብመንግስቲ
> ከይቅላዕ፡ ብሓጺሩ፡ ናብ ሓሳበይ እኣቱ። ኣብ ዝሓ
> ጸረ መዓልትታት ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝኾነክን ገን
> ዘብ ዝሓዘ ተለግራም ክሰደልኪ እየ (ንእመቤት
> ኣና ሆልምበሪ ክጽሕፍ ከሎ)። ዚሰዶ ንዓኻትክን፡
> ንቐሺ "ግርማይን" ኢዩ። እታ፤ "ነቲ ዒላ ብል
> ዓዮ"፡ ኢለ፡ ዚጸሓፍኩላ መልእኽቲ፡ ወዘተ... ዚበ
> ጽሓቶ ኣይመስለንን። ኣብ ስራሕ ዘውዕሎ እተፈ
> ልየ ገንዘብ ተዋሂብዎ ሰለ ዚጸንሐ እሞ፣ ሱቕ
> ኢሉ ምቕማጡ ፍረ ስለ ዘየብሉ፡ ኣቐዲሙ ነቲ
> ገንዘብ’ቲ ክጥቀመሉ፡ ኢለ፡ እየ፡ ከምኡ ዘበልኒ።
> ሕጂ ግን፡ ከምኡ ከም ዚገበረ እዩ ዚመስል እሞ፣
> ሓዲሽ ገንዘብ ከኣ ንሰደሉ። ኣብዚ ዚመጽእ ዘሎ
> መዓልትታት መልእኽቲ ክሰደሉ’የ። ሽዑ ክንዕ
> ወት ተስፋ እገብር።



ናብ ኳዜን ክንምለስ። "እተፈልየ ገንዘብ"፡ ንቀሺ ተባሂሉ።
ተላኢኹ ጸኒሑ ኔሩ እዩ።

ቀሺ ማርቆስ ምስ በዓልቲ ቤቶም፡ ናይ፣ ማይ ሽግር
ከም ዚነበሮም፡ ንርዳእ። ከምቲ እንዝክሮ፡ እቲ ዒላ ዓዲ፡
ካብቲ መደበር ሚስዮን ኣዝዩ ርሑቕ፡ ኣብርእሲኡ፡ እቲ
መገዲ ማይ፣ ምውራድን ምድያብን ዚመልኦ ነበረ።
ስለዚ፣ መዓልቲ መዓልቲ ማይ ካብ ዒላ ቀዲሕካ ናብ
መደበር ሚስዮን ምምጻእ፡ ድሓር ድማ፣ ገዛ እንዳ ቀሺ
ማርቆስ፣ ጽሬት ዚሓትት፡ ኣጋይሽ ዚበዝሖ ብምንባሩ፡
ብዙሕ ማይ ዘድልዮ ነበረ። በዚ ሚኽንያት እዚ፡ ናብራ
ብዓልቲ ቤቶም ከቃልሉ፡ ኣብቲ ከባቢ ስፍራ ሚስዮን፣
ዒላ ክኾዕቱ፡ መደብ ስለ ዚነበሮም፡ ነዚ ዚኸውን ገንዘብ
ሓቲቶም ተፈቒድሎም፡ እቲ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ነበረ።
ብዘይእንፈልጦ ምኽንያት ግን፡ መደቦም ኣብ ግብሪ ኣየው
ዓሉን። መራሒ ሚስዮን፡ ነዚ እተፈልየ ገንዘብ እዚ ዘኪሩ
ኸኣ እዩ፤ "ኣቐዲሙ ነቲ ዒላ ይብልዓዮ"፡ ክብል ከሎ፣
ንእመቤት ኣና ሆልምበሪ፡ ኣብ ምስባድ፡ ዘብጽሖን። -
እንዳቦይ ቀሺ ማርቆስ፣ ሒዶት ኣባጊዕን ኣጣልን፡ ከምኡ
ድማ ጥርይቶም እትኣልየሎም፡ ዕንጨይተ ማይ እተምጽ
ኣሎም፡ ንእሽቶ ጓል፡ ቈጺሮም ነበሩ። - ደራሲ፣ ኣብ ወር
ሒ ጥሪ-ለካቲት 2015፡ ነባሮ ኳዜን ተወሳኺ ዒላ ብመንግ
ስቲ ተኳዒቱሎም፡ ብዓብዪ ሓጐስ፣ ብህዝብን ሰበ-ስልጣ
ናትን ክምረቕ፡ ኣብ ኤሪ-ቴል ርኣየ። እቲ ሽዑ ኣዒንቱ
ኣብ፣ ኤሪ-ቴል፡ ዚረኣይኦ፡ ነቲ፡ ቅድሚ ሚእቲ ዓመት፡

ኣብ፣ መንጎ ቀሺ ማርቆስን መራሒ ሚስዮንን እተላዕለ ናይ ዒላ ሕቶ፡ ከየዘከሮ፡ ኣይተረፈን-።

ከምቲ ዚበልናዮ፣ እመቤት ኣና ሆልምበሪ ኲነ ብጾ ተን፡ ብዛዕባ እንዳ ቀሺ ማርቆስ ይሸገራ፡ ገንዘብ ይሓጽ ሮም ከም ዚነበረ ድማ ንምልከት። እቲ ዘገርም ከኣ፡ መራሒ ሚስዮን፡ ኣብቲ ናይ ዓመት 1916 ዘቕረቦ ጸብጻብ ስራሕ፡ ብዛዕባ፣ ስራሕ እመቤት ኣግነስ ኒስትሮምን ብዓል ቤተንን፣ 11 ገጽ ዚመልኤ ጸብጻብ ከቕርብ፡ ወሲኹ፣ ኣስ ማት ብዓል ተወልደ ብርሃን፡ ገብረ እዝጊ፡ ክሰሚ ከሎ፡ ስም ቀሺ ማርቆስ ወይ ብዛዕባ ስርሖም ኣየልዕልን።

እታ ካብ ስቶኮልም ናብ ኳዜን ዚለኣኾ ዳሕረይቲ መልእኽቲ፡ ካብ፣ 16 ጥቅምቲ 1915 ትኸውን። ብ2 የካ ቲት 1916 ከኣ፡ እመቤት ረጊና፡ ዚስዕብ መልሲ ሰደዳ፤

> ካብኡ ንነጀው፡ ሓንቲ መስመር፡ ወይ ጭራም ወረቐት እውን ትኹን፡ ኣይርኤናን። ንሕና እንሰ ደልኩም መልእኽቲታት ድማ፡ ኣብ ማይ ጥሒሉ፡ መግቢ ዓሳታት ኰይኑ ተሪፉ ኣሎ፡ ኢልና፡ ንፈር ሕን ንሓስብን።

ከም ተወሳኺ፡ እመቤት ረጊና ምስ ብዓል ቤተን ካብ ሃገር ሽወደን ክመጸም ዝጽበይዎ፣ መልእኽቲታት ጥራይ ዘይኰ ነስ፡ ካብ ሚስዮንን ፈተውቶምን ዚስደደሎም ዚነበረ፣ ፍሉይ ዓመታዊ ህያባት ልደት ዚሓዙ ሳጹናት፡ ስለ ዘቋረ ጸም፡ ተመሊሹ ክመጸም፡ ብሃንቀውታ ይጽበዩ ነበሩ። እዚ እተፈልየ ናይ ልደት ሳጹናት፡ ንኣብነት፣



> በብዓይነቱ ፍሬታት፡ ከም፣ ንቒጽ ብሎበር (መዓ ረሙጨ ሞሮር ዚመስል፡ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ ሰማያዊ ሕብሪ ኣለዎ)፡ ኣጫርቕ፡ ኮቦርታታት፡ ክዳውንቲ፡ ወረቓቕቲ፡ ፈትልታት፡ መጽሓፍቲ፡ ንቈልዑ ዝኸውን መጻወቲ ነገራት፡ ወዘተ…ነበረ።

ሳጹናት ልደት፡ ንብሎ ዘሎና፡ ብህያባት ዚመልአ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ስምዒት ሃገር ዘመሓላልፍ፣ ዝንፈቕ፡ ምስ ቤተ ሰብን ፈተውትን ሚስዮንን ዘራኽብ፡ ገጽ፡ ፍቕሪ ፈተውቲ ዘዘክር፡ ዓመት ዓመት፡ ሃንቀው ዚብልዎ ህያባት ነበረ። እቲ ዚስደደሎም ዝነበረ ናይ ልደት ህያባት፡ ከመይ ዚኣም ሰለ ጥቕሚ ይረኽብሉ ከም ዚነበሩ፡ ካብ መልእኽቲ እመ ቤት ረጊና ንካፈል፤

> …ዚፍቀደለይ እንተ ኾይኑስ፣ ሓንቲ ብሓቂ እተ ድልየኒ ነገር ክሓትት። እቶም ኣብ ገጠር ዚርከቡ ፈተውቲ ሚስዮን ከማልኡልና ከም ዝኽእሉ ኸኣ ብሓቂ እኣምን ኢየ። *ብሎበር* (ብሽወደን፡ ኣብ ላዕሊ ርኤ፡ ኣብ ጽሓይ ሰጢሕካ እተንቅጾ)፡ ካብ፣ ውጽኣት ኲነ ካልእ ሕማም፡ ከድሕነና ዚኽእል፡ ኣውራ እንደልዮ መድሃኒትና ኢዩ። ብዘይብኡ ክኾነልና ኣይክእልን ኢዩ እሞ፡ ሓደራ፡ ስደዱ ልና!

መልእኽቲ ምስ በጽሐን፤

> ሕጅስ ምስ ስቶኮልም እተራኸብና ኰይኑ ይስ ምዓና ኣሎ። ክንደይከ ዘይተሓጐስና!

እቲ ኣብ መንጎ ኳዜንን ስቶኮልምን ዚጸንሐ ናይ ርክብ ሕጽረት፡ ተማሓይሹ እኳ እንተ ተራእየ፡ በቲ ካልኣይ ወገን፣ እቲ ናይ ልቢ ርክብ ርሒቑ ከም ዝነበረ'ውን ንም ልከት። ከመይሲ፡ ኣብ ዚስዕብ መልእኽተን ብኸምዚ ይቕ ጽላ፤

> በጃኻ፡ ሓሳብካ ኣካፍለና! ክንሻቐል ጀሚርና። መሳርሕትናን ሰዓብትናን፣ ነታ ዘፍቀሩዋ ንነፍ ሳቶም ድማ በረኸት ዚረኸቡላ ሚስዮንና፡ ልቦም ኣብኣ ገና ኣውዲቖም ይርከቡ ኣሎዉ። ነታ ኣብ...(ጽሕፈት እመቤት ንምንባቡ ኣሸጋሪ ኢዩ)፡ እትርከብ ዘላ ማሕበር፡ ኣብ ጸሎትኩም ካብ ምዝ ካር፡ ሓገዝኩም ከኣ ካብ ምስዳድ፡ ኣይትድከሙ። ኪወሃቦም ዚጸንሐ ሓገዝ እንተ ጐዲሉ ወይ ኣቓ ሪጹ ግን፡ ዘይተጸበናዮ ሳዕቤን ከምጽእልና ይኽ እል እዩ፡ ኢልና፡ ንፈርሕ።

ዋና ጸሓፊ ሚስዮን፡ ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን፡ ኣብቲ ካብ እመ ቤት ኣና ዚመጸም ደብዳበ፣ ካብ መንግስቲ ቁሩብ ናጽነት ተረኺቡ፣ ናብቶም ኣብ ገጠር ዚርከቡ ደቂ ማሕበር ክበ ጽሓ ዕድል ከም ዚረኸባ፡ ጸብጻብ የመሓላልፍ። ብድሕ ሪ'ዚ፣ ኵነታት እተን ካልኦት ሚስዮናውያን ምስ ኣልዓ ኣለ፣ ብዛዕባ እንዳ ቀሺ ማርቆስ'ውን፡ ዚስዕብ፡ ይጽሕፍ፤

> /..../ ብጾትና፣ ማርቆስን ረጊና ግርማይን፡ ኣብ ኳዜን ኣጣጢሖም ኮፍ ኢሎም ኣሎዉ።



"ኣብ ኳዜን ኣጣጢሖም ኮፍ ኢሎም ኣሎዉ"፡ ዘበለስ፡ ምኽንያት ነይርዎ ድዩ፧

ኣክሰል ቤ ስቬንሶን፡ ናብ፣ ካርል ኒስትሮም፡ ክጽሕፍ ከሎ፣ በቲ ቀሺ ማርቆስ ዘቕርቡሉ ዓመታዊ ጸብጻብ ስራሕ ከም ዘይዓገበ፡ ኢና፡ እንጥርጥር። ምኽንያቱ፡ ኣክሰል ቤ ስቬንሶን፣ ቀሺ ማርቆስ እንታይ ክገብሩ ይውዕሉ ከም ዚነበሩ፡ ንምፍላጥ፡ ድሌት ነበሮ። ካብዚ እተላዕለ'ውን ይኸ ውን፡ ንካርል ኒስትሮም፡ ዝስዕብ ሕቶ ዘቕረበ፤

> ኣብ ገጠር ክንደይ ቤት ትምህርቲታት ይርከባ፧ ቁጽሪ ደቂ ማሕበርከ ክሳዕ ክንደይ ይበጽሕ፧ ማር ቆስ እንታይ ክገብር ይውዕል ኣሎ፧ ወዘተ...፡ ንኸ ምዚ ዚኣምስለ ሕቶታት መልሲ ክረኽበሉ እደሊ ኣሎኹ።

ኣብዚ ጊዜ እዚ፡ ንመራሒ ሚስዮን፣ ድቃስ ዚኸልእን ዘተ ሓሳሰብን ወረ ኣብ ስቶኮልም ኰነ ኣብ ኣስመራ፡ ክዝር ጋሕ ዚጸንሐ ነበረ። ንሱ ድማ፣ ዮሃንስ ግርማይ፡ ንቀሺ ማርቆስ ሓዎም፡ ናብታ ዝነበራ ማሕበር፡ ማለት፡ ናብ፣ ወ. ሽ.ሚ. ምምላሱ፡ ዘበገሶ ወረ ነበረ። እቲ ክዝርጋሕ ዚጸ ንሐ ወረ፤ "ማርቆስ" ከይተረፈ፣ ናብ ወ.ሽ.ሚ ክምለስ ይሓስብ ኣሎ"፡ ዚብል፡ ሕሜት፡ ኣስዓበ።

ነዚ ሕሜት እዚ ዘልዓሎ ምኽንያት፡ ከምቲ እንርድኦ፡ ኣብቲ ዮሃንስ ግርማይ ኣብ ወ.ሽ.ሚ. ስራሕ ዚጀመረሉ ጊዜ፣ ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን ኣብ ኣስመራ ብም ርካቦም፡ ኣብ ርእሲኡ፡ ኣውራ ነቲ ወረ ዘጋነኖ፡ ቀሺ ማር ቆስ፣ ንገለ ሰሙናት፡ ምስ ሓኪም (ዶ/ር) ኒኮላ ደ ፐትሪስ፡ ቀንዮም፡ ኣብ ርእሲኡ፣ መልእኽቲ ካብ ዘይጽሕፉ ድማ

ጸኒሖም ኣሎዉ። ኣብቲ ድሃይ ዘጥፍእሉ ጊዜ፣ እቲ ምስ ሃገር ሽወደን ምጽሒሓፍን ርክብን ብእመቤት ረጊና ጥራይ ይቕጽል ነበረ።

ልክዕ እዩ፡ እቲ ካብ ኢድ ቀሺ ማርቆስ መልእኽቲ ዘይ ምርካብ፡ ኣብ ስቶኮልም ፍርሓት ከይፈጠረ ኣይተረፈን። እተዘርግሐ ወረ'ኸ፡ ሓቂ ዚነበሮ ድዩ፧ ቀሺ ማርቆስን እመ ቤት ረጊናን ብወገኖም፡ ነቲ እተዘርግሐ ወረ እንታይ መልሲ ይህብሉ፧ እንተበልና፡ እንረኽቦ መልሲ፡ ካብኣን፡ እሞ፣ ጉድለት ጥዕና ብዓል ቤተን፡ ክገልጻ ከሎዋ ዚበልኦ እዩ፤

> ብዓል ቤተይ፡ ብምኽንያት ሕማም፡ ዓራት ስለ ዚሓዘ፡ ከም ጽሓፊቱ መጠን፡ እንደገና ዚስዕብ ሓጺር መልእኽቲ ክጽሕፍ እደፍር...፤ ንኣርብዓ ዓመት ዚኣክእል ዘሳቐየቶ፤ "ናይ ስጋ እሾኽ"! ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ፡ ብቐሊል ነገር ተላዒላ፡ ከይትሓዊ ኸኣ ኣብያ።

ቁስሊ፡ ኢለን፡ ዚጽውዕኦ ዘሎዋ፡ ዚጸንሓቶም፣ ብምዕንቃፍ እግሪ እተላዕለት፡ ኣብ ኣከባቢ 1918 እናገደደት ከደት፡ ክሳዕ ዓራት ምሓዝ'ውን ኣብጽሐት። ንሰን ድማ ነቲ ዓመት እቲ፤ "ናይ ሽግር ዓመት"፡ ኢለን፡ ይጽውዕኦ፣ ናብ ኵነታት ብዓል ቤተን ምግላጽ'ውን ይኣትዋ፤

> ቀሺ፡ ኣብዘን ዚሓለፋ ክልተ ዓመታት እናገሸ፡ ዓድታትን ደቂ ማሕበርን ክበጽሕ ኣይከኣለን። ምስ ሓኪም ሚስዮን፣ ዶ/ር ደ ፐትሪስ፡ ኣስመራ፡ ብምኽንያት ሕማም፣ ንሾውዓተ ሰሙን፡ ከም ዚደቀሰ፡ ዚሕባእ ኣይኰነን።



ቀሺ ማርቆስ ደጋጊሞም ናብ ኣስመራ ኪመላለሱ ዘግበሮም ምኽንያት፡ ከም እንፈልጦ፣ ክልተ ዓይነት፡ እዩ። እቲ ቀዳማይ፣ ከምቲ እተባህለና፣ ብምኽንያት ሕክምና፡ እቲ ካል ኣይ፣ ቀሺ ማርቆስ ነቶም ናብ ኢትዮጵያ ዚሰደድዎም፣ ልኡኻት ወንጌል፡ ሃብተ ማርያምን ኣየለን፡ ካብ ኳዜን ዘድ ልዮም ገንዘብ ምስዳድ ይሽግሮም ስለ ዚነበረ፣ ብወ.ሽ.ሚ. ጌሮም፡ ክሰድሎም፡ ናይ ግድን ስለ ዚነበረ እሞ፡ ከምቲ እመቤት ዚበልኦ፡ እቲ ኣብ መንጎ፣ እንዳ ቀሺ ኢቫርሶንን ዶ/ር ደ ፐትሪስን፡ ዚጸንሐ ጽቡቕ ርክብ ከኣ፡ ቀጻሊ ስለ ዚነበረ፡ ብጸቶምን ፈተውቶምን ክበጽሑ ናብ ግድን ነበረ።

"ሓዊ ከይተኸኸ ኣይነድድን"፡ ከም ዚብሃል፡ ዶ/ር ደ ፐትሪስ ንቀሺ ማርቆስ ናብታ ዚነበርዋ ማሕበር ክምለሱ ይጽዕሩ ከም ዚነበሩ'ውን ይንገረሉ'ዩ። ይኹን እምበር፡ እመቤት ረጊና፡ ኣስመራ ኪበጽሓ ዘግበረን ምኽንያት፣ ጉድለት ጥዕና ብዓል ቤተን ጥራይ ዘይኰነ፡ ብዓልቲ ቤቶም ንዶ/ር ደ ፐትሪስ ሓሚመን እሞ ኪበጽሓ፡ ኣብ እግረ መገደን ድማ፣ ንእንዳ ቀሺ ኢቫርሶን፡ ከይርኣያ፡ ክምለሳ፡ ስለ ዘይደለያ እዩ። ነዚ ዚእመናሉ ነበረ። ከም ተወሳኺ፣ ካብ ብጸቶም ተፈልዮም ይሰርሑ ስለ ዚነበሩ፡ ደቂ ሃገሮም ንምርካብ፡ ሃረርታ ነበረን።

እመቤት ረጊና ቀጺለን፡ ንሓማዩ፡ ኣክሰል ቤ ስቬንሶን፡ ሰራሕተኛታት ወ.ሽ.ሚ. ካብ ሚስዮኖም ዚረኽብዎ ዚነበሩ ሓልዮት የልዕላ። ሰራሕተኛታት ወ.ሽ.ሚ. ብነጻ ሕክምና ክረኽቡ ከሎዉ፡ ሰራሕተኛታት ወይ ልኡኻት ቤቨ ሚስ

ዮን ግን፣ ብገንዘቦም ይሕከሙ፡ ከም ዚነበሩ እዩ። ሳላ ወ.ሽ.ሚ. ግን፣ ንሰን ኲነ ብዓል ቤተን፣ ዘድልዮም ናይ ሕክምና ሓገዝ፡ እሞ ብጥራዩ፡ ካብ ወ.ሽ.ሚ. ኺወሃቦም ከም ዚጸንሐ፡ የዘኻኽራ። ስለዚ፣ ከምቲ ከም ሕምየት ኣም ሲለን ዘመልክትኦ፣ ሚስዮንን ስርሑንን ከይከሓዳ፡ ከይገደፋ፡ ምስ ዝኾነ፤ "ሰላም"፡ ኪገብራ፡ ይጽዕራ ከም ዚነበራ፥ ቀጺለን፤ "ኣብ ማእከል ወ.ሽ.ሚ. ቀጺልና ክንሰርሕ እንተ ኰይና፣ ብስምምዕ ክንነብር ኣድላዩ እዩ"፡ ብምባል፡ ደፌረን፡ ሓሳባን ኣብ ምግላጽ ይኣትዋ።

ኣብዚ ቀጺልና እንግንዘቦ፡ ምንም እኳ ቀሺ ማርቆስ ኣብ፣ "ሽግር" ይውደቑ እምበር፡ ብዛዕባ መጻኢ ናብርኦም ይሓስቡን ይምድቡን ከም ዚነበሩ፡ ካብቲ ጸኒሑም፡ ብዛዕባ፣ ምስልጣን መምህራን፡ ዚጸሓፍዎ መልእኽቲ፡ ንካፈል። ነዚ ስራሕ እዚ ይፈትውዎ ከም ዚነበሩ'ውን፡ ካብ ኣፎም፡ "ከም ልሙድ መምህር መጠን፡ ብተምሃሮ ክኽበብ፡ ድሌት ኣሎኒ"፡ ኪብሉ፡ ኢና እንሰምዖም። ካብዚ እተላዕለ፣ ብ10 ሚያዝያ 1917፡ ዚስዕብ መደብ ንስቶኮልም ለኣኹ፤

> ካብ ሽወደን ሓገዝ ክንረክብ እንተ ኽኢልናስ፡ መምህራን ዝኾኑና መንእሰያት ምስልጣን ኣድላዩ እዩ /.../ ካብቶም ዘሎዉና ንመምህራን ዚኾኑ ብቑዓት ኣሎዉና። ብሓጐስን ሓዲሽ መንፈስን ድማ ክሰርሑልና ዚኽእሉ እዮም። ኣጽጋቢ መልሲ ብትዕግስቲ ንጽበ ኣሎና።

ካብ ዋና ጸሓፊ ሚስዮን፡ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ እተጸበይዎ መልሲ ምስ ደንጐዮም፣ ድምጸም ብምቕያር፡ መሊሾም፡ ዚስዕብ መልእኽቲ ሰደዱ፤



> ከምቲ ኣብ ገለ ስፍራታት ሚስዮን ክፍጸም እንርእዮ ዘሎና፡ ናይ ቀደም መገዲ ተኸቲልና ስራሕና ክንቅጽል ሕልናና ከይወቐሰና ኣይተርፍን። ዘድሊ ስጕምቲ ወሲድና ስራሕና ከነመሓይሽ እንተ ዘይክኢልና፡ ኣምላኽ ባዕሉ ኢዱ ከየእትወሉ፡ ንፈርሕ። ኣብቲ ሰፊሕ ግራት ኣምላኽ፣ ብዝሒ መሳርሕቲ ዘይኰነስ፡ ምርጺ ኢዩ ዘድሊ። እቶም ሰለስተ መምህራንና እንደልዮ ክሰርሑ ዘይደልዩ እንተ ኾኑ ግን፡ ናብታ ዚጸንሕዋ ሚስዮን ወይ ናብ ሕርሻኦምን ዕለታዊ ሓዳሮምን ክምለሱ ይኽእሉ እዮም። እምነቶም ኣብ ኣምላኽ ዝገብሩ፡ ብትምህርቶም ከኣ ዚበሰሉ መንእሰያት ክትክኡ፡ ተስፋ ንገብር። ኣብ ጸሎትኩም ወርትግ እተዘከርና ከም ዝኾንና ንእመን።

ቀሺ ማርቆስ ኣትሪሮም ክጽሕፉ ዘገደዶም፡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ፡ መምህራኖም፣ ደሞዝ ይወሰኸና፡ ኢሎም፡ ምዕዝምዛም የር እዩ ነበሩ። ቅድሚ ናብ ስቶኮልም ምጽሓፎም ግን፡ ከምቲ እመቤት ኣና ንኣክሰል ቤ ስቬንሶን ዝጽሕፍኦ፤ "ንኣስመራ ኪዱ (ቃል መምህር ኣና) ኣብኡ ነተን ኣዋልድ ናብ ሃገር ሽወደን እንሰዶ ደብዳበ ጽሓፉልና፡ በልወን። ኣነ ግን፣ ሎሚ ኣይጽሕፈልኩም፡ ጽባሕ፡ እምቢ!" ኢሎም፡ ነቶም መምሃራን ናብ ኣስመራ ሰጒጕዎም።

ኣብ መንጎ ቀሺ ማርቆስን መራሒ ሚስዮንን ዘጸንሐ ርክብ፡ እናተመርዘ ዚኸደ ይመስል። ዚሓተትዎ ናይ ምምሕያሽ ሓሳባት'ውን፣ ኣብ ጽቡቕ መሬት፡ ኣይወደቐን። ኣብዚ ዚስዕብ፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ምስ ብዓልቲ ቤቶም፣ ድኻ

ም፡ ተስፋ ምቕራጽ፡ ሃንቀውታ (ዕረፍቲ ስራሕ ምድላይ) ክስምዖም ከም ዝጀመረ፡ ሓሳባቶም የካፍሉ። ካብዚ ዝመጸ፡ ኣብ መወዳእታ 1918፡ እመቤት ረጊና፣ ደሞዘን ኣብ ክንዲ ንኤርትራ፡ ናብተን፡ ኣብ፣ ኡፕሳላ ዚርከባ፣ ኤማ፡ እተባህላ ሓብተን፡ ክስደደለን፡ ንጸሓፊ ሚስዮን ብትሕትና ይሓታ። ቀሺ ማርቆስ ብወገኖም፤

> መደበር ሚስዮና ምስ ስርሑ፡ ኣብ ኢድ ማሓበር ሚስዮንና ክንገድፎ እንተ ዘይኰይኑ፡ ካልእ ሓሳብ የልቦን። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ዝትክኣና ሚስዮናዊ የድሊ። ዚከኣል እንተ ኰይኑ ድማ፣ ብዓል ሓዳር፡ ሽዑ ናብ ጥሮታ ክንኣቱ ድሉዋት ኢና"፡ ብምባል፡ ሓሳቦም ኣፍለጡ።



# ታሽዓይ ምዕራፍ

## ድኻም፡ መደብ ጥሮታ ሚስዮናውያን፡ 1919-1922

ኣብ ዚስዕብ ምዕራፍና፡ ቀሺ ማርቆስ፣ ን31 ዓመታት ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ምግልጋል፡ እመቤት ረጊና፣ 34 ዓመት (ካብዚ፣ 11 ዓመት ኣብ ትሕቲ ሉተራዊት ሚስዮን)፡ ናብ ሃገር ሽወደን ክምለሱ፡ ምንዮቶም ክገልጹ፡ እንዳ ሚ. ኒስትሮም ድማ ካብ፣ ትግራይ ናብ ኤርትራ፡ ክምለሱ ንረኽቦም። 1919 ዓ.ም.ፈ.፡ እቲ እንዳ ኣቦና ኒስትሮም ናብ ኤርትራ ተመልሱሉ ዓመት እዩ።

ዓመት 1918፡ ንቀሺ ማርቆስን ንሚስዮናዊት መም. ረጊናን፡ ከም፤ "ዓመት ድኻምን ቃልስን"፡ ትፍለጥ። ብዕድመ እናደፍኡ ይኸዱ ስለ ዚነበሩ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ፣ ጉድለት ጥዕና፡ ስለ እተሓወሶ፣ ዕረፍቲ ኣድለየ። ዕረፈቲ ሃንቀውታኡ እናበርትዐ ከደ። ብድሕሪ እዚ፡ ኣብቲ ሓጺር ዛንታ ሉተራዊት ሚስዮን፡ ንቐዳማይ ጊዜ፣ መገዲ ጥሮታ፡ ክዝረበሉን መደብ ክውሰዶን፡ ንርኢ።

ዋና ጸሓፊ ሚስዮን፡ ኣብቲ ናይ 1919 ዓ.ም.ፈ ዘቕረቦ ጸብጻብ ስራሕ፡ ይጽሕፍ፤

> ዋጋ ዘሎዎ ስራሕ፡ ብውሽጣዊ ድኻምን ምስንኹን ይስራሕ።

ብዛዕባ ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን ድማ፤

> ጥዕና ይስእኑ እምበር፡ እተባረኸ ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ኣይዓረፉን። ኣብ ርእሲ'ኡ'ውን፣ ብመጠኑ ኸኣ፡ ብነጻ ወይ ከም ድላዮም ክሰርሑ ክኢሎም ኣሎዉ፡ ኢሉ፡ ይጽሕፍ።

እመቤት ረጊና፡ ብዓል ቤተን ጥዕና ብምስኣኖም፡ ብሓቂ ይሽገራ። ቀሺ ማርቆስ፡ ብወገኖም፣ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕን ኦም፡ የልዕሉ፤

> ንገዛእ ርእሰይ፡ ኽልተ ዓመት ምሉእ፡ ብሕማም ዚኣክል ብዙሕ ስራሕ ክፍጽም ኣይከኣልኩን። ሕጂ ግን፣ እናሐሸኒ ይኸይድ ኣሎ፣ ኣምላኽ ይቐጽዕ፡ ባዕሉ ድማ ጥዕና ይህብ። ቅዱስ ስሙ ይባረኽ።

ከም ቀደሞም፡ ብምኽንያት ሕማም፣ ላዕልን ታሕትን ክብሉ እኳ እንተ ዘይጸንሑ፡ ብዛዕባ እቲ ክፍጽምዎ ዚደለ ይዎ መደብ ስራሕ ካብ ምሕሳብ ኣይዓረፉን። ኣቐዲሞም ከአ፤

> እቲ ሚስዮን ዚፈልየሎም ዝነበረ ባጀት ብዙሕ ጐዲሉ፥ መምህራንና ናይ ንጉሆን ምሸትን ትም ህርቲ ምክያድ እንተ ዘይኰይኑ፡ ከም ቀደሞም፣ መዓልታዊ ስራሕ ሚስዮን ክፍጽሙ ኣይክእሉን፡



ኢሎም፡ ነቲ ክሰርሕዎ ዚሓስብዎ ብኸመይ ዚኣምሰለ ስር ዓት ክፍጸም ከም ዝደልይዎ ንዋና ጽሓፊ፡ የዘኻኽሩ። ከም ተቐጻሊ ይጽሕፉ፤

> ነዚ ኣብ ስርዓቱ ንኸነብጽሖ፡ ገንዘብ ኹነ ኣገዳሲ መሳርያ የድልዮ።

## ተሞኲሮ መወዳእታ ዓመታት፡ ሓሳብ ጥሮታ

ዋና ጸሓፊ ሚስዮን፣ ፈተውቲ ሚስዮን ንቀሺ ማርቆስ ኣብ ጊዜ ሕማሞም፡ ኣብ ጸሎቶም ከይርስዕዎም ኣዘኻኺሩ፡ ምስቲ ዚሃቦ እተጠቕሰ ዓመታዊ ጸብጻብ፣ ዚሓለፈ ውሳኔ የልዕል፤

> ክልቲኦም ብዕድመ ደፊኦም ስለ ዘሎዉ፡ ኣብ ስር ሖም ንነዊሕ እዋን ዚጸንሑ ኣይመስሉን…በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኣስፈጻምቲ ኮሚተ፣ ንጥሮታ እንዳ ቀሺ ማርቆስ፡ ክሓስብሉ ተገደዱ።

ጉዳይ ቀሺ ማርቆስ፡ ኣብቲ ስዓቢ ኣኼባ ኣመሓደርቲ ንቐ ዳማይ ጊዜ ተላዕለ፡ ዚስዕብ ውሳኔ ኸኣ ተዋህቦ፣

1፡0 ቀሺ. ግ. (ግርማይ) ስርሑ ወዲኡ፡ ኣብ ጥሮታ ምስ ዚኣቱ እሞ ኣብ ዘሎዎ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ክቕመጥ እንተ መሪጹ፣ 1,500 ፈረንካ፡ ኣብ ዓመት ጥሮታ ክወሃቦ። ኣብ ርእሲኡ፡ ኣብ ኳዜን ብነጻ፡ ብዘይክራይ፡ ክቕመጥ።

2፡0 ቀሺ. ግ. ኣፍሪቃ ገዲፉ ኣብ ኤውሮጳ ክቕመጥ እየ፡ ዚብል እንተኾይኑ ግን፡ ጥሮታኡ፣ 1,200 ፈረንካ፡ ኣብ ዓመት ይኸውን።

3፡0 ቀሺ. ማርቆስ፡ ነቲ ኣብ 1፡0 ዚቐረበ ሓሳብ ነጻጊኡ ምስ ዚኸውን፡ ናይ ኳዜን መደበር ሚስዮን ብዘሎ ንሉ.ሽ.ሚስዮን ኣብ ኢዳ ከረክባ።

4፡0 ቀሺ. ግ. ንሉተራዊት ሚስዮን ገዲፉ፣ ናብ ካልእ ምስ ዚኣቱ፡ በቲ ዚወስዶ ሓዲሽ ስጕምቲ፣ ንቤሽ ክጕድኣን ስማ ክኽፍእን እንተ ተረኺቡ፡ ዚወሃቦ ጥሮታ ብኡ ንብኡ ክቛርጽ፡ ዚብል፡ ዓን ቀጽ ተወሰኾ።

ቀሺ. ማርቆስ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተወስደ መደብ፣ ንንኡስ ኮሚተ ስራሕ ግዳም ሚስዮን፣ መስከረም 25 1918፡ መልሲ ሃቡሉ። ነቲ ኣብ ስቶኮልም እተወስደ ውሳኔ ኸኣ፤ "ዘሕዝን"፡ ኢሎም፡ ጸውዕዎ። ሚስዮን ኣብ ጊዜ ጸበባ ኢያ ዘላ፡ ብምባል ሽዑ፤ "ዅነታት ዓለም ክሳዕ ዝረግእ፣ ወሰኽ ደሞዝ፡ ይጽንሓለይ"፡ ኢሎም፡ ብዝስዕብ መልእ ኽቶም ዓጸዉ፤

ክቡር ሓወይ፡ ንነገረይ ናብ ኣስፈጻምቲ ኮሚቴ ከም እተቐርቦ፡ እርዳእ እየ። ልባዊ ምስጋናይ ከኣ ይብጻሕካ። ብወገንና ኹንካ ሓገዝካ ከም እትህ በና፡ ንፈልጥ፡ ሓገዝካ ወርትግ ንኽስዕበና ድማ ተስፋ ንገብር። በዚ ኣምላኽ ጻማኻ ይኽሓስካ።



እዛ እንሰደልኩም ዘሎና ደብዳበ፣ ኣብ ምእ ታው ልደት ስለ እትበጽሓኩም፣ እተባረኸ ሓጐስ ዚመልኦ ልደት ክገብረልኩም ንምነ። ጐይታና ንኹልና ስለ ክቡር ስሙ ኢሉ፣ ጸጋ ሰላሙ ይሃ ብና።

ንዘለኣለም ናትካ፡ ማ.ግ.(ማርቆስ ግርማይ)።

ብቀሺ. ማርቆስ እተላእከ ደብዳበ፣ ብንኡስ ኮሚቴ ናይ ወጻኢ. ስራሕ ሚስዮን ተነበ (ሚሽን ቦርድ)። - ኣባላት እቲ ኮሚቴን ኣብቲ ኣኼባ እተኻፈሉን ዝስዕቡ ነበሩ፣ ኒልስ ኒልሶን፡ ፐር ሁልቴን፡ ስ.ኤ. ሆልምበሪ፡ ሰ.ኣ. ዊልግሬን፡ ዋና ጽሓፊ ሚስዮን ኣክሰል ቤ ስቬንሶን። እቲ ኣኼባ ንቀሺ. ግርማይ ናብ፤ "ጥሮታ ከመሓላልፎ"፡ ከም ተቐጸሊ፣ "ንስርሖም፡ ናይ ኳዜን፡ ዝትክእ ሰብ ክሳዕ ዝርከብ፡ ንጊዜኡ ኣብ ዘሎውዎ ክጸንሑ፡ ደሞዝ ከይተጨርመ፡ ከም ቀደሙ ክውሃብ"፡ ወሰነ።

ቀሺ. ማርቆስ፣ ሚሽን ቦርድ፡ ነቲ ናይ ጥሮታ ሕቶ ብኸመይ ኣጋባብ ከም ዘልዓሎን፡ ዚወሰዶ ውሳኔን ምስ ፈለጡ፤ "ዘሐዝን!"፡ ኢሎም፡ ከም ዚጸውዕዎ ርኢና። ብሓ ጺሩ፡ በቲ እተወስደ ውሳነ ኣይተሓጐሱን። እቲ ካብ ኹሉ ዘጕሃየ ግና፣ ቦርድ፡ ውሳነ ንኽወስድ፡ ክሳዕ ኣብ ዕንጨይቲ ምውዳቐ ከም ዚበጽሐ፡ ፈሊጦም፡ ኣሎዉ። ከመይሲ፡ ኣብቲ ቦርድ፣ ብዛዕባ ጕዳይ ቀሺ. ማርቆስ እተፈላለየ ርእ ይቶ ከም ዚነበረ፡ ኢዩ፡ ዚርዳእ።

ኣቐዲም ኣቢሉ ተሓቢሩ ከም ዚጸንሐ፡ ቀሺ. ማርቆስ፡ ምስ እንዳ ቀሺ. ኢቫርሶን፡ ዶክቶር ኒ. ደ ፐትሪስ፡ ዚጸ ንሖም ርክብ ቀጻሊ. ከም ዚነበረ እሞ፡ ክሳብ ናብ ኣስመራ

ወሪዶም ክበጽሕዎም ዘግበሮም፡ እቲ ወረ ንሉ.ሽ.ሚስዮንን መራሕታን፣ ጥርጥር ኣብ ልዕሊ ቀሺ ማርቆስ ኣሕዲሩ፤ ”ቀሺ ናብ ዚነበራ ሚስዮን ክምለስ እሓስብ ኣሎ”፡ ኣብ ዚብል ሕሜት፡ ከም ዘብጽሐ፡ ሰሚዕናዮ፡ ኣሎና። ቀሺ ማር ቆስ ብወገኖም፣ እተዘርግሐ ወረ ከይሰምዕዎ ኣይተረፉን። ወረ በጺሕዎም ኢዩ። ስለዚ፡ ነቲ እተዘርግሐ ወረ፡ ኣብዛ እንጠቕሳ ዘሎና መልእኽቲ፣ ዓርኮምን ናይ ቀደም ብጻዮ ምን፡ ዶ/ር ደ ፐትሪስ፡ ክበጽሑ፡ ኣብ መደበር ወ. ሽ. ሚ. ይርኣዩ ከም ዚነበሩ፡ ይእመንሉ ድኣ እምበር ኣይከሓዱን።

ከም መደምደምታ ሓሳብ ክንብሎ እንደሊ እንተሎ፡ ቦርድ ሚስዮን፡ ነቲ፣ ናይ ጥሮታ ሕቶ፡ ኣብ፤ ”ዘሐዝን” ነገር፡ ዘብጽሐ፡ ምኽንያት፡ ሓደ፣ ኣብቲ ሓጺር ዛንታ ህል ውና ሚስዮን፡ ቀሺ ማርቆስ፣ እቶም ቀዳማይ ናብ ጊዜ ጥሮታ ዚቐረቡ፡ ብምዃኖም፣ ሕቶ ጥሮታ፡ ንሚሽን ቦር ድ፡ ሓዲሽ ተሞኵሮ ነበረ። ክልተ፣ ምስቲ ሕቶ ጥሮታ ድማ፡ ሚሽን ቦርድ ዘህውኻ ነገር ረኺበት። ንሱ ኸኣ፣ ናብ ወ.ሽ.ሚ. ከይተመልሰ ከሎ፡ ስጕምቲ ንውሰደሉ፡ ዚብል፡ ፍርሓት እተሓወሶ፡ ኪኸውን ይኽእል። በዝን ከም ዝን፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚስዮን፡ ኣብ ጐደና ኡፕላድ፡ ቁጽሪ 43፡ መራሕቲ ንንኡስ ቦርድ ዘቐረበሎም መምርሒ ውሳኔ ንኽወስድሉ፡ ክሳዕ ኣብ ዕንጨይቲ (ዕጭ) ምውዳቕ በጽሑ። 4 ድምጺ ካብ 7 ድማ፤ ”ቀሺ ኣብ ጥሮታ ይእቶ”፡ ዝብል ኮነ። ቀጺሉ፡ ኣብቲ ሰዓቢ ኣኼባ፣ መደብ (ጥሮታ) ከቐርብ፡ ተባህለ።

ኣብቲ ቀዳማይ ክፍሊ ዓመት 1920፡ ቀሺ ማርቆስ ዘይ ተጸበይዎ ወሰኽ ደሞዝ ተዋህቦም። ነቲ ዚስዕብ መልእኽ



ቶም ክነንብብ ክሎና'ውን፡ እቲ ዚጸንሖ ናይ ሓሳብ ፍል ልይ፣ ከም እተመሓየሸ፡ ይመስል። ቀሺ ማርቆስ፤

> እቲ እተዋህበና ናይ ደሞዝ ወሰኽ፣ ካብ ዚሓሰ ብናዮ ንላዕሊ ኰይኑ ምስ ረኸብናዮ፡ ካብ ምድ ናቕ እተላዕለ ኣሓጒሹና። እዚ፣ ከም ዘይረሳዕኩ ሙና የርኢ። ዚተዋህበና ገንዘብ ኾነ ዘሎና ሓይ ሊ፡ ኣብ ኽብሪ ኣምላኽ ከነውዕሎ ከኣ ድልየትናን ጸሎትናን እዩ።

ከም ተቐጻሊ፣ ኣብ ጥሮታ ክኣትዉ ከም ዚደለዩ፡ ንኣክሰል ቤ ሲቬንሶን፡ ቀጺሎም ይገልጽሉ፤

> ...ሕጅስ ኣዝዩ ይደኽመና ኣሎ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ፡ ዚመጽእ ዓመት 1921፡ናብ ”ሃገርና” ክንምለስ ንደሊ። ሓሳባትና ንኽቡራት ኣካላት ቦርድ ከተቕርበልና ብትሕትና ንሓትት። ኣብ ዚሓጸረ ጊዜ ዘሐጕስ ወረ ክትህበና ኸኣ ንጽበ። ኣብ ኣፍሪቃ ንኣምላኽ ብተቐጻሊ ከነገልግል ምደ ለና፡ ግን፣ ብሓቂ ደኺሙና እዩ።

መልእኽቲታት ሚስዮናውያን ክነንብብ ክሎና፡ ዘሕልፍዎ ዚነበሩ ናብራ ወይ ሃለዋ፣ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ተለ ዋወጢ ከም ዚነበረ እዩ። ሎሚ፣ ሓጐስ፡ ናብራ'ውን ቀሊሉ፡ ንጽባሒቱ ግን፣ ድካምን ንብዓትን፡ እተሓዋወሶ፡ ኰይኑ ትረኽቦ። ንምሳሌ፡ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ መልእ ኽቲ፣ ድኻምን ቕልውላውን ከርኢ ከሎ፡ ጸኒሑ ዝጥቀስ

ግን፣ ምስጋና፡ ናይ ስራሕ ሰናይ ሞያ፡ የርኢ። ከም ሰዓቢ፣ መልእኽቲ እመቤት ረጊና፡ ንጠቅስ፤

> /..../ ናብ ኳዜን ምጽእ ምስ በልና፣ ማርቆስ ዚተ ኸሎ ቀላሚጦስ (-ሳት)፣ ነዊሕን ጽላል ዚህብን ኰይኑ፡ ንፋስ'ውን ይኽልክለልና ኣሎ። ዚንጎታት ቤትና (መረብዓትና) ብሓይሊ ንፋስ ክፋጺ ከሎ፡ ንፋስ ናበይ ገጹ ይነፍስ ከም ዘሎ ክንፈልጥ ንኽ እል። መደበር ሚስዮን ድማ በቲ ጥዑም ጨና ዚህብ፣ ጽዑቑን ባህ ዘብልን ጽሕዲ፡ እተኸበ እዩ። ብሓቂ፡ ከምዚ ዚኣምሰለ እሞ፡ ባህ ዘብል ምድራዊ ቤት ንዘሃበና ኣምላኽ፣ ምስጋናና፡ ይብ ጽሓዮ። ነቲ፣ *ብዘይ ቤት፡ ኣብ በረኻ ተደርቢኻ ምሕዳር፡ ተመኲርናዮ፡ ኢና።* ተሃዲንና! ብሓቂ ድማ ክሳዕ ናብ ኳዜን ከም እንህደን ጌሮሙና። ነቲ፤ "ስሙ፣ ግሩም፡ መካር፡ ዚኾነ ኣምላኽ፡ ቕዱስ ስሙ ኣመስግን ኣሎኹ።
> ...ኣብዚ ዚጐደለና የልቦን። ሽግርና ካብ ደቂ ዓዲ ዘድልየና ሓገዝ ብዘይ ምርካብና እዩ። ደቂ ዓዲ ብስርሖም ስለ ዚተሓዙ፡ ንኣስመራ ዚለኣኽና ሰብ ንስእን፡ ግን፣ ኣምላኽ ኣብ ጸበባና ረዳኢና እዩ።

## መደብ ጥሮታ ዕንቅፋት ይረክብ

ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን ብዕለት 15 ጥሪ 1920 ደብዳበ ለኣኹ። ቃለ ኣኼባ ኣስፈጻምቲ ኮሚቴ፡ ኣብቲ ብ8ን 9ን መስከረም 1921 (1920!) ኣብ ርእሲ ከተማ



ሃገር ሽወደን፡ ስቶኮልም፡ እተኻየደ ኣኼባ፡ ቁጽሪ 12፡ እተ ወስደ ውሳኔ ከምዚ የመዝግብ፤

> ማርቆስ ግርማይ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ካብ ስፍራ ሚስዮን ንሃገር ሽወደን ይመለስ።

ዋና ጸሓፊ፡ ብወገኑ ዚስዕብ ተወሳኺ ሓሳብ ናብ ኣስፈጻምቲ ኮሚቴ፤

> ሚስዮናዊት ኤዲት ካርስሆልም፣ ንዕረፍቲ ንሃገራ ክትምለስ ይግብኣ፡ ዚብል፡ ሓሳብ፡ የቕርብ፡

በዚ ምኽንያት እዚ፡ እቲ፤ "እንዳ ቀሺ ማርቆስ ኣብ ጥሮታ ይእተዉ"፡ ተባሂሉ፡ ዚጸንሐ፡ ዕንቅፋት ዚረኸበ ይመስል። - ሰለስተ ሚስዮናውያን ብሓደ ጊዜ ስፍራ ሚስዮን ገዲፎም፡ እሞ፡ ብዘይ ተካኢ፡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ፡ ከቢድ እዩ። - ጥዕና እተን ዝተርፋ፡ ማለት፣ እመቤት ኣጉስታ ሀንሪክሶን እንተ ኾነ'ውን፡ ዘሐጒስ ኣይነበረን።

እንዳ ሚ. ኒስትሮም ብወገኖም፡ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣዲስ ኣበባ ክበጽሑ፡ ኣብ ምድላው ይርከቡ። ድሕሪ፤ "ናይ ጥን ቃቕ መጽናዕቲ"፡ ኣስፈጻምቲ ኮሚተ፤

> ብምኽንያት ምድፋእ ዕድመ (ንሕማም ቀሺ ማርቆስ ዚፈለጥዎ ወይ እተረድእዎ ኣይመስልን)፣ ናብ ስፍራ ሚስዮን እንደገና ክምለሱ እዮም፡ ዚብል፡ ሓሳብ ስለ ዘየብልና፡ ሚስዮናዊት ኤዲት ኮርስሆልም ዘድሊ ዕረፍቲ ወሲዳ ክሳዕ ናብ ሰፈራ

> እትምለስ፡ ንጊዜኡ፡ ኣብ ዘለውዎ ኪጸንሑ፡ ድሌት መራሕቲ እዩ፡ ዚብል፡ ውሳነ ኣመሓላለፉ።

ብድሕሪ'ዚ፣ ኣስፈጻምቲ ኮሚተ፣ ንዋና ጸሓፊ፤ "ንቲ ክት ወስዶ እትደልዮ ስጉምቲ፡ ምስ ቀሺ ተሰማምዓሉ"፡ ኢሉ፡ ስልጣን ሃቦ። ከምቲ ተጻሒፉ እንረኸቦ ኸኣ፡ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ካብ ፍቓድ ኣስፈጻምቲ ሽማግሌታት ክወጽእ ኣይደለየን። ነቲ እተዋህቦ ሓደራ፡ ከምቲ ተጻሒፉ እንረኸቦ፤ "ከይተሓጐሰ"፡ ተቐበሎ። ዋና ጸሓፊ፡ እንዳ ቀሺ ማርቆስ፡ ዕረፍቲ ከም ዘድለዮም ተረዲኡ፡ ብጾቶም እንተኾኑ'ውን፤ "ድኻም (ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን) ኣይከሓዱን"።

ምንም እኳ ንዋና ጸሓፊ፡ ንቀሺ ማርቆስ፤ "ንጊዜኡ ኣብ ዘሎኻዮ ጽናሕ በሎ"፡ እንተ ተባህሎ፡ ብወገኑ ነቲ፣ ጉዳይ ጥሮታ፡ ቅኑዕ መፍትሒ ክረኽበሉ ይጽዕር ከም ዚነበረ፡ ንርዳእ። ማለት፣ እቲ ጥንቁቕ ስጉምቲ ንምውሳድ፡ እተፈላለየ ምኽንያት ኣሎዎ። ሓደ፡ ቀሺ ማርቆስ ብድኻም፡ ከምኡ'ውን፣ ጥዕና ብምስኣን፡ ድሌት ዕረፍቲ ነበሮም። ክልተ፣ ኣብቲ ጊዜ እርጋኖም፣ ናይ ዘይምስም ማዕ ነገር ክልዓል ከሎ፡ ንሚስዮን ጽቡቕ ስም ዝህብ ኣይ ኰነን። ሰልሰተ፣ ጐይታና ኒስትሮም ብወገኑ፡ ጽቡቕ ኣፍ ልጦ ጠባይ ቀሺ ማርቆስ ስለ ዚጸንሖ፣ ንኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ብዛዕባ ጠባይ ቀሺ ማርቆስ ኣጠንቂቑ ጸኒሑ ነበረ፡

ከምቲ ዚተንከፍናዮ፣ ዋና ጸሓፊ፡ ካብ ኣስፈጻምቲ ኮሚተ ብዛዕባ ጥሮታ ምእታውን ዕረፍቲ ካልኦትን ምስ ኦም ንኽማኽርሉ፡ ሓላፍነት ከም እተዋህቦም፡ ኣልዒልና። ብኸመይ መገዲ ወይ ኣገባብ ነቲ ሕቶ ምስ ቀሺ ማርቆስ ኣብ ምርድዳእ ከም ዝበጽሑ፡ ምናልባሽ፣ ንባዕሉ እቲ ካብ



ኢድ ቀሺ ማርቆስ እንረኸቦ መልእኽቲ፡ መልሲ ክኾነና ይኽእል።

ኣብቲ ኣብ መጀመርታ 1922 ዚጸሓፍዎ መልእኽቲታት፡ ነተን ብ24ን 30ን ታሕሳስ 1921፣ ካብ ዋና ጽሓፊ ሚስዮን እተቐበልወን መልእኽቲታት፤ *"ድቃስ ዝሸልኣን ዘንበዓን"*፡ ኢሎም፡ ይጽውዕወን። ስለምንታይ ከምኡ ኣበሎም፧ ዋና ጽሓፊ እንታይ ጸሓፈ፧ እተጻሕፈ ክንፈልጥ፡ ነተን መልእኽቲታት ደሊና ክንረኽበን እኳ እንተ ዘይከኣልና፡ ቀሺ ማርቆስ ባዕሎም፡ ነቲ፣ እተን መልእኽቲታት ዚፈጠርኦ ቅልውላው፡ ብጽሑፍ ይገልጹልና፤

> ድማ፣ ድቃስ ካባና ተባሪሩ ሓደረ። ልብታትና ክሳዕ ዚነብዓ ኰና። ደጋጊምና ድማ፣ "ዎ ጐይታና! እዝስ ስለ ምንታይ፧" ብምባል፡ ካብ ምሕታት ኣይዓረፍናን። "ስለ ስምካን ክብርኻን ኢልካ ንኣገልጋሊኻ ረድኤትካ ሃብ"፡ ኢልና፡ ድማ፡ ካብ ምህለላ ልቢ ኣይዓረፍናን።

-ቀሺ ማርቆስ ኣብ ጥሮታ ምእታዎም ኣይተረፎምን፡ ግን፣ ዕንቅፋት፡ ዚመልኦ ነዊሕ ጕዕዞ ነበረ።

## ቀሺ ማርቆስ ምስ ብዓልቲ ቤቶም፡ ናብ ሃገር ሽወደን ይምለሱ

ናይ የካቲት 1922 ኣኼባ መራሕቲ ሚስዮን (ሚሽን ቦርድ)፤ "ኣብቲ ዚመጽእ ጽድያ፡ እንዳ ቀሺ ማርቆስ ጥሮታ ክኣትዉ"፡ ብድሕሪኡ ናብ ሃገር ሽወደን ክምለሱ፡ ኣፍቀደሎም። እቲ ዝውሃቦም ጥሮታ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ እተወሰነ፡ ኣብ ዓመት፤ "1,200 ክሩና (ገንዘብ ሽወደን)

ኪኸውን፡ እሞ፣ ካብ 1 ጥቅምቲ 1922 ክወሃብ፡ ኣብ ርእ ሲኡ፣ ብምዕዶ ኣቦ መንበር፡ ናይ ዝያዳ ሰዓታት ንሓደ ዓመት ወሰኽ ክወሃቦም"፡ ተወሰነ።

ቀሺ ማርቀስን እመቤት ረጊናን፡ ናብ ሃገር ሽወደን ምስ ተመልሱ ዚጸሓፍዋ ቀዳመይቲ መልእኽቲ፣ 10.7. 1922 "ስፍራ ባቡር ከተማ ሸፒንግ ትብል (ናይ ከባቢኦም ንእሽቶ ከተማ፡ ኣብ መንጎ ከተማታት፣ ቬስተርኦስን ኣረብሩን፡ ትርከብ)። ተሓዚት ብርዒ፡ እመቤት ረጊና ነበራ፡ ዚስዕብ ከኣ ጸሓፉ፤

> ጽቡቕ ሓሳብ ስለ ዚሓሰብክሙልና፡ ኣምላኽ ባዕሉ ይኽሓስኩም። ከም እትርእይዎ፣ ኳዜን ገዲፍና፡ ንዓድና ክንምለስ ዕድል ብምርካብና፣ ንኣመሓደ ርቲ ሚስዮን፡ ብልቢ ነመስግን። ኣብ ስፍራ ሚስ ዮን ንብዙሕ ዓመታት ብምጽናሕና፣ ሓይሊ ሓቂ ደኺሙ፡ ጥዕናና ድማ ተጓዲሉ'ዩ። ንዝነበረና ስራሕ ብግቡእ ክንፍጽሞ ካብ ዘይክኣልና፡ ካብ ኣብ ዚነበርናዮ ምጽናሕ፡ ስራሕና እነተ ገዲፍና፡ ይሓይሽ...።

ከምቲ ሃንቀው ኪብልዎ ዚጸንሑ፡ ኣብቲ ኣብ ስቶኮልም ዚውዕል ዓመታዊ ሲኖዶስ ወይ ዓመታዊ ኣኼባ ቤሽ፡ ተረ ኺቦም ክካፈሉ፡ ተስፋ ጸንሖም። ግንከ፡ ኣብቲ ዓመታዊ ኣኼባ ከርክቡ ኣይከኣሉን። ጊዜ መገሽኦም፡ ኣብ፣ ምጽባይ መርከብ፡ ኣብ መገድዲ፡ ሓለፈ። እመቤት ረጊና ነቲ ዚወሰ ድዎ ጉዕዞ ይገልጻ፤



> ጕዕዞና 35 መዓልቲታት ወሲዱልና...እተን 3 ቀዳሞት ሰሙናት መርከብ ክንጽበ ኣብ ኣስመራ ኣሕሊፍናዬን /.../ ኣነ ንገዛእ ርእሰይ፣ እምበርዶ ዓድና ብሓቂ ክንበጽሕ ኢና፧ ኢለ፡ ደጋጊመ ዚሓ ተትከሉ ጊዜ ብዙሕ ኢዩ።

ኣብቲ ካልኣይ መልእኽቶም፡ ማለት፣ 12 ሓምለ 1922 ዓ. ም.ፈ፣ "እንቋዕ ብድሓን ኣቶኹም!"፡ ዚብል፡ ሰላምታ፡ ካብ ኣክሰል ቤ. ምስ በጽሖም። እመቤት ረጊና ብወገነን፣ኣብቲ ኣብ ስቶኮልም እተኻየደ ኣኼባ ኪርከቡ ብዘይምኽኣሎም፡ እናሓዘና፡ ምስጋና ክልቲኦም ኣቕረባ።

ንሃገር ሽወደን ምምላስ ዕንቅፋት ኔሩዎ፡ ኢልና። ኣብ ዚስዕብ መልእኽቶም፣ ነቲ ንጕዕዝኦም ዕንቅፋት ዚፈጠ ረሉ ምኽንያት፣ መጻኢ ዀነታት እቲ ክገድፍዎ ዚነበሮም መደበር ሚስዮን ከም ዚነበረ እሞ፡ ብዛዕብኡ ኸኣ፣ እተፈ ላለዩ ሓሳባት ተላዕለ፡ ቀሺ ማርቆስ ብወገኖም ንኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፣ ወ.ሽ.ሚ. ነቲ ስፍራ ትደልዮ ከም ዚነበረት፡ የዘኻ ኽሩ።

> ኣነን ረጊናን፣ ስራሕ ሚስዮን፡ ብሓደ ኤውሮጳዊ ክቕጽል፡ መዲብናዮን ክንጽዕረሉን ጸኒሕና። ክኽ ውን ዘይክእል እንተ ኾይኑ ግን፡ እቲ፣ መደበር ሚስዮን ተሰሪሕዎ ዘሎ መሬት፡ ናይ ክልተ ስድራ ቤት (ኣሕዋቶም፣ ዮሃንስን ያእቆብን) ስለ ዚኾኑ፡ ገንዘብ ከፊሎም፡ ነቲ ገዛውቲ፣ ኣብ ኢዶ ም ከእትዉዎ፡ ቀዳማይ ዕድል ኪወሃቦም። ኒስት ሮም ንኻልኦት ከየካርዮ ኸኣ (ከሎ) ብቕልጡፍ ክትትክልክሎ እልምንካ ኣሎኹ።

መደበር ሚስዮን ኳዜን ብገንዘብ ሚስዮን ተሰርሐ። ሕጂ ግን፡ እቲ ብመሪሕነቶም እተሃንጸ፣ ክሽየጥ፡ ንደቀቦይ ግር ማይ ቀዳምነት ተዋህበ። ኣብ መወዳእታ፡ ከምቲ መልእ ኽቲ እመቤት ረጊና ዚሕብሮ፣ ደቀቦይ ግርማይ ክሻየጥዎ ተቐዳምነት ከም እተዋህቦም፣ ዚጀመርዎ ስራሕ ሚስዮን ድማ ይቐጽል ክትገድፎ ከም ዚሓሰበት፣ ሰሚዐን፣ ሓሳ በንን ሕጉሰንን ይገልጻ፤

> ሚስዮን ነቲ ስራሕ ትቕጽሎ እንተ ኾይና፡ እተ ጀመረ ስራሕ፣ ብእመቤት ኣና ሆልምበሪ ክትካእ እንተ ተኻኢሉ፡ እቲ ህንጻታት መካረናዮ፥ ነቲ ዚገደፍንዮ ስራሕ እንተ ትቕጽሎን፡ ብሕልፊ እቶም ኣብ ዕድመ ትምህርቲ ዚበጽሑ ደቂ ዓዲ፡ ብዙሓት ስለ ዝኾኑ፣ ክትኣልዮምን ከላ፡ ብዙሕ ምተሓጐስና።



# ዓስራይ ምዕራፍ

## ሃገር ሽወደን፡ ሕማም፡ መወዳእታ ዕረፍቲ

ምዕራፍ ኳዜን በቲ ሚስዮን ዘቕረበቶ ዓመታዊ ጸብጻብ ስራሕ፡ ከም መዕጸዊ ነቕርቦ። ዓመታዊ ጸብጻብ ይብል፤

> ኣብ ማእከል ዓመት 1922፡ ቀሺ ማርቆስ ግርማይ ምስ ብዓልቲ ቤቱ፡ ረጊና ግርማይ፡ ስፍራ ሚስዮን ገዲፎም፡ ጊዜ እርጋኖም ኣብ ሃገር ሽወደን ከሕ ልፉ፡ ኣብ ማእከልና ኣሎዉ /…/።

መዝገብ ቤት ክርስትያን ከም ዘመልክቶ፡ ካብ ኤርትራ ምስ ተመልሱ፡ ኣብ፣ ኑርሻ እትብሃል ንእሽቶ ዓዲ፡ ትሕቲ ምምሕዳር ቤት ክርስትያን ሙንክቶርፕ፡ ጎረቤት ከተማ ሸፒንግ፡ ዞባ ቬስትማንላንድ፡ ምምሕዳር ጳጳስ ቬስተሮስ፡ ተቐመጡ። -መም ብርጊታ፡ ጓል ሓብተን ንእመ. ረጊና፡

ክትጽሕፍ ከላ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ገዛ ሰሪሖም፡ ኣብቲ ሓዲሽ ኣድራሽኦም፣ ፍራምነስ ቁ 3፡ ክቕመጡ ጀመሩ። ኣብ ፍራምነስ፡ ኑርሻ ዘቐመጦም ምኽንያት፣ ኣሕዋት እመቤት ረጊና፣ ኣናን ሁልዳን (ኣደ መም ብርጊታ)

መምስ ስድርኤን፡ ኣብዚ ይኾመጣ ስለ ዚነበራ እሞ፡ ዚተረፈ ዕድመ ጥሮታኦም ኣብ ጥቓ ኣሕዋተን ከሕልፍዎ ከም ዚመደቡ፡ ትሕብር። -ኑርሻ ኣብዚ እዋን'ዚ ፍልጥቲ ኣይኰነትን። እቲ መሬት ምስቲ ዚጸንሐ ህንጻታት፣ ብመደብ ከተማ ሸፒንግ ፈሪሱ፡ ኣብ ክንድኡ፡ መደበር ስራሕ ("ኢንዱስትሪ") ኴይኑ፡ ምስ ከተማ ሸፒንግ ኸኣ ተሓዊሱ ንረኽቦ



*ኣብ ማእከል ካብ ኮፍ ዚበሉ፣ ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊና ግርማይን፡ ብድሕሪኦም፡ ሳልሳይ መስርሕ ሳልሳይ ካብ የማን፣ ኣክሰል ቤ.ሸቨንሶን፡ ይራኤ።*

-ኣመሓደርቲ ሚስዮን፡ ቀሺ ማርቆስን እመቤት ረጊናን ናብ ሃገር ሽወደን ምምላሶም ሰሚዖም፡ ንሰብኣይን ሰበይትን፡ ኣብቲ ሓዲሽ ናብርኦም፤ "ዕረፍትን ህዱእ ጊዜ እርጋንን" ይምነዩሎም፡ በቲ ናብ ሃገር ሽወደን ብሃንደበት



ምምላሶም ግን እተሓጎሱ ኣይመስሉን። ዋና ጸሓፊ ሚስዮን ቃል ሰላምታኡን ብጾቱን ወሲኹ የቕርብ፤

> ማሕበር ልኡኻትና እናበዝሐ ክኸዱ እምበር፣ ክውሕዱ፡ ኣይንደልን።

እቲ ዘሐዝን፡ ቀሺ ማርቆስ እተጸበይዎ ጊዜ ጥሮታ፡ ነዊሕ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ምድራዊ ህይወቶም እተሳእልዋ ስእሊ፣ ብሕማም ከብዲ -መንሸሮ-፡ ሕማም ሽኮር፣ ስጋ ነፍሶም ተወዲኡ፡ ከም፣ ዚዛዋወር ሬሳ ወይ ኣስከሬን መሲሎም ከሎዉ፡ ተርኢ። እቲ ስእሎም ዚርኣየ ሰብ ኸኣ ንምልላዮም ኣሸገሮ፡ ካብ ምስምባድ እተላዕለ ኸኣ፡ እዚኦምሲ፣ ቀሺ ማርቆስ፡ ኣይኰኑን፡ ክሳዕ ኣብ ምባል፡ በጽሐ።

ናይ መወዳእታ ዕለቶም ኣተወ። እመቤት ረጊና ነዕሩኽቶም፣ ብ17 ሚያዝያ 1924 (ናብ ሃገር ሽወደን ምስ ተመልሱ፡ ድሕሪ፣ 1 ዓመትን 6 ወርሕን 10 ዓመትን)፡ ሰብኣይን ሰበይትን መኪና ኣልዒሎም፣ ጸሎት ቅዱስ ቁርባን፡ ክካፈሉ፡ ናብ ቤት ክርስትያን ከም ዚኸዱ፡ ይጽሕፉ (ርሕቀት ቤት ክርስትያን፡ ካብ ገዛኦም፣ 4-5 ኪ.ሜ. ይኸውን)። ብድሕሪ እዚ፣ ሰሙንን ፈረቓን ጸኒሐን ከኣ፤

> ፍቑር ብዓል ቤተይ፡ ሓሙስ 24 ሚያዝያ 1924፡ ሰዓት 9 ቅ.ቀ.፡ ናብ ዘለኣለማዊ ቤቱ ተሰናቢቱ፡ ዚብል፡ መርድእ፡ ናብ መራሕቲ ሚስዮን ለኣኻ።

29 ሚያዝያ 1924፡ ኣብቲ ቤት ክርስትያን ስድርኤን፡ የትሉንዳ ቤት ክርስትያን፡ ዞቦ ኣረብሩ፡ ስርዓት ቀብሪ፡

ብቀሺ ኣ. ብዮርክሉንድ፡ ተፈጸመ፡ ኣብቲ መዓልቲ እቲ እውን ሓመደ ኣዳም ለበሱ።

ኣብ ደብተር ቤት ክርስትያን ተመዝጊቡ ከም እንረኽቦ፡ ኣብ ክንዲ፣ ቀሺ ማርቆስ ግርማይ፣ ፓስቶር ማርቆስ ግርማይ፡ ዝብል፡ ቃለ መዓርግ እዩ። ቅኑዕ እዩ። በቲ ቋንቋና ወይ ባህሊ ቤት ክርስትያንና፣ ቀሺ፡ እኳ እንተ ተባህሉ፡ እቲ ናይ ክህነት መዓርጎም፡ ኣብ ቤት ክርስትያን ሸወደን፣ ቅዱስ ምስጢራት፡ ማለት፣ ከጠምቑ፡ ቅዱስ ቁርባን ክሰርዑ፡ ዘኽእሎም መዓርግ ኣይነበረን። ሸወደናውያን ቤተ ሰቦም ከም ዘመልክትዎ'ውን፣ ከም ምሉእ ቀሺ ሸወደን ብዘይ ምንባሮም እሞ ኣብ ቤት ክርስትያን ሸወደን ከገልግሉ ብዘይምኽኣሎም፡ ጓሂ ይስምዖም ከም ዚነበረ፡ ይሕብሩ። ከምቲ ኣቐዲምና እተመልከትናዮ፡ መደብ ክህነቶም፣ ኣብ መሬት ሚስዮን፡ ንምስራሕ ወይ ምግልጋል እኳ እንተ ነበረ፡ ከምቲ ካህናት ሸወደን ዚወስድዎ ትምህርቲ፡ ምሉእ፡ ኣይነበረን። እቲ መዝገብ ቤት ክርስትያን፣ መጸውዒ መዓርግ፡ ምስ ጸሓፈ ሸዑ፡ ዚዓረፉሉ ዓዲ፡ ዚቕመጥዎ ማሕበር፡ መንነትን ዕድመን፡ እቲ፡ ናብ፣ ሞት ዘብጽሖም ሕማም ከይተረፈ የመዝግብ፡ ካብቲ እተመዝገበ ዚስዕብ ነቕርብ፤

> ”መንነቱ ጣልያን፡ ካብ ኑርሻ ማሕበር ሙንክቶርፕ፡ ኣብ መበል 64 ዓመትን 10 ወርሕን 25 መዓልትን ዓሪፉ”።



ኣብታ ሓመድ ኣዳም ዚለበሱላ መዓልቲ፡ እቲ ናይ ከተማ ኣረብሩ ዕለታዊ ጋዜጣ፣ ነርከስ ኣለሃንዳ፡ እተባህለ፡ ሓጺር ዛንታ ህይወት ቀሺ ማርቆስ የቕርብ፤

> ስም ቀሺ ማርቆስ ግርማይ ኣብ መንጎ ሰዓብቲ ወንጌላዊት ሚስዮን ሸወደን ንብዙሕ ዓመታት ተፈሊጡ ጸንሐ። በቲ ጊዜ እቲ፡ ካብታ ብሕውቲ ዚኾነት መንግስቲ ሓበሻ ትምህርቲ ክህነት ክመሃር ናብ ሃገርና መጸ፡ ተማሂሩ ምስ ወድኤ፡ ናብ ስራሕ ሚስዮን ሸወደን፡ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ከገልግል ተላእከ። ነዚ ክትሓስበሉ ከሎኻ፣ ብሓቂ ዘደንቕ ሓዲሽ ነገር እዩ። ንቛንቋ ሸወደን ብስርዓት ተማህሮ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና እናተዘዋወረ'ውን ብዙሓት ማሕበራት በጽሐ፡ ብዛዕባ ሃገሩን ስራሕ ወንጌልን ፍልጠት'ውን ዘርግሐ። ብዛዕባ እቶም ኣብዚ ኰነ ኣብ ሃገሩ እተላለዮም ሰባት፡ ዘደንቕ ዚኾነ ናይ ተውህቦ ፍልጠትን ምዝካር ስም ሰብን ቦታን ዘሕደረ ነበረ።

ንቀሺ ማርቆስ ሓመድ ኣዳም ዘልበሰ ቀሺ፡ ብወገኑ፡ ካብ፣ ራእይ ዮሃንስ ምዕ.7.17 ተበጊሱ፡ ሰበኸን ምስክሩ ሃበን፤

> ብጥርኑፍ ሓሳብ፡ ብብዙሕ ሕብርታት፡ ዓሚቍ ፍልጠትን፣ ናብራ ህዝቡን ሃገሩን፡ ከምኡ ድማ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዚፈጸሞ መገሻታት ኣዘንተወልናን ካብ ፍልጠቱን ስምዒቱን ኣካፈለናን። ብሓቂ ወሰን ዘየብሉ ልቦናን፡ ንቑሕ፡ ምዉቕ ፍርሓት ኣምላኽ ዚነበሮ ወዲ ምብራቕ ኣፍሪቃ

ነበረ። በቲ ካልኣይ ወገን ድማ፣ ልቡ፡ ኣብ ሃገር ሽወደን ከም ዚነበረት፡ ትርዳእ።

ራእዪ ዮሃንስ ጠቒሱ፤

> ”ኣምላኽ'ውን ካብ ኣዒንቶም ንብዓት ዘበለ ኺደር ዘሎም እዩ፡ እሞ፡ ደጊምሲ ኣይኪጠምዩን ኣይኪጸምኡን እዮም፡ ጸሓይን ሃሩርን ድማ ከቶ ኣይኪረኽቦምን እዩ፡ በለኒ”፡ 7.17።

መራሒኦምን ብጻዮምን፡ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ብወገኑ፡ ዚስዕብ ጸሓፈ፤

> መገዲ እግዚኣብሄር ዘደንቕ እዩ። ኣብታ ጥንታዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ መሬት ኩናማ፡ ካብ፣ ካልዩዋን ካልሶን፡ ጀሚርካ፡ ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ሽወደን፡ ኣብቲ መሬት'ቲ፡ ብዙሕ መቓብር ተኸፊቱ እዩ። ድሕሪ ሞት ጉስታቫ ፎንፕላተን ድማ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ (ስፍራ መቓብር እምንኩሉ) ብዙሓት እተቐብሩ ልኡኻት ሚስዮን ኣሎዉና።...ሎሚ ዕለት፣ 29 ሚያዝያ ኸኣ፡ ኣብ ማእከልና፡ ኣብ ቤት መቓብር የትሉንዳ፡ መቓብር ተኻዕተ። ኣብኣ ድማ እተን ዚደኸማ ኣእጋር ኢትዮጵያዊ፡ መዓልቲ ትንሳኤ ክጽበያ ዝዓርፋሉ ሰዓት ረኸባ።

ዛንታ ህይወት ምድራዊ ጉዕዞ ቀሺ ማርቆስ፣ ኣብ ኳዜን፡ ጻዕዳ ክርስትያን ተጀሚሩ፡ ኣብ ኑርሻ፡ ማሕበር ሙንክቶ-ርፕ፡ ሽወደን፡ ተፈጸመ። ንዛንትኡም ኸኣ፡ በቲ ካብ ኢዶም



ዚረኸብናዮ እሞ፡ ብብርዒ ጺሒፎም ዚገደፉልና፣ ቃለ ምስጋና፡ ይድምደም።

ቀሺ ማርቆስ፤

> እቲ ዛንታ ህይወተይ ዘንብብ ድሮ ተመልኪትዎ ከም ዘሎ፣ ምስ ህዝቢ ሽወደንን መሬቱን ንሓድሕዱ፡ ብውሽጣዊ ልባዊ ርክብ እተኣሳሰረ እዩ። ዘሎንን ዚበጻሕኩዎን ሳላ ህዝቡን ሃገሩን ረኺብኩዎ። ልባዊ ምስጋናይ ይብጽሓዮም። ዘቕርቦ ልባዊ ምንዮት እምበኣር፣ ኣምላኽ ንሃገር ሽወደን፡ ሽወደናውያን፡ ክባርኽ፡ እዩ። ብሓቂ፡ እግዚኣብሄር ነታ ኣብዚ ዘብጽሓትኒ፡ ሰብ ዚገበረትኒ ሚስዮን፡ ይባርኽ። እዚ ናይ ልበይ ጸሎተይ'ዩ (ዘይትሓትመ ጽሑፍ)።

## መደምደምታ

”ጥልመት ኣቦ፡ ዝኽትምና፡ ስደት”፡ ካብ ቍልዕነቶም ጀሚሩ፡ እግሪ እግሮም ሰዓበ። ክሳብ ሰራጺ ህይወት ቀሺ ማርቆስ ኰነ። ሕንቃቕ ወለዲ ከይጠዓሙ ኣብ ሓላፍነት ገዛ ኣተዉ። ነቲ ብሕልሚ ዕላማ ህይወቶም ዚሓሰብዎ፡ ኣብ መፈጸምትኡ ከብጽሑ ኢሎም፡ ክቃለስሉ ከሎዉ ረኺብናዮም፡ ሳላ ሓገዝ ኣምላኽን ሰባትን ድማ በጺሖሞ።

መገዶም፣ ጥውይዋይ፡ እኳ እንተ ነበረ፡ ካብቲ ዚነበሮም ዕላማ ከይወጹ፡ ከም፣ መምህር፡ ካህን፡ ደራሲ፡ ኣምላኾምን ህዝቦምን ኣገልጊሎም፡ በቲ ዚገደፋልና ጽቡቕ መርኣያ ኸኣ፣ ነቲ ሓደሽ ትውልዲ፡ ኣሰረ-ኣሰሮም ንምስዓብ ኣተባቢዑ። ቀሺ ማርቆስ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ኤርትራውያን፣ መገዲ ኤውሮጳ ዚሓበሩ፡ በዚ ከምዚ ኸኣ ድንግል መሬት ዚሓረሱ፡ እዮም። ስም ቀሺ ማርቆስ፣ ኣብ ሃገር ሽወደን እተፈልጠ፡ ምስ ዛንታ ሚስዮን ንዘለኣለም እተኣሳሰረ፡ ብደቂ እቲ ሃገር ወርትግ ብጽቡቕ ዚዝከርን ዚልዓልን እዩ።

ከምቲ ድሮ እተባህለ፡ መገዲ ህይወቶም ጥውይዋይ፡ ድኻም ዚሞልኦ ይንበር እምበር፣ መሰሎም፡ መሰል ደቂ ሃገሮም ክሕሎ፡ ምስ ሓልፍቶምን መንግስቲ ባዕድን ክከራኸሩ፡ ብጽሑፍን ቃልን ክማጎቱ ተራእዮም። ካብ ተመሃርና፣ ሕጅስ ናትና ታራ በጺሑ ኢዩ እሞ፣ ሓላፍነት ተሸኪምና፡ ነቲ ካልኦት ኪገብርዎ ዚጸንሑ፣ ንሕና ድማ ክንቅጽሎ፡ ግቡእና እዩ፡ ብዚብል ሕልና ተደሪኾም፡ ኣብ ግብሪ ክውዕልዎ ተቓለሱ። እቶም ኣቐዲምና፡ ነቲ፤ "ኪዱ፡ ንኹሉ ምሃሩ..." ዚብል፣ ትእዛዝ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዚሰማዕና፡ ነቲ ነባሪ ድምጺ መድሓኒና ንሕና'ውን ተኣዚዝና፡ ሓላፍነትና ተቐቢልና፣ ናብ ዘይፈልጥዎ ህዝብን ሃገርን፡ ክንሰበኮ፡ በሃሊ፡ ነበሩ።

እቲ የሱስ ነቶም ቀዳሞት ሰማዕቱ ዚሃቦ ትእዛዝ ወንጌል፣ ንዕኦም፡ ንብጸቶም፡ ከምኡ ድማ ነቲ ሓዲሽ ትውልዲ ዘመልክት ምዃኑ ተረዲኦም፣ ዶብ ሀገሮም ሰጊሮም፡ ብስራት ወንጌል ዚዝርግሑ ልኡኻት ክሰዱ፡ ደቂ ሃገሮም፡ ተምሃርኦም፡ ነቲ መዝነት እቲ ክውንዘፍዎ፡ ብተፈላለየ



መገዲ ክተባብዑን ምስ ጸዓዱ ክፋልጡን፡ ረኺብናዮም። ንልኡኻት ወንጌል፣ ሓልዮት ለኣኽቲ፡ ናይ ልቢ ጸሎትን ሓገዝ ገንዘብን፡ ናይ ሞራል ደገፍ ከም ዘድልዮም ተረዲኦም፣ ብግብርን ሓሳብን፡ ንሓለፍቲ ሚስዮን፡ ማሕበራት ሚስዮን፡ ቀጺሎም ከማዕቀኑ ከሎዉ፡ ረኺብናዮም።

ሳዕቤን ውግእ ተመልኪትናዮ። ሰላምታ፡ መልእኽቲታት፡ ርክብ፡ ዘተሓላልፍ ዚነበረ መገድታት ምስ ተዓጽወ፡ ድሃይ ምጥፋእ ኣስዓበ። "ጥቕሚ መልእኽቲ ብዙሕ እዩ"፡ ከም ዝብሃል፡ እቲ ኣብ መንጎ ለኣኽን ተለኣኽን ዚነበረ ርክብ፣ ብመልእኽቲ፡ ይፍጸም ከም ዚነበረ፡ ተገንዚብና። መልእኽቲ፣ ስምዒት ሓጐስ፡ ናይ ዘይምርድዳእ መንፈስ፡ ጓሂ፡ ሕርቃን፡ ሕምየት የመሓላልፍን የስዕብን። እቲ ብርሑቕ እትገብሮ፡ ከምቲ ዓይኒ ንዓይኒ እናተራኤኻ እትብሎን እትሰምዖን ኣይኮነን። ድቃስ ዚኸልእ፡ ቅሳነት ዚህብ መልእኽቲ ከም ዘሎ፡ ተኻፊልና።

ልክዕ ኢዩ፣ እቲ ኪሰርሕ ዚደሊ፡ ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ጥዕና፡ ምትብባዕ ከይተረፈ፡ የድልዮ፥ መብዛሕትኡ ጊዜ ድማ፡ ኣንባቢ ድሮ ተገንዚብዎ ከም ዘሎ፡ ከምቲ ቅዱስ ጽሑፍ ዚብሎ፡ ዘርኢ ሓረስታይ፣ ብንብዓት ተዘሪኡ፣ ብሓጐስ ይዕጸድ። ቀሺ ማርቆስ ምስ ብዓልቲ ቤቶም፡ እመቤት ረጊና፣ ኣብ ኳዜን 11 ዓመታት፡ እሞ፣ ንብዓት፡ እልልታ፡ ላዕልን ታሕትን ዚመልአ፡ ብርሃን፡ ጸልማት፡ ጸሓይ፡ ንፋስ፡ ቁሪ፡ ትኪ፡ ጸለሎ፡ ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ተስፋ ዝህብ፡ ተስፋ ዘቍርጽ መንፈስ እተሓዋወሶ እዋናት ኣሕለፉ።



*መምህራን፡ ቀሺ ገብረሃዋርያት፡ ቀሺ ኣብርሃ ምስ ኣጋይሽ ኣዲስ ኣበባ፣ ሚ. ጆንሶን፡ ምስ ብዓልቲ ቤቱ፣ ኤዲት፡ ልእኽቲ ኤር ትራነበር፡ ቆብዕ ዚሓዘ፡ መም.መሓሪ ያእቆብ፡ ብየማን ቀሺ ኣብርሃ ርእስቱን ሚ. ጆንሶንን፣ ኣቦይ ያእቆብ፡ ኳዜን ይበጽሕ።*

ሰብኣይን ሰበይትን፡ ነቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ከሕልፍዎ ሃንቀው ኪብልዎ ዚጸንሑ ዕረፍቲ እኳ እንተ በጽሕዎን ጀመርዎን፡ እቲ ናይ ሓባር ጊዜኦም ግን፣ ነዊሕ፡ ኣይነበረን። ዚጀመሩዎ ጽቡቕ ነገር፡ ስኣን ተካእቲ፡ ኣቋራጺ ኪዐይኑ'ውን ተራእዮም። ግዳስ፡ መንፈስ ኣምላኽ ከተስፋ ከሎ ኸኣ፣ "ቃል ኣምላኽ ሓንሳብ ምስ ተዘርአ፡ ተቐቢሩ፡ ኣይተርፍን ኢዩ"። ኣዒንቶም ነቲ ዝስዕብ ዘርኢ ከይረኣይኦ ካብዛ ምድሪ እዚኣ ይሕለፉ እምበር፡ እቲ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ካብ 1912 ክሳዕ 1922 ዚሰርሕሉን እተቐመጥሉን ናይ ኳዜን መደበር ሚስዮን፣ ብ1948 መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን፡ መቐመጢ መምህር ኮይኑ፡ ከም ከም ብሓዲሽ ስርሑ ጀሚሩ ኣብ ምቕጻል በጽሐ።



ኳዜን ሓንቲ ካብተን ኣብ ዛንታ ሚስዮን ዚስመያ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ እተኸፍተንን ዚዝረበለንን ቀዳሞት ዓዲታት ኤርትራ፣ ደቂ ጽንዓ፡ ዓዲ ንፋስ፡ ዓዲ ቈንጺ፡ ደቀ ምሓረ፡ ትሕሰብ። "ኣቦይ" ያእቆብ (*"መሃንዘል"*) ግርማይ (*"እንዳቦይ መሃንዘል"*[1])፡ መም ኣርኣያ ገብረ እግዚኣብሄር፡ እቶም ቀዳሞት መምህራን ኳዜን ከም ዚነበሩ ይዝከር።



*እመቤት ረጊና እተወልዳሉን ዚዓበያሉን ቤት። ኣቦኣን ኣንጠረኛ፡ ዚሰርሕሉ ንእሽቶ ህንጻ ኣብ ቅድሚ ህንጻ ቤቶም ነበሮም፡ ሰፈሮም ድማ ብነኣሽቱ ግራውቲ፡ ኣግራብ እተኸበ ነቲ ንናይ ኳዜን ዘዘክር'ዩ። ስእሊ፣ ቀሺ(ዶ/ር) ስሌን፡ የትሉንዳ።*

[1] ቀሺ ተኸስተ ዓርከ ያእቆብ፡ ኣስመራ፣ ኣቦይ ያእቆብ፡ ብደቂ ዓዲ በቲ ናይ ሳን ስሞም፡*መሃንዘል*፡ ከም ዚጽውዑ፡ ቤቶም ድማ ክሳዕ ኣብዚ ክጊዜ'ዚ፡ *እንዳቦይ መሃንዘል*፡ ተባሂሉ ከም ዚፍለጥ፡ የዘንቱ። ቃለ መወከስ፣ ኣስመራ 10-12-2013።



*2013፡ ካብ ጸጋም፣ ኣማኑኤል ወ.ሚካኤል (ወዲ ሽቃ)፡ በረኸት ቀለመወርቅ፡ ቀሺ ኣልኣዛር መንግስቱ፡ ዶ/ር ኢሳያስ ተኸለማርያም፡ ጐይትኦም ተድላ፡ ግርማይ መርሃጽየን፡ መዝገበ ደበሳይ፡ ኣብርሃ ኪዳነ፡ ኪዳነ ሃይለ (ሰኣሊ፣ ወ/ሮ ሊስበት ቡብርግ መንግስቱ)።*

# እመቤት ረጊና

እመቤት ረጊና፣ ሓቦ ዚመልአን ሰበይቲ ነበራ። ን34 ዓመት ኣብ ኤርትራ ኣገልገላ። ብዛዕባ እቲ ዚነበረን ፍሉይ ሓላፍነትን፡ ቀዳማይ ክፋል፣ *መሰረት ዛንታ ሉ. ቤ.ክ.ኤ. 1911-1932 ርኤ።* 19 ዓመት ድሕሪ ሞት በዓል ቤተን፡ ነዊሕ ጸሎትን ጽምዋን ዚመልኦ ምድራዊ ጉዕዝአን፡ ኣብ መበል 86 ዕድሚኤን፡ ብ1943 ዓ.ም. ፈ. ዓረፋ።



ኣብዚ ነዊሕ ዓመታት'ዚ፣ሃገር ኤርትራን ህዝቡን፡ ወርትግ ኣብ ጸሎተን እተዘከረ ከም ዚነበረ ይምስከረሉ።



እመቤት ረጊና ዓባይ ሓብቲ ሰለስተ ኣዋልድ እየን። እርጋንን ሕማምን ኣርከበን። ሁልዳ እተባህለት ንእሽቶ ሓብተን፡ ጎረቤተን፡ ሓላፍነት ወሲዳ፡ ናብ "ስፍራ ኣረገውቲ" ናይቲ እተወልዳሉን በዓል ቤተን እተቐብርሉን ማሕበር፡ ክልዓላ፡ ካብ ፍራምነስ ናብዚ ገዓዛ። ሚስዮን፣ ኣብ ጊዜ መወዳእታ ዕድሚኤን ዘርኣ የቶ ዓብዪ ሓልዮትን ሓላፍነትን፡ ካብቲ፡ ሓላፊ ሚስዮን፣ ኣክሰል ቤ. ስቬንሶን፡ ካብዛ ምድሪ ቅድሚ ምስንባተን፡ ብ6 የካቲት 1943፡ ምስ፣ ሁልዳ ሓብተን እተጸሓሓፎ፡ ብዙሕ ምሽቓል ዚመልኦ መልእኽቲ ንረክብ። ኣንባቢ ብወገኑ ንኽካፈሎ ኢልና ድማ ካብኡ ተርጒምና ነቕርብ፣

...ክብርቲ ሓብትና፡ ሚ. ረጊና፡ ኣብ ማእከልና ክተሕልፎ ተመዲቡላ ዚነበረ ምድረ ህይወት፡ ዚሓጸረ ይመስል። ብሓቂ ዝንኣድ ኣገልግሎት ኣርእያ፡ እተባረኸ ስራሕ ገዲፉ ድማ ትሳናበት ኣላ። ሓይሊ ረኺባ ኣብ ማእከልና ክትርከበልና ገና ተስፋ ኣይቆረጽናን። ሓይላ ክምለስ፡ ጥዕና ክትረክብ፡ መዓልታዊ ጸሎት ፈተውቲ ሚስዮን እዩ።

....ነቲ እታ ብክርስቶስ ሓብትና ዚኾነት፡ ንሕክምና እተውጽኦ ገንዘብ ኾሉ፡ ማሕበር ሚስዮን ክትዓሞ ድልውቲ ከም ዚኾነት ነፍልጥ። ቀንዲ

ሚንዮትና፣ ፍቓድ ኣምላኽ ኰይኑ፡ ሓውያ፡ ሓይላ ክምለስ ከሎ እዩ። .... ኣብ ጊዜ እርጋና ብዛዕባ ገንዘብ ከይትሻቐል መራሕቲ ሚስዮን ገንዘብ ጥሮቶኣ ከመሓይሹላ ቅሩባት እዮም.....።

ብዕድመ ዝደፍአት ሓብትና፡ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ብዛዕባ ገንዘብ ዚመጽ ኮነ ምድራዊ ምሽቓል፡ ከነ ድሕና ድሉዋት ኢና። ... ክብርቲ ወ/ሮ ሂልዲ ንግ (ሕሳስ ልደ ሓብቲ እመቤት) ዘድሊ ኣፍልጦ ክትህብኒ እደሊ። ሕቶይ እምበኣር፣ ሓብትና ረጊና ንሕክምና ክንደይ ገንዘብ ከም እተውጽእ ወይ ከም ዘድልያ፡ ንሓኪም፡ መድሃኒት፡ ንሕክ ምና፡ እተወጽአ ኹሉ፡ ኣፋፋኖት ክትህብና፡ ሚስዮን ክትከፍሎ ክፍቀደላ እንተ'ኾይኑ ኸኣ... ክትገልጽና.. ብስም መን ከም እንልእኾ፡ ክትሕ ብርና፡ ብስም ሚስዮን፡ ብትሕትና እሓትት።

ነቲ ኣብ ልዕሊ ፍቅርቲ ሓብትና ዘርኣኽዮ ሓልዮትን ሓላፍነትን ምስጋና ሚስዮን ይብጻሕኪ፡ :..... ሓብትና፡ ኣብ እርጋና ዝበልጸ ሕክምና፡ ክንክን ክትረክብ፡ ድልዮትናን ጸሎትና'ዩ። ናብ ዚበለጸ ቤት ሕክምና ክትግዕዝ ትኽእል እንተ'ኾና ኸኣ፡ ዚበለጸ። ንዘድልያ ሚስዮን ክትክፍል ድልውቲ ከም ዚ'ኾነት፡ እንደገና አረጋግጸልኪ ኣሎ'ኹ።

...ንብክርስቶስ ሓብተይ፡ ሓጺር መልእኽቲ እሰደላ ኣሎ'ኹ.....።

ምስ ምስጋናን ክብርን..
ኣክሰል ቤ.ስቬንሶን

# ቀሺ ማርቆስ ግርማይ

ቀሺ ማርቆስ ምስ በዓልቲ ቤቶም፡ ሚስዮናዊት መም ረጊና፡
ብ1912 መደበር ሚስዮን ዚኾኖም ኣብ ዓዱም፣ ኳዜን፡ መስሪ
ቶም፡ ካብዚ እናተዋፈሩ ን11 ምሉእ ዓመታት፣ መንፈሳዊ
ኣገልግሎት፡ ወፈዩ። ናብ ሃገር ሽወደን ዝምለስሉ ዕለት በጽሐ።
ዚተኸልዎ ስራሕ ትምህርቲ፡ ብ1948 መዓልታዊ ቤት ትምህ
ርቲ ኮይኑ፡ ኣገልግለቱ ክህብ፡ ከም ብሓዲሽ ተኸፍተ።

ቀሺ ኣልኣዛር መንግስቱ፡ ኣብቲ ቀሺ ማርቆስ ርእሶም ንኸጸ
ግዕሉ ዚሰርሕዎ ህንጻ እናተቐመጡ፡ ብሓዎም፡ ኣቦይ ያእቆብ
ግርማይ፡ ፊደል ሀ ሁ...ቈጸሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ
ሃገር ሽወደን ከይተረፈ፡ ብብዙሕ ነገራት፡ ብኸግለጽ ዘይክኣል
መገዲ፡ ዚረገጽዎ መሬት ረገጹን ሰዓቡን።

ቀሺ ማርቆስ፡ ብብዙሕ ነገር፡ ድንግል መሬት ሃገሮም ጸጊ
ኦም፡ ሓሪሶም፤ "ጽቡቕ ዘርኢ"፡ ዘርኡ። ትምኒትና እምበኣር፣




*እምኒ መቓብር ስድራ ቤት፡ ኣብ የትሉንዳ*
*ፓስቶር ማርቆስ ግርማይ፡ ኣበሲንየን (ኢትዮጵያ)*
*ራእ.ዮሃንስ 7፡15-17።*

እቲ ጽቡቕ ስሞምን ግብሮ
ምን፡ ከም፣ ኣገልጋሊ ኣምላ
ኽን ህዝብን ክዝከሩ፥ መሰሎ
ም፡ መሰል ህዝቦም ክሕሎ፡
ምዕርነት ክርከብ፡ ምስ መን
ግስቲ ባዕድን መሳርሕትን
ከይተረፈ፡ እሞ፣ ደኺመ'የ፡
ከይበሉ፡ ዘርኣይዎ ጻዕሪ፡ ንእ
ንበብቲ፡ ዓብዩ ትምህርቲ'ዩ፡
ኢልና፡ ንኣምን።

IBEX African Books & Sounds